ካብ

# ምልኪ

ናብ

# ዲሞክራሲ

*እምረታዊ መቓን ንሓርነት*

## ጅን ሻርፕ

ትርጉም ብዳንኤል ረዘነ

### ተቕዋም ኣልበርት ኣይንስተይን

# ተልእኾ ተቐዋም ኣልበርት ኣይንስተይን

ናይ ተቐዋም ኣልበርት ኣይንስተይን ተልእኾ፡ ምምዕባል ዓለምለኻዊ መጽናዕትን ኣጠቓቕማን ዘይጎነጻዊ ተግባር ኣብ ግርጭት እዩ።

መብጽዓታት ናይ'ዚ ትካል እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ዲሞክራስያውያን ሓርነታትን ትካላትን ምሕብሓብ፣
- ጭቆና፣ ምልክን ጀምላዊ ህልቂትን ምቅዋም፣ ከምኡ 'ውን
- ንጎነጽ ከም መተግበሪ ፖሊሲ ናይ ምጥቃም ዝንባለ ምቕናስ።

እቲ ተልእኾ ብሰለስተ ኣገባባት ይትግበር፤ ንሳቶም ድማ፡-

- ብዛዕባ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ተግባርን ኣብ ዝተፈላለየ ግርጭታት ዝነበሮ ኣጠቓቕማን፡ ምርምርን ናይ ፖሊሲ መጽናዕትን ምትብባዕ፣
- ናይቲ ዝካየድ ምርምራት ውጽኢት፡ ብሕትመት፣ ዋዕላታትን መራኸቢ ብዙሃንን ናብ ህዝቢ ከም ዝዝርጋሕ ምግባር፣ ከምኡ 'ውን
- ኣብ ግርጭት ምስ ዝርከቡ ጉጅለታት ብዛዕባ ስትራተጅያዊ ተኽእሎታት ዘይጎነጻዊ ተግባር ምምኻር እዮም።

# ካብ ምልኪ
# ናብ ዲሞክራሲ

## እምረታዊ መቓን ንሓርነት

ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶ ንህዝባዊ መዓላ ተባሂሉ እተዳለወ እዩ። ብዘይ ፍቓድ ጅን ሻርፕ ክባዛሕ ይኽእል። ምንጪ ሓበሬታ ምጥቃስ ንኡድ'ዩ።

ቀዳማይ ሕታም፡ ግንቦት 2002
ካልኣይ ሕታም፡ ሰነ 2003

*ካብ ምልኪ ናብ ዲሞክራሲ መጀመርያ ኣብ 1993፡ ኣብ ባንኮክ፡ ብኮሚተ ንዕቃበ ዲሞክራሲ ኣብ በርማን ብምትሕብባር ኪት ፕያንግን (ዘ ኒው ኢራ ጆርናል) እዩ ተሓቲሙ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ብውሑዱ ናብ ሸሞንተ ካልኦት ቋንቋታት ተተርጒሙ፤ ካልእ ከይጸብጸብካ ድማ፡ ኣብ ሰርብያ፣ ኢንዶነዥያን ታይላንድን ተሓቲሙ። እዚ ሕታም'ዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እተሓትመ ካልኣይ ሕታም እዩ።*

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሓትመ።
ኣብ ዳግም እተመስረሐ ወረቐት እተሓትመ።

The Albert Einstein Institution
427 Newbury Street
Boston, MA 02115-1801, USA
Tel: USA + 617-247-4882
Fax: USA + 617-247-4035
E-mail: Einstein@igc.org
Website: www.aeinstein.org

ISBN 1-880813-09-2

## ትሕዝቶ


**መእተዊ** v

**ሓደ** 1

**ንምልኪ ብኽውንነታዊ መገዲ ምግጣም** 1

ዘይተወደአ ጸገም 1

ሓርነት ብጎነጽ፧ 3

ዕልዋ መንግስቲ፡ ምርጫ፡ ሓገዝ ሓይልታት ወጻኢ፧ 3

ንመሪር ሓቂ ምግጣም 5

**ክልተ** 6

**ሓደጋታት ዝርርብ (ዘተ)** 6

ብልጫታትን ሕጽረታትን ዝርርብ 6

ብስም ዝርርብ ስዩም ምባል፧ 7

ሓይልን ፍትሕን ኣብ ዝርርብ 7

“ዝቃደዉ'ኻ” መለኽቲ 8

እንታይ ዓይነት ሰላም፧ 9

ስለምንታይ ንትስፎ፧ 9

**ሰለስተ** 11

**ስልጣን ካበይ ይመጽእ፧** 11

ዛንታ “ጎይታ ህበይ” 11

ቀንዲ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን 12

ሕመረታት ዲሞክራስያዊ ስልጣን 13

**ኣርባዕተ** 15

**ምልካውያን ስርዓታት ድኽመታት ኣለዉዎም** 15

ኾርኾረ ኣኪሊስ ምልላይ 15

ድኽመታት ምልካውያን ስርዓታት 15

ንድኽመታት ምልኪ ምጥቃዕ 16

**ሓሙሽተ** 18

**ኣጠቓቕማ ስልጣን** 18

ኣተገባብራ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ 18

ድስፕሊንን ኣጽዋርን ዘይጎነጻዊ ቓልሲ 19

ግሉጽነት፣ ምስጢራውነትን ልዑል ደረጃታትን 20

ምቕያር ሚዛን ሓይሊ 21

ኣርባዕተ ኣገባባት ለውጢ 21

ፖለቲካዊ ኣብያን ዲሞክራስያዊ ጽልውኡን 22

ሕልኽላኻት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ 23

**ሽዱሽተ** 24

**ኣድላይነት ስትራተጅያዊ ውጥን** 24

ክውንነታዊ ኣወጣጥና 24

ኣብ ምውጣን ዘጋጥሙ መሰናኽላት 25

ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኣምራት ኣብ ስትራተጅያዊ ውጥን 26

**ሸውዓተ** 29

**ኣወጣጥና ስትራተጂ** 29

ናይ ኣገባባት ምርጫ 30

ውጥን ንዲሞክራሲ 30

ናይ ወጻኢ ሓገዝ 31

ቅየሳ ቐንዲ ስትራተጂ 31

ቅየሳ ስልትታት ጎስጓስ 32

ሕንገዳ ከም ዘስፋሕፍሕ ምግባር 34

ጭቆናን ግብረ-መልስን 34

ኣብ ስትራተጅያዊ ውጥን ምጽናዕ 35

**ሸሞንተ** 36
**ኣጠቓቕማ ፖለቲካዊ ኣብያ** 36
እተለለየ ተቓውሞ 36
ትእማራዊ ብድሆ 37
ሓላፍነት ምኽስኳስ 37
ኣብ ስልጣን ምልካዊ ስርዓት ምትኳር 38
ለውጢ ኣብ ስትራተጂ 39
**ትሸዓተ** 40
**ውድቀት ምልካዊ ስርዓት** 40
ምጉህሃር ሓርነት 41
ምብትታን ምልካዊ ስርዓት 42
ብዓወት ዘይምህማል 42
**ዓሰርተ** 44
**መሰረት ንነባሪ ዲሞክራሲ** 44
ስግኣታት ሓድሽ ምልኪ 44
ወተሃደራዊ ዕልዋታት ምዕጋት 45
ምንዳፍ ቅዋም 45
ዲሞክራስያዊ ናይ ምክልኻል ፖሊሲ 46
ረዚን ሓላፍነት 46
**ጥብቆ** 48
**ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ተግባር** 48
ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ተቓውሞን ድካለን (ምእማንን) 48
ኣገባባት ማሕበራዊ ሕንገዳ 49
ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ (1) ቁጠባዊ ትሕስምቲ 50
ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ (2) ኣድማ 51
ኣገባባት ፖለቲካዊ ሕንገዳ 52
ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ኢድ-ኣእታውነት 53
**መዘኻኸሪ ብዛዕባ ምትርጓምን ምብዛሕን ናይ'ዚ ሕትመት'ዚ** 55

# መእተዊ

ንብዙሕ ዓመታት ዘተሓሳስበኒ ዝነበረ ጉዳይ፡ ህዝብታት ከመይ ጌሮም ንምልኪ ይከላኸልዎ ወይ ድማ ይስዕርዎ ዝብል እዩ። እዚ ድማ ካብ'ቲ፡ ሰባት ብኸም'ዚኦም ዝበሉ ስርዓታት ክዕብለሉን ክጠፍኡን የብሎምን፡ ዝብል እምነት ዝተበገሰ እዩ። እዚ እምነት'ዚ ሓይሊ ዝረኸበ፡ ብዛዕባ ሓርነት ደቂ ሰባት፣ ባህሪ መለኽቲ (ካብ ኣሪስቶትል ክሳብ ትንተና ገበትቲ ስርዓታት)፣ ከምኡ 'ውን ብዛዕባ ታሪኽ ምልካውያን ስርዓታት (ብፍላይ ድማ ናይ ስርዓታት ናዚን ስታሊንን) ምስ ኣንበብኩ እዩ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ናዚ ዝነበሩን ዝተሳቐዩን፡ ካብ መዓስከራት ህልቂት ዝደሓኑ ከይተረፈ፡ ክፈልጥ ዕድል ረኺበ እየ። ኣብ ኖርወይ ንፋሺስታዊ ስርዓት ዝተቓወሙን ዝደሓኑን ረኺበ፤ ብዛዕባ ዝጠፍኡ ድማ ሰሚዐ። ካብ መጻወድያ ናዚ ምስ ዘምለጡ ኣይሁዳውያንን ዘድሓንዎም ሰባትን ተዘራሪበ።

ብዛዕባ ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ዝነበረ ሽበራዊ ኣገዛዝኣ ዴስነት ካብ ሰባት ዘይኮነስ ብዝያዳ ካብ መጻሕፍቲ እየ ፈሊጠ። እዞም ስርዓታት እዚኣቶም ዝፈጠርዎ ራዕዲ ፍሉይን ተንካፍን ኮይኑ ረኺበዮ፤ ምኽንያቱ እቶም ምልካውያን ስርዓታት ንባዕሎም ብስም እቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ንሓርነት ካብ ምዝመዛን ጭኮናን ዝተጋህዱ ድቦላታት ብምንባሮም።

ኣብ'ዚ ቐረባ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ሓቀኛ መልክዕ ናይ ዘመንና ምልካውያን ስርዓታታት ክገሃድ ዝኸኣለ፡ ብሰንኪ ካብተን ብምልካውያን ስርዓታት ዝመሓደራ ሃገራት ከም በዓል ፓናማ፡ ፖላንድ፡ ቺለ፡ ቲበትን በርማን ዝመጹ ሰባት እዩ። እቶም ኣንጻር ጎበጣ ዴስነት ቻይና ዝተቓለሱ ቲበታውያን፡ እቶም ኣብ 1991 ብኣኸረርቲ ዝተወጠነ ዕልዋ መንግስቲ ዘፍሸሉ ሩስያውያን፡ ከምኡ 'ውን እቶም ብዘይ ጎነጻዊ ኣገባብ ናብ ወተሃደራዊ ኣገዛዝኣ ኣይንምለስን ኢሎም ዝመከቱ ደቂ ታይ፡ ብዛዕባ ውሽጣዊ እንታይነት መለኽቲ ብዙሕ ምህሮ ኣስኒቐምኒ እዮም።

ዝኸሪ ናይ'ቲ ብምሒር ጭካነ ዝተኸስተ ቁጥዐን ነድርን በቲ ሓደ ወገን፡ መስተንክራዊ ጅግንነት ናይቶም ተቓለስቲ ድማ በቲ ኻልእ ወገን፡ በቲ ናብ እተፈላለየ ቦታታት ዘካየድክዎ ዑደታት መሊሱ ደሚቑ። ኣሰር ናይ'ቲ ዝተሰግረ መሰናኽላትን ኣብያ ናይቶም ዘይጸዓዱ ህዝብታትን ገና ኣይጠፍአን። ዝበጻሕክዎ ቦታት፡- ፓናማ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኖሬጋ፣ ቪልኑስ - ሊትዌንያ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሶቭየት፣ ኣብ በይጂን ዝርከብ ኣደባባይ ትያናንመን፡ ኣብ እዋን ሰላማዊ ሰልፊ ንሓርነትን ኣብ'ታ ድሩዓት መካይን ንመጀመርያ ግዜ ዝጣሕሰሳላ ተካሊት ለይትን፣ ከምኡ 'ውን ኣብ ጫካታት "ሓራ መሬት በርማ" ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ማኔርፕላው ይርከቦ።

ኣብ ገለ እዋናት፡ ዜጋታት ዝወደቕሉ ቦታታት፡ ንኣብነት ኣብ ቪልኑስ ዝርከብ መደበር ተለቪዥንን መካነ-መቓብርን፣ ኣብ ሪጋ ዝርከብ ህዝቢ ዝተረሸነሉ ኣደባባይ፣ ኣብ ሰሜን ኢጣልያ ዝርከብ ፋሺስታውያን ንተቓወምቲ ብመስርዕ ዝረሸንሉ ማእከል ፌራራ፣ ከምኡ 'ውን ኣብ ማኔርፕላው ዝርከብ ናይ መንእሰያት መካነ-መቓብር በጺሐ። እቲ ዘሕዝን ነገር መለኽቲ ኩሎም ከም'ዚ ዝበለ ዕንወትን ሞትን ገዲፎም እዮም ዝኸዱ።

ካብ'ዚ ስኽፍታን ተሞክሮን'ዚ ብምብጋስ ንምልኪ ምክልኻሉ ይከኣል'ዩ፤ ብዘይ ምፍሳስ ደም ሕድ-ሕድን ጥፍኣትን ዕውት ቃልሲ ኣንጻር ምልኪ ክግበር ይከኣል'ዩ፤ መለኽቲ ክጠፍኡን ካብ ዑናኦም ድማ ካልኦት ከም ዘይበቑሉን ክግበር ይከኣል እዩ ዝብል ትስፉው ሓሳብ ማዕቢሉ።

መለኽቲ ብዝወሓደ ስቓይን ክሳራ ሂወትን ከምኡ 'ውን ብውጽኢታውን ዕውትን መገዲ ብኸመይ ክእለዩ ከም ዝኽእሉ ብጥንቃቐ ክምርምር ፈቲነ። ነዚ ምርምር'ዚ ንምክያድ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዘካየድክዎ መጽናዕታት ብዛዕባ ምልካውያን ስርዓታት፣ ምንቅስቓሳት ተቓውሞ፣ ሰውራታት፣ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት፣ መንግስታዊ ስርዓታት፣ ብፍላይ ከኣ ንኹውንነታዊ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምርኩስ ጌረ ተበጊሰ።

እዚ መጽሓፍ እዚ ናቱ ውጽኢት እዩ። ፍጹም ከም ዘይኮነ ርግጸኛ'የ። እንተኾነ ግን፡ ሓያልን ውጽኢታውን ምንቅስቓስ ሓርነት ኣብ ምውዳብ ከም መምርሒ ከገልግል ዝኽእል ኣበርክቶ ይህልዎ ይኽውን ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ኣተኩሮ ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ መለኽቲ ከመይ ጌርካ ይሰዓሩ፡ ካልኦት ከይትንስኡኽ ብኸመይ ንቆጻጸሮም ኣብ ዝብል ሓፈሻዊ ነጥቢ ዘድሃበ ክኸውን ግድን እዩ። ንሓንቲ ዝተወሰነት ሃገር ከገልግል ዝኽእል ዝርዝራዊ ትንታነ ወይ ፍሉጥ ፈውሲ ክሕብር ዓቕሚ የብለይን። ይኹን'ምበር እዚ ሓፈሻዊ መብርሂ እዚ ነቶም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዘለው፡ ንኸውንነት ምልኪ ዝገጠሙ፡ ውጹዓት ህዝብታት ሓጋዚ እዩ ዝብል ተስፋ ኣሎኒ። ተቐባልት ናይ'ዚ ትንተና'ዝን ቀሪቡ ዘሎ ለበዋታትን ምስ ኩነታቶም እንዳዘመዱ ብምርኣይ ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ሓርነታዊ ቃልሲ ብኸመይ ይጥቀምሉ ምምርማር ከድልዮም እዩ።

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ምጽሓፍ ንዝተገብረለይ ሓያሎይ ሓገዛት ከመስግን ሓላፍነት ኣሎኒ። ፍሉይ ተሓጋጋዝየይ፡ ብሩስ ጀንኪንስ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ እዩ ወፍዩ። ጸገማት ኣለልዩ ብትሕዝቶኣዊ መልክዕ ኣቕሪብዎም። ንኸበድቲ ሓሳባት (ብፍላይ ስትራተጂ ብዝምልከት)፡ ከምኡ 'ውን ናይ ሕትመት ምምሕያሻትን ቅርጻዊ ኣሰራርዓን ብትኩራትን በላሕትን ርእይቶታት ኣሰንዩ ኣቕሪብዎም። ስቲፈን ኮዲ ኣብ ንባብን መአረምታን ንዝገበሮ ሓገዝ አመስግኖ። ዶ/ር ክሪስቶፈር ክሩግለርን ሮበርት ሀልቪን ብኣዝዩ ጠቓሚ ምኽርን ነቐፌታን ተሓጋጊዞም። ብዛዕባ ኣፍሪቃዊ ቓልስታት ዶ/ር ሂዘል ማክፈርሰን፡ ብዛዕባ ቃልስታት ላቲን ኣመሪካ ድማ ዶ/ር ፓትሪሽያ ፓርክማን ሓበሬታ ኣስኒቐምኒ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ለጋስ ሓገዛት ብዙሕ ከሲቡ'ኳ እንተኾነ፡ ንዝተገልጸ ትንታነታትን ዝተበጽሐ መደምደምታታትን ግን ኣነ ጥራይ እየ ሓላፍነት ዝወስደሉ።

ኣብ'ዚ ኣቕሪበዮ ዘለኹ መጽናዕቲ መለኽቲ ብቐሊሉ ወይ ብዘይ ዝኾነ ክሳራ ክውገዱ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምት ፈጺሙ የብለይን። ዝኾነ ዓይነት ቃልሲ ሕልኽላኻትን ክሳራታትን ኣለዎ። ስለ ዝኾነ፡ ቃልሲ ኣንጻር መለኽቲ 'ውን ክሳራ ክህልዎ ግድን እዩ። እዚ ትንተና'ዚ እዚ፡ መራሕቲ ተቓውሞ ብተዛማዲ ደረጃ ክሳራታቶም እንዳቐነሱ ንሓይሎም ብኣድማዕነት ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ስልትታት ኣብ ምልላይ ድርኺት ክኾኖም ይኽእል እዩ ዝብል ተስፋ ኣሎኒ።

እዚ መጽናዕቲ'ዚ ሓደ ምልካዊ ስርዓት ምስ ተወገደ፡ ካልእ ኩሉ ጸገማት ድማ ይውገድ ዘስምዕ ትርጉም የብሉን። ውድቀት ናይ ሓደ ስርዓት ማና ኣየዝንብን እዩ። እኳ ደኣ፡ ንምጥፋእ ካልእ መልክዓት ጭኮናን ግፍዕን፣ ንምህናጽ ምዕሩይ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ዝምድናታት፣ ንተወሳኺ ስራሕን ጻዕርን ባብ ዘርሑ እዩ። እዚ፡ ምልኪ ብኸመይ ክሰዓር ይኽእል፡ ብዝብል ሓሳባት ኣቕሪበዮ ዘለኹ ሓጺር መጽናዕቲ፡ ሰባት ካብ ጭቆናን ዕብለላን ሓራ ንምኳን ኣብ ዘካይድዎ ጻዕሪ ሓጋዚ ክኸውን ተስፋ እገብር።

ጅን ሻርፕ

6 ጥቅምቲ 1993
ተቕዋም ኣልበርት አይንስተይን
ጎደና ኒውበሪ 427
ቦስቶን፡ ማሳሹሰት 02115-1801

# ሓደ

# ንምልኪ ብኽውንነታዊ መገዲ ምግጣም

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ብዙሓት ምልካውያን ስርዓት - ናይ ወጻእን ናይ ውሽጥን መበቆል ዝነበሮም - ዝተወደበን እምብለይ ዝበለን ህዝቢ ምስ ገጠሞም ወዲቖም ወይ ድማ ሰንከልከል ኢሎም እዮም። ጽኑዓትን ዘይንቕነቑን መሲሎም'ኳ ይርኣዩ እንተ ነበሩ፡ ገሊኣቶምሲ ንዝተወሃሃደ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ኣብያ ህዝቢ ክጻርዎ ኣይከኣሉን።

ካብ 1980 ኣትሒዙ፡ ብሰሪ ዓብላሊ፡ ዘይጎነጻዊ ህዝባዊ ኣብያ፡ ኣብ ኢስቶንያ፣ ላትቭያን ሊትዌንያን፣ ፖላንድ፣ ምብራቕ ጀርመን፣ ቼኮዝሎቫክያን ስሎቬንያን፣ ማዳጋስካር፣ ማሊ፣ ቦሊቭያን ፊሊፒንስን መለኽቲ ስርዓታት ወዲቖም እዮም። ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ኣብ በዓል ኔፓል፣ ዛምብያ፣ ደቡብ ኮርያ፣ ቺለ፣ ኣርጀንቲና፣ ህይቲ፣ ብራዚል፣ ዩራጓይ፣ ማላዊ፣ ታይላንድ፣ ቡልጋርያ፣ ሃንጋሪ፣ ዛየር፣ ናይጀርያን ኣብ ካልኦት ሓያሎይ ቦታታት ሕብረት ሶቭየት-ነበርን (ነቲ ናይ ነሓሰ 1991፡ ናይ ኣኽረርቲ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ኣብ ምፍሻል ብዝተጻወቶ ተራ) ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ንመስርሕ ዲሞክራስያውነት ናህሪ ወሲኽሉ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ህዝባዊ ፖለታካዊ ኣብያ[1] ኣብ ቻይና፣ በርማን ቲበትን 'ውን ኣብ'ዚ ቐረባ ዓመታት ተራእዩ እዩ። ዋላ'ኳ ነቶም ዘለዉ ምልካውያን ስርዓታት ወይ ጎበጣታት መኽተምታ ክገብረሎም እንተዘይክኣለ፡ ህዝቢ ዓለም ባርባራውነት ናይቶም ጨቆንቲ ስርዓታት ንኽፈልጦ ግን ሓጊዙ እዩ። ነቲ ህዝቢ ድማ ውሕሉል ተሞክሮ ኣስኒቕዎ።

ውድቀት ምልካውያን ስርዓታት ንኻልኦት ጸገማት ናይ'ተን ዝተጠቕሳ ሃገራት ከም ድኽነት፣ ገበን፣ ቢሮክራስያዊ ዘይስሉጥነት፣ ከባብያዊ ዕንወትን ዝኣመሰልዎም ሓድግታት ጭቆና ኣየወገደን። እንተኾነ ግን፡ ስቓይ ናይ ግዳያት ኣቃሊሉ፣ ብዝበለጸ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲ፣ ውልቃዊ ሓርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ንዳግመ-ህንጸት ባብ ኣርሒዩ።

## ዘይተወደአ ጸገም

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርታት ዓመታት ኣብ ዓለምና ናብ ዲሞክራስያውነትን ሓርነትን ዝቐንዐ ጉዕዞታት ተራእዩ እዩ። ፍሪደም ሃውስ (Freedom House) ዝተባህለ ብዛዕባ ፖለቲካዊ መሰላትን ሲቪላዊ ሓርነታትን ዓመታዊ ኣህጉራዊ ጸብጻብ ዘቕርብ ትካል ብዝሓበሮ መሰረት፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ቁጽሪ ናይ'ተን ብ "ሓራ" ዝፍለጣ ሃገራት ዓለም ኣዐርዩ ከም ዝወሰኸ እዩ ዝፍለጥ፦[2]

---

[1] እዚ ኣምር'ዚ በዚ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ መልክዕ ዘተኣታተዎ ሮበርት ህልቪ ኢዩ። "ፖለቲካዊ ኣብያ" ማለት ንፖለቲካዊ ዕላማ ተባሂሉ ብንጡፍ እምቢታ ዝትግበር ዘይጎነጻዊ ቓልሲ (ተቓውሞ፣ ሕንገዳን ኢድ-ኣእታውነትን) እዩ። ትርጉም ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ምስ ትርጉም ልእመትን ሃይማኖታዊ ወይ ሞራላዊ "ዘይጎነጻውነትን" ተተሓሒዙ ምድንጋር ክፈጥር ምስ ጀመረ፡ ኣምር ፖለቲካዊ ኣብያ ከም ግብረ-መልሲ ማዕቢሉ። "ኣብያ" ማለት ኣይምብርከኽን ብዝብል ድርኺት፡ ኮነ ኢልካ ዝግበር ንሰበ-ስልጣን ዘይምእዛዝ ወይ ምሕንጋድ ማለት እዩ። ፖለቲካዊ ኣብያ ማለት ድማ እቲ ተግባር ዝፍጸመሉ ፖለቲካዊ ሃዋሁ፡ እንኮላይ እቲ ክጭበጥ ዝድለ ዘሎ ዕላማ፡ ማለት ፖለቲካዊ ስልጣን ዘጠቓለለ ኩነታት ማለት እዩ። ህዝቢ፡ ስሩዕ ስትራተጅያዊ ውጥናትን ስርሒታትን ተኸቲሉ፡ ንምንጭታት ስልጣን ብምድኻም፡ ንመሓውራት መንግስቲ ካብ መለኽቲ መንዚዑ ንምቁጽጻሩ ናይ ዝገብሮ ጻዕሪ መግለጺ እዩ። ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ፖለቲካዊ ኣብያ፣ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞን ዘይጎነጻዊ ቓልስን ዝብሉ ኣምራት ኣብ ነንሕድሕዶም እንዳተተኻኸኡ ክቐርቡ እዮም። ይኹን'ምበር፡ እቶም ካልተ ዳሕረዎት ኣምራት ብዝያዳ ዝሰፍሐ ዕላማታት ንዘለዎ ቓልሲ (ከም ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ወዘተ.) ዝምልከቱ ም'ኳኖም ፍሉጥ እዩ።

[2] Freedom House, *Freedom in the World*: The Annual Survey of Political Rights and Civil Liberties, 1992-1993 (New York: Freedom House, 1993) ገጽ 66። (ን1993 ዝምልከት ኣሃዛት ካብ ጥሪ 1993 እዩ

| | ሓራ | ሓውሲ-ሓራ | ዘይሓራ |
|---|---|---|---|
| **1983** | 55 | 76 | 64 |
| **1993** | 75 | 73 | 38 |

እዚ ኣወንታዊ ቁጽሪ እዚ ግን ብብዝሒ ናይ'ቶም ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ኩነታት ዝርከቡ ህዝቢ ክይተጸለወ ኣይተረፈን። ኣብ ጥሪ 1993፡ 31% ካብ 5.45 ቢልዮን ህዝቢ ዓለም ኣብቲ "ዘይሓራ"[3] ዝበሃል ሃገራትን ግዝኣታትን ይነብር ኔሩ። እዚ ማለት ፖለቲካዊ መሰላትን ሲቪላዊ ሓርነታትን ብጽኑዕ ኣብ ዘይፍቀደሉ ቦታታት ማለት እዩ። እተን "ዘይሓራ" ተባሂለን ተመዲበን ዘለዋ 38 ሃገራትን 12 ግዝኣታትን፡ ከም በዓል በርማን ሱዳንን ዝኣመሰላ ብወተሃደራዊ ምልኪ ዝመሓደራ፣ ከም ሱዕዲ ዓረብን ቡታንን ዝኣመሰላ ብልምዳዊ ዘውዳዊ ስርዓታት ዝመሓደራ፣ ከም በዓል ቻይና፣ ዒራቕን ሰሜን ኮርያን ዝኣመሰላ ብዓብለልቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝመሓደራ፣ ከም በዓል ቲበትን ምብራቕ ቲሞርን ዝኣመሰላ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝመሓደራ፣ ገሊአን ከኣ ኣብ መድረኽ ምስግጋር ዝርከባ እየን።

ሎሚ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኩነተ-ለውጢ ይርከባ። ዋላ'ኳ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ቁጽሪ ናይ "ሓራ" ሃገራት እንተወሰኸ፡ ብኣንጻር እቲ ዝተኸስተ ቅልጡፍ ናይ ለውጢ መድረኽ፡ ብዙሓት ሃገራት ብሓድሽ ዝመልክዑ ምልካዊ ስርዓታት ናይ ምጥቃዕ ሓደጋ ክንጸላልወን ይኽእል እዩ። ወተሃደራዊ ጃንዳታት፣ ጥሙሕ ዝዓብለሎም ውልቀ-ሰባት፣ ብምርጫ ዝመጹ ሰበ-ስልጣንን መለኽቲ ሰልፍታትን ድሌታቶም ብጸቕጢ ከተግብሩ ብተደጋጋሚ ክፍትኑ እዮም። ዕልዋ መግስቲ ከም ቀደሙ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ክቕጽል እዩ። ዝበዝሑ ህዝብታት ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላቶም ተነፊግዎም ክቕጽሉ እዮም።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሓድግታት ናይ ሕሉፍ ክሳብ ሕጂ ምሳና እዮም ዘለው። ጸገማት ምልካዊ ስርዓታት ድማ ኣዝዩ ጽንኩር እዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለው ህዝብታት ንዓሰርታት ዓመታት፡ ኣረ ኣብ ገሊኡስ ንዘመናት ብናይ ውሽጥን ናይ ደገን መበቆል ዘለዎ ጭቆና ተሳቕዮም እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንሰብ-መዝን ገዛእትን ብዘይ ሕቶ ኣሜን ኢልካ ናይ ምእዛዝ ባህሊ ብዕሊ ከምዝሰርጽ ተጌሩ'ዩ። ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ድማ፡ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ክህልዉ ዝኽእሉ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ሃይማኖታዊ ትካላት 'ውን ክይተረፉ፡ ብደይመደይ ተዳኺሞምን ጽግዕተኛታት ከም ዝኾኑ ተጌሮምን፤ ወይ 'ውን በቶም ስርዓታት ብዝዝወሩን ንመቆጻጸሪ ሕብረተሰብ ብዘገልግሉን ሓደስቲ ትካላት ተተኪኦም። እቲ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይተኣማመን፡ ብተበግሶኡ ዝኾነ ነገር ክገብር ዘይክእል፡ ሓርነቱ ንምጉንጻፍ እኳ ብሓባር ክሰርሕ ዘይክእል ንጹል ጉጅለ ኮይኑ።

ሳዕቤን ናይ'ዚ ርዱእ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ነብሰ-ምትእምማን ዘይብሉ፡ ክቃወም 'ውን ዘይኽእል ድኹም ይኸውን። ሰባት ብዛዕባ ምልካዊ ስርዓት ዘለዎም ጽልኢ ይኹን፡ ብዛዕባ ሓርነት ዘለዎም ህርፋን ምስ ቤተሰቦምን ኣዕሩኽቶምን ክይተረፈ ክዛረብሉ ኣይደፍሩን። እቲ ህዝቢ ብዛዕባ ህዝባዊ ናዕቢ 'ውን ኣዕሚቑ ንኽሓስብ ኣዝዩ ይፈርሕ። እንታይ ክዓብስ ኢሉ ዝብል ኣተሓሳስባ የማዕብል እሞ ብዘይ ዕላማ እንዳተሳቐየ፡ ብዘይ ተስፋ ድማ ይነብር።

ኣብ ናይ ሎሚ ምልካዊ ስርዓታት ዘሎ ኩነታት ካብ ናይ ቀደም ዝገደደ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ቀደም፡ ሰባት ተቓውሞ 'ውን ይፍትኑ ኔሮም እዮም። ሓጺር ዝዕድመኦም ህዝባዊ ናዕብታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ይራኣዩ ኔሮም እዮም። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ገለ ሰባትን ጉጅለታትን ዘይውጽኢታዊ ግን ተባዕ ስጉምታት ብምውሳድ ንመትከላቶምን ኣብያኦምን ዘግህድሉ ፈተነታት የካይዱ ኔሮም እዮም። ዋላ'ካ ድርኺታቶም ቅቡል እንተነበረ፡ ከም'ዚኦም ዓይነት ናይ ተቓውሞ ተግባራት ነቲ ናይ'ቲ ህዝቢ ፍርሕን ተማእዛዝነትን ክስዕርዎ ብቕዓት ይጎደሎም ኔሩ። እዚ እቲ ኣገዳሲ ረቛሒ ንምስዓር

---

ዝጅምር)። ንተወሳኺ መብርሂ ብዛዕባ "ሓራ፣" "ሓውሲ-ሓራን" "ዘይሓራን" ዝብሉ ኣምራት ኣብ ገጻት 78-80 ተመልከት።

[3] Freedom House, *Freedom in the World*, ገጽ 4።

ምልካዊ ስርዓት እዩ። እቲ ዘሕዝን፡ እዞም ዝተጠቕሱ ተግባራት ኣብ ክንዲ ዓወትን ተስፋን ስቓይን ሞትን ዘጋደዱ ኣብነታት እዮም።

## ሓርነት ብጎነጽ፧

ኣብ ከም'ዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት እንታይ ክግበር ይከኣል፧ ገለ ተኽእሎታት ዘይሓጋዚ ክኾውን ይኽእል እዩ። ቅዋማውን ሕጋውን ደረታት፣ ፍርዳዊ ውሳነታትን ርእይቶ ህዝብን ብምልካውያን ኩሉ ግዜ ምስ ተነጽጉ እዮም። ብርዱእ ምኽንያታት፡ ከም ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ ዝፍጸም ባርባራውነት፣ መግረፍቲ፣ ጭውያን ሞትን፡ ምልኪ ብጎነጽ ጥራይ'ዩ ክስዓር ዝኽእል ኢሎም ሰባት ክድምድሙ ይኽእሉ እዮም። ዝተቐጥዑ ግዳያት፡ ዘለዎም ጎነጻውን ወተሃደራውን ዓቕሚ ኣወሃሂዶም ንባርባራውያን መለኽቲ ክገጥሙ ክብገሱ ይኽእሉ እዮም። እቲ መሰናኽላት ግን ዝበዝሐ ግዜ ኣንጻሮም እዩ። ብኽቢድ ክሳራ ሂወትን ስቓይን ብጅግንነት ይቃለሱ። ዓወታቶም ኣንጸባራቒ ክኾውን ይኽእል፤ ሓርነት ዝጎናጸፍሉ እዋናት ግን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ጎነጻዊ ተቓውሞ ንዝህቢ ኣብ ዝኸፍአ ሓደጋ ዘእቱ፡ ካብ'ቲ ናይ ቅድም ዝገደደ ባራባራዊ ጭቆና ከኸትለሉ ይኽእል እዩ።

ጎነጻዊ ቃልሲ ዝሃለወ ብልጫታት ይሃልዎ ሓደ ዘይከሓድ ሓቂ ግን ኣሎ። *ኣብ ጎነጻዊ ኣገባብ እምንቶ ምሕዳር ማለት፡ ነቲ መብዛሕትኡ እዋን ጨቆንቲ ብዝለዓለ ኢድ ዝጥቀምሉ ኣገባብ ቃልሲ ምምራጽ ማለት እዩ።* መለኽቲ፡ ጎነጽ ንምጥቃም ኣደልዲሎም ዝተዓጥቑ እዮም። እቶም ዲሞክራስያውን ባእታታት ንሓጺር ድዮም ንነዊሕ ክምክቱ ብዘየገድስ፡ ውዒሉ-ሓዲሩ ምረት ናይ ወተሃደራዊ ክውንነታት ዘይስገር ጉዳይ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ መለኽቲ ካብ ኣጽዋር ጀሚርካ ክሳብ ተተኮስቲ፣ መጎዓዝያን ብዝሒ ሰራዊትን ዝለዓለ ኢድ ኣለዎም። ዲሞክራስያውን፡ ትብዓት ደኣሉ ዝህልዎም እምበር ዝበዝሐ ግዜ ንመለኽቲ ብዓቕሚ ኣይዳረግዎምን እዮም።

ፊተ-ፊት ዝካየድ ወተሃደራዊ ረጽሚ ዘይግብራዊ ክኾውን ስለ ዝኽእል፡ ገለ ተቓወምቲ ደባይ ኲናት ይመርጹ። ይኹን እምበር፡ ጭቁናት ብደባይ ኲናት ዝርብሕሉ ወይ ድማ ዲሞክራሲ ዝሰፍነሉ ኣጋጣሚታት ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ህዝቢ ከውርዶ ዝኽእል ዘይተኣደነ ክሳራታት ደባይ ኲናት ከም መፍትሒ ክውሰድ ኣይከኣልን። ክቐርብ ዝኽእል ስነ-ሓሳባዊ ደገፍ፣ ስትራተጅያዊ ትንታነን ሳሕቲ ዝርከብ ኣህጉራዊ ደገፍን ብዘየገድስ፡ እዚ ኣገባብ ቃልሲ'ዚ ካብ ፍሽለት ሓራ ንምኻን ብዙሕ ውሕስነት የብሉን። ደባይ ኲናት ዝበዝሐ ግዜ ነዊሕ እዋን እዩ ዝወስድ። ህዝቢ ብመንግስቲ ይከላበት፤ ካብ መነባብሮኡን ከባቢኡን ይመዛበል፤ ብዙሕ ድማ ይሳቐ።

ደባይ ኲናት፡ ዋላ 'ውን እንተ ተዓወተ፡ ነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣለዎ። እቲ ተጠቃዒ ምልካዊ ስርዓት ከም ግብረ-መልሲ ብቕጽበት ምልኩ የትርር። ደባይ ኲናት ምስ ተዓወተ 'ውን እቲ ዝትካእ ስርዓት ካብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዝገደደ ምልካዊ ይኸውን። ምኽንያቱ ንዝርጉሕ ወተሃደራዊ መሓውራት ንምምእካል ዝግበር ጻዕሪ ናቱ ጽልዋታት ስለ ዘለዎን፤ እቲ ዝጸንሐ ናይ ሕብረተሰብ ነጻ ማሕበራትን ትካላትን ድማ ኣብ ግዜ ቃልሲ ስለ ዝዳኸምን ዝዓኑን እዩ። እዚ ኣካላት'ዚ ዲሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ተቓወምቲ ካልእ ኣማራጺ እንተ'ናደዩ ይሓይሽ።

## ዕልዋ መንግስቲ፡ ምርጫ፡ ሓገዝ ሓይልታት ወጻኢ፧

ንሓደ ጽሉእ ስርዓት ኣብ ምእላይ፡ ብተዛማዲ ዕልዋ መንግስቲ ከም ሓደ ቀሊልን ስሉጥን መገዲ ክርአ ይኽእል ይኸውን። ይኹን'ምበር፡ ነዚ ኣገባብ'ዚ ዝምልከቱ ከበድቲ ጸገማት ኣለው። ልዕሊ ኹሉ፡ ነቲ ዝጸንሐ ዘይምዕሩይ ዝርገሐ ስልጣን ኣብ ሞንጎ ህዝብን ዝተወሰነ ጉጅለ ውልቀ-ሰባትን ወተሃደራትን ከም ዘለዎ እዩ ዘቖጽሎ። ሓደ ጉጅለ ውልቀ-ሰባት ብኻልእ ጉጀለ ውልቀ-ሰባት ጥራይ እዩ ዝትካእ። ብሓሳብ ደረጃ እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ጠባይ ልምልም ዝበለ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ጽገና ድማ ዝኣምን ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣንጻር'ዚ ናይ ምኻን ማዕረ ዕድል 'ውን ኣለዎ።

ኣቃውምኡ ምስ ኣጣጥሐ፡ እቲ ሓድሽ ጉጅለ ‘ውን ካብ’ቲ ናይ ቀደም ብዝገደደ ጨካንን ስሱዕን ክኸውን ይኽእል። እቲ ተስፋ ዝተነብረሉ ሓድሽ ጉጅለ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ግዲ ከይገበረ ቃሕታኡ ክገብር ይኽእል። እዚ ንጸገማት ምልካዊ ስርዓት ቅኑዕ ፍታሕ ኣይኮነን።

ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓታት ምርጫታት ከም መሳርሒ ፖለቲካዊ ለውጢ ክትግበሩ ዝከኣል ኣይኮነን። ገለ ምልካዊ ስርዓታት፡ ንኣብነት እቶም ብሕብረት-ሶቭየት ዝዕብለሉ ዝነበሩ ደምበታት ምብራቕ ኤሮጳ ንይምሰል ምርጫታት የካይዱ ኔሮም እዮም። ይኹን’ምበር፡ እቲ ምርጫታት ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ቁጽጽር ዝግበር ኮይኑ፡ ንኣቐዲሞም በቶም ስርዓታት ዝተሓርዩ ሰባት ናብ ስልጣን ንምድያብ ዝግበር ዝነበረ እዩ። መለኸቲ፡ ጸቕጢ ምስ በርትዕኦም ምርጫ ክካየድ ክሰማማዑ ይኽእሉ፤ እንተኾነ ግን ዝደለይዎም ሰባት ከም ዝምረጹ ጌሮም እዮም ዝህንድስዎ። ከም’ቲ ኣብ በርማ ኣብ 1990፣ ኣብ ናይጀርያ ድማ ኣብ 1993 ዝተራእየ፡ ካብ ኣባላት ተቓውሞ እንተድኣ ኣብ ምርጫ ተወዳዲሮም ስዒሮም፡ ወይ እቲ ውጽኢት ይንጸግ ወይ ድማ እቶም ዕዉታት ይሰራጠዩ፣ ይእሰሩ፣ ወይ ድማ ይቕተሉ። መለኸቲ ካብ መንበሮም ከልግሶም ዝኽእል ምርጫ ክፍቅዱ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል እዩ።

እቶም ብባርባራዊ ኣገዛዝኣ ዝሳቐዩ ዘለውን ካብ ቀይዲ ኣምሊጦም ኣብ ስደት ዝርከቡን ጭቁናት፡ ንነብሶም ሓራ ኽገብሩ ይኽእሉ እዮም ኢሎም ኣይኣምኑን። ህዝቦም ብናይ ደገ ሓይልታት ጥራይ ክድሕን ይጽበዩ። እምነቶም ድማ ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይልታት የንብሩ። ምልኪ ክስዓር ዝኽእል ብኣህጉራዊ ሓገዝ ጥራይ’ዩ ኢሎም ይኣምኑ።

እቲ ጭቁናት ብኣድማዕነት ክሰርሑ ኣይክእሉን እዮም ዝብል ኣረዳድኣ ንዝተወሰነ እዋን ሓቅነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ከም’ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ጭቁናት ንባርባራዊ ምልኪ ክገጥሙ ኣብ ገዛእ ነብሶም ምትእምማን ስለ ዘጥፍኡን ዝፈልጥዎ ኣገባባት ‘ውን ስለ ዘይህልዎም ንግዚኡ ንኽቃለሱ ዓቕሚ ዘለዎም ኮይኑ ኣይስመዖምን፤ ድሉውነት ድማ ኣይህልዎምን። ስለዚ እምበኣር፡ ብዙሓት ሰባት ንሓርነቶም ኣብ ካልኦት ነገራት ተስፋ ከም ዘንብሩ ርዱእ እዩ። እዞም ነገራት እዚኣቶም “ህዝባዊ ርእይቶ፣” ውዱብ ሕቡራት ሃገራት፣ ሓንቲ ዝተወሰነት ሃገር ወይ ድማ ኣህጉራዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን እገዳታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ከም’ዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ቅቡል ክመስል ይኽእል ይኸውን። ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ምምርኳስ ግን ሓደገኛ ሳዕቤናት ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ከም’ዚ ዓይነት እምነት ፈጺሙ ኣብ ዘይቦትኡ ዝተነብረ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ብዙሕ ግዜ ክመጽእ ዝኽእል ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣይህሉን፤ እንተሃለወ ድማ ክእመን ዝግበኦ ኣይኮነን።

እዞም ዝስዕቡ ሓደስትን መረርትን ሓቅታት፡ ብዛዕባ ምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ግምት ክወሃቦም ይግባእ፦

- ብዙሕ ግዜ ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ንቑጠባውን ፖለቲካውን ረብሓታቶም ክብሉ ንምልኪ ክጻወሩዎ ወይ ክድግፍዎ ይኽእሉ።

- ናይ ወጻኢ ሓይልታት ካልእ ዕላማታቶም ከተግብሩ ክብሉ ኣብ ክንዲ መብጽዓታቶም ብምሕላው ንሓርነት ጭቁናት ዝሕግዙ ከግድዕዎምን ክጠልምዎምን ይኽእሉ።

- ገለ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣንጻር ምልኪ ዝተሓባበሩ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ናይ ገዛእ ርእሶም ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ ወይ ወተሃደራዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ጥራይ እዩ።

- ናይ ወጻኢ ሓይልታት ንኣወንታዊ ውጽኢት ብንጥፈት ክተሓጋገዙ ዝኽእሉ፡ ውሽጣዊ ምንቅስቓስ ተቓውሞ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ምስ ዘነቓንቖን ጭካነ ናይ’ቲ ስርዓት ድማ ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ከም ዝረክብ ምስ ገበረን ጥራይ እዩ።

መለኸቲ ኣብ ኮረሻ ንኽጸንሑ ካብ ዝገብርዎም ቀንዲ ምኽንያታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝህሉ ኣመቓርሓ ስልጣን እዩ። ጸጋታትን ስልጣንን ኣብ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ተሓጺሩ ስለ ዝተርፍ፡ ህዝቢ ኣዝዩ ይዳኸም፤ ነቲ ስርዓት ድማ ስግኣት ክኾኖ ኣይክእልን። ዋላ'ኳ ምልካዊ ስርዓታት ብኣህጉራዊ ጸቕጢ ክዳኸሙ ወይ ክሽስቡ ዝኽእሉ እንተኾኑ፡ ቀጻልነቶም ግን ብቐንዱ ኣብ ውሽጣዊ ረቛሒታት ዝተሞርኮሰ እዩ።

ኣህጉራዊ ጸቕጢ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ ይኹን'ምበር ንሓያል ውሽጣዊ ምንቅስቓስ ተቓውሞ ምስ ዝድግፍ ጥራይ'ዩ። ንኣብነት ኣህጉራዊ ቁጠባዊ እገዳታት፣ ምብታኽ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት፣ ተነጽሎ ካብ ኣህጉራዊ ውድባት፣ ኩነኔ ብኣካላት ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦትን ብዙሕ ክሕግዙ ይኽእሉ። ሓያል ውሽጣዊ ተቓውሞ ኣብ ዘይብሉ ግን ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ጸቕጥታት ክህልው ኣይክእሉን።

## ንመሪር ሓቒ ምግጣም

እቲ መደምደምታ ክብድ ዝበለ እዩ። ንምልካዊ ስርዓት ብዝወሓደ ክሳራታትን ብውጽኢታዊ መገድን ከወግድ ዝሓስብ ኣካል ኣርባዕተ ዘይተርፍ ዕዮታት ኣለዎ፦

- ነቲ ጭቁን ህዝቢ ብነብሰ-ምትእምማን፡ ብቖራጽነትን ብጥበብ ተቓውሞን ክሐይሎ ይግባእ፣
- ናይ'ቲ ጭቁን ህዝቢ ነጻ ማሕበራትን ኣካላትን ክሐይለን ይግባእ፣
- ሓያል ውሽጣዊ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ ከም ዝፍጠር ምግባር፣
- ብውሕልነት እተዳለወ ቀንዲ ስትራተጅያዊ ውጥን ሓርነት ኣብ ኣተገባብርኡ ድማ ጥበብ ክህሉ ይግባእ።

ሓርነታዊ ቃልሲ ርእሰ-ምርኮሳ እተጥርየሉ ንተቓለስቲ ድማ እተሐይሎሉ መስርሕ እዩ። ቻርለስ ስተዋርት ፓርነል ኣብ 1879-1880፡ ኣብ ግዜ ጎስጓስ ኣድማ ኣየርላንዳውያን ከም ዝበሎ፦

> ኣብ መንግስቲ ምምርኳስ ትርጉም የብሉን … ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኹም ቆራጽነት ክትምርኮሱ ይግባኣኩም … ብሓባር ብምትንሳእ ነብስኹም ርድኡ … ኣብ ሞንጎኹም ንዘለው ድኹማት ድማ ኣሐይልዎም … ብሓደ ተጠመሩ፣ ነብስኹም ወድቡ … ክትዕወቱ ድማ ኢኹም …
>
> እቲ ሕቶ ክፍትሓሉ ኣብ ዝኽእል ደረጃ ክሳብ ዘየብጻሕኩሞ ኣይክፍታሕን እዩ። ሽዑ ጥራይ እዩ ዝፍታሕ።[4]

ርእሰ-ምርኮሳ፣ ውሕሉል ስትራተጂ፣ ድስፕሊናውን ተባዕ ግብርን ጽንዓትን ዝመልኦ ብርቱዕ ሓይሊ እንተገጢምዎ፡ ምልኪ ውዒሉ-ሓዲሩ ዓነውነው ይብል። ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቕሰ፡ ሓርነት ካብ ምልካዊ ስርዓት ኣብ'ቲ ናይ'ቲ ህዝቢ ነብስኻ ሓራ ናይ ምግባር ብቕዓት ዝተሞርከሰ እዩ። እቲ ዝተጠቕሰ ዕውት ኣብነታት ናይ ፖለቲካዊ ኣብያ ከም ዝሕብሮ፡ ኣገባብ ዘይጎጻዊ ቃልሲ ከም ኣማራጺ ኣብ ቦትኡ እንዳሃለወ ከም'ቲ ዝግባእ ግን ኣይማዕበለን። ነዚ ኣማራጺ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ብዝርዝር ክንርእዮ ኢና። ኣቐዲምና ግን፡ ፖለቲካዊ ዝርርብ ከም ሓደ ኣማራጺ ንውድቀት ምልካውያን ስርዓታት ክንርእዮ ኢና።

---

[4] Patrick Sarsfield O'Hegarty, *A History of Ireland Under the Union, 1880-1922* (London: Methuen, 1952) ገጽ 490-491።

# ክልተ

## ሓደጋታት ዝርርብ (ዘተ)

ክም'ቲ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ዝረኣናዮ፡ ገለ ሰባት ንምልኪ ኣብ ምግጣም ፈተነታት ምስ ዝጽንክሮም፡ ልኡም ተንበርካኽነት ክሰንፎም ይኽእል። ገለ 'ውን ካብ ተስፋ ምቑራጽ ዝተለዓለ፡ ምስ ዕሉል ምልካዊ ስርዓት "ብዕርቂ፣" "ብሕድገትን" "ዝርርብን" ገለ ኣወንታዊ ውጽኢታት ክርከብ ዝኽእል ኮይኑ ይስመዖም። ካልእ ኣማራጺ ኣብ ዘይብሉ ኩነታትን ብደጊኡ ክርእ እንክሎን እዚ ሓሳብ'ዚ ቅቡል ክመስል ይኽእል'ዩ።

ኣንጻር ባርባራውያን መለኽቲ ዝግበር ዕቱብ ቃልሲ ዘሕጉስ ነገር ኣይኮነን። ስለምንታይ ግን ናብ ክምኡ ዝበለ መገዲ ምኻድ ኣድለየ፧ ቅቡል ብዝኾነ መገዲ ተዘራሪብካ፡ ብዘተ፡ ዘገምታዊ ውድቀት ምልኪ ክረጋገጽ ኣይክእልን ድዩ፧ ዲሞክራስውያን፡ ብሓባራዊ ሰብኣዊ መረዳእታታት ንመለኽቲ ከእምንዎም፡ ቀስ ብቐስ ድማ ስልጣን ክም ዘረክቡን ዲሞክራሲ ክም ዝተኽሉን ክገብርዎም ኣይኽእሉን ደዮም፧

ሓቂ ኩሉ ግዜ ምስ ሓደ ወገን ጥራይ ኣይኮነትን ዝብል ሙጉት ኣሎ። ምናልባት 'ውን መለኽቲ ኣብ ፈታኒ ኩነታት ቅንዕና ብዝጎደሎ ተበግሶ ይሰርሑ ምህላዎም ዲሞክራስውያን ኣይተረድኡሎምንዶ ይኾኑ፧ ምናልባት 'ውን ገለ ሰባት፡ መለኽቲ መተባብዒ ምስ ዝረኽቡ ጥራይ'ዮም ካብ'ቲ በዳሂ ኩነታት ብሰላም ክልግሱ ዝኽእሉ ዝብል እምነት ክህልዎም ይኽእል። መለኽቲ ከይከሰሩ ከልግስሉ ዝኽእሉ መገዲ ክፍጠረሎም ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ 'ውን ክህሉ ይኽእል። ዲሞክራስያዊ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ፡ ነቲ ግርጭት ብኽኢላታት ወይ ብኻልእ መንግስቲ ብዝተደገፈ ዝርርብ ክፈትሖ ፍቓደኛ እንተኾይኑ፡ ዘይተደልየ ክሳራታት ኣብ ምውጋድ ሓጋዚ'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ 'ውን ክህሉ ይኽእል። እዚ ሓሳብ'ዚ ይትረፍ ካብ ወተሃደራዊ ረጽሚ፡ ዋላ ካብ'ቲ ኣህላኺ ምኽኑ ዘይተርፎ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣይሓይሽን'ዶ፧

### ብልጫታትን ሕጽረታትን ዝርርብ

ዝርርብ ንገለ ዓይነት ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ ሓጋዚ መሳርሒ ስለ ዝኾነ፡ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ክንጸግ የብሉን። ኣብ ገለ ኩነታት፡ እቲ ዘካትዕ ዘሎ ነጥብታት መሰረታዊ ምስ ዘይከውን እሞ ድማ ሕድገታት ምግባር ቅቡል ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ነቲ ዘሎ ግርጭት ኣብ ምፍታሕ ዝርርብ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ንወሰኽ ደሞዝ ብዝምልከት ዝግበር ኣድማ ሰራሕተኛታት ዝርርብ ክድመዓሉ ዝኽእል ዝበለጸ ኣብነት እዩ። ብውረድ-ደይብ እቶም ክልተ ወገናት ኣብ ሓደ ክልቲኦም ዝሰማምዕሉ መጠን ክበጽሑ ይኽእሉ። ቀጻልነት ናይ ሓደ ጨካን ምልካዊ ስርዓት ወይ ምርግጋጽ ፖለቲካዊ ሓርነት ግን ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቕስ ኣብነት ኣዝዩ ዝተፈለየ እዩ።

እቲ ዘከራኽር ነጥብታት፡ ክም ንሃይማኖታዊ መትከላት፡ ሰብኣዊ ሓርነት ወይ ንመጻኢ ሓደ ምሉእ ሕብረተሰብ ዝምልከት መሰረታዊ ምስ ዝኸውን ብዝርርብ ንኹሉ ዘዕግብ መፍትሒ ክርከብ ኣይከኣልን። ኣብ ገለ መሰረታዊ ጉዳያት ሕድገት ዝበሃል ክግበር ኣይግባእን። ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ረብሓ ዲሞክራስያውያን ተቓለስቲ ምስ ዝዘብል ጥራይ'ዩ እቲ ዘካትዕ መሰረታዊ ጉዳያት ውሕስነት ክረክብ ዝኽእል። ምዝባል ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ድማ ብዝርርብ ዘይኮነ ብቓልሲ እዩ ዝመጽእ። እዚ ማለት ዝርርብ ፈጺሙ ኣየድልን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ሓያል ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኣብ ዘይብሉ፡ ዝርርብ ንዓንተር ምልካዊ ስርዓት ከውድቕ ዝኽእል ክውንነታዊ መገዲ ኣይኮነን።

ዝርርብ ፈጺሙ ክም ምርጫ ዘይውስደሉ ግዜ ኣሎ። ኣደልዲሎም ዝረገጹ መለኽቲ ውሕስነት ስለ ዝስምዖም ምስ ዲሞክራስያውያን ተቓወምቲ ዝርርብ ክገብሩ

ኣይመርጹን። ዝርርብ ዋላ እንተ ተጀመረ ‘ውን ኣብ ሞንጎኡ እቶም መንጎኛታት ክጠፍኡን ክስወሩን ይኽእሉ።

## ብስም ዝርርብ ስዩም ምባል፧

ንምልኪ ዝቃወሙን ንዝርርብ ዝግድፉን ውልቀ-ሰባት ይኹኑ ጉጅለታት ቅቡል ድርኺታት ክህልዎም ይኽእል'ዩ። ብፍላይ ወተሃደራዊ ረጽሚ ኣንጻር ባርባራዊ ምልኪ ብዘይ ገለ ፍረ ንብዙሕ ዓመታት እንተቐጺሉ፡ ኩሎም ሰባት ፖለቲካዊ እምነቶም ብዘየገድስ ሰላም ክብህጉ ግድን እዩ። መለኽቲ ስርዓታት ወተሃደራዊ ጸብልለትነት ምስ ዝህልዎምን ስቓይ ናይ ህዝቢ ድማ ዘይጽወር ኣብ ዝኾነሉ እዋንን ዝርርብ ከም ነጥቢ ክለዓል ይኽእል። ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ፡ ንገለ ዕላማታቱ ንምድሓንን ጎነጽን ግብረ-መልሲ ጎነጽን ዘወግደሉ ካልእ መገድታት ሃሰው ንምባልን ኣብ ከቢድ ፈተነ ይኣቱ።

ብምልካዊ ስርዓት ዝቐርብ፡ ብመገዲ ዝርርብ “ሰላም” ዝመልእኽቱ ዕድመ፡ ብዙሕ ግዜ ቅንዕና ዘለዎ ኣይኮነን። ጎነጽ፡ መለኽቲ ባዕላቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝኣወጅዎ ሖናት ደው ምስ ኣበልዎ ከቋርጽ ዝኽእል ጉዳይ እዩ። ብዘይ ዝኾነ ዋጋ-ዕዳጋ፡ ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ሰብኣዊ ክብርን መሰልን ናብ ንቡር ክመልሱ፣ እሱራት ፖለቲካ ክለቁ፣ መግርፍትን ወተሃደራዊ ስርሒታትን ከቋርጹ፣ ካብ መንግስታዊ ስልጣን ተኣልዮም ንህዝቢ ይቕረታ ክሓቱ፣ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ምልኪ ሓያል ምስ ዝኸውን ግን ከኣ ብርቱዕ ተቓውሞ ምስ ዝገጥሞ፡ ብምስምስ “ሰላም” ዝርርብ ንግበር ኢሎም፡ መለኽቲ ንተቓወምቲ ኢዶም ከም ዝህቡ ክገብርዎም ይኽእሉ። እቲ ንዝርርብ ዝቐርብ ጻውዒት ዘእምን ክመስል ዝኽእል ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ናይ ዝርርብ ቦታ ግን ሓደገኛ ድብያ ክጋጥም ይኽእል'ዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ተቓውሞ ኣዝዩ ሓያል ኣብ ዝኾነሉን ምልካዊ ስርዓት ድማ ብሓቂ ኣብ ዝሰግኣሉን ግዜ፡ መለኽቲ ንሃብቶምን ግዝኣቶምን ክዕቅቡ ክብሉ ኣብ ዝርርብ ክኣተው ይኽእሉ። ዲሞክራስያውያን ብዝኾነ መገዲ መለኽቲ ሸቶኦም ክወቕዑ ዕድል ክህብዎም ኣይግባእን።

ዲሞክራስያውያን፡ ኮነ ኢልካ ብስም ዝርርብ ንዝዳሎ መጻወድያታት መለኽቲ ክጥንቀቕሉ ይግባእ። መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሓርነታት ኣብ ምልክት ሕቶ እንክሎ፡ መለኽቲ ‘ውን ኣብ ጎነጽ ጸኒዖም እንከለው፡ ዝግበር ናይ ጻውዒት ዝርርብ፡ ዲሞክራስያውያን ኢዶም ክህቡ ንምድፍፋእ ዝግበር ፈተነ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዝርርብ ክህሉ ዝኽእል፡ ኣብ ኣጋ መወዳእታ እቲ ቓልሲ፡ መለኽቲ ስልጣኖም ምስ ተዳኸመን ንኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ገጾም ውሕስ መውጽኢ መገዲ ኣብ ዝደልይሉን፡ ናይ መወዳእታ ሰዓታት ጥራይ እዩ።

## ሓይልን ፍትሕን ኣብ ዝርርብ

እዚ ብዛዕባ ዝርርብ ቀሪቡ ዘሎ ርእይቶ ትርር ዝብል እንተመሲሉ፡ ብዛዕባ ዝርርብ ክህሉ ዝኽእል ትስፉው ኣረኣእያታት ልዝብ ክብል ይግብኦ። ዝርርብ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ንምፍላጥ ንጹር ኣተሓሳስባ የድሊ።

ዝርርብ ማለት እቶም ክልተ ወገናት ብሓደ ኮፍ ኢሎም፡ ግርጭት ንዘበገሰ ፍልልያቶም ብማዕረ ተዘራሪቦም ይፈትሕዎ ማለት ኣይኮነን። ክልተ ክዝከር ዝግበኦ ነገራት ኣሎ። ብቐዳምነት፡ ኣብ ዝርርብ ንትሕዝቶ ስምምዕ ዝርርብ ዝውስን፡ ተዛማዲ ፍትሓውነት ናይቶም ተገራጨውቲ ሓሳባትን ዕላማታትን ኣይኮነን። ካልኣይ፡ ትሕዝቶ ስምምዕ ዝርርብ ብብቕዓትን ሓይልን ናይ ክልቲኦም ወገናት ዝወሰን ጉዳይ እዩ።

ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግበኦ ብዙሕ በዳሂ ሕቶታት ኣሎ። ሓደ ወገን፡ ነቲ ኣብ ጠረቤዛ ዘተ ዝተሰማማዓሉ ውዕል እንተዘይኣማሊኡ፡ እቲ ሓደ ወገን ዕላማታቱ ከዐውት እንታይ ክገብር ኣለዎ፧ ሓደ ወገን፡ ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ቃሉ ብምዕጻፍ፡ ንዕላማታቱ ብዝጥዕሞ መገዲ ከተግብር ምስ ዝህቅን እቲ ሓደ ወገን እንታይ ይገብር፧

ብዛዕባ ሕመቕን ጽባቐን ናይ'ቶም ዘከራኽሩ ነጥብታት ብዝግበር ገምጋም፡ ዝርርብ ስምምዕ ክርከቦ ኣይክእልን። ብዛዕባኦም ብዙሕ ክበሃል ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡

ካብ ዝርርብ ሓቀኛ ውጽኢት ክርከብ ዝኽእል ፍጹምን ተዛማድን ኩነታት ሓይሊ ናይ'ቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ብገምጋም እዩ። ዝተሓተ ጠለባቶም ንኸይጉሰ ዲሞክራስያውያን እንታይ ክገብሩ ይግባእ፧ መለኸቲኸ ኣብ ስልጣን ንምጽናሕን ንዲሞክራስያውያን ንምዝሃምን እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፧ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ስምምዕ ክርከብ እንተኾይኑ፡ ነፍሲ-ወከፍ ወገን ናይ ክልቲኡ ወገን ሓይሊ ናይ ምምዛን ግምት ምስ ዝህልዎን ክፉት ቃልሲ ብኸመይ ክዛዘም ይኽእል ኢሉ ምስ ገመተን ጥራይ እዩ።

ነፍሲ-ወከፍ ወገን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ እንታይ ሕድገታት ይገብር ከም ዘሎ ምፍላጥ 'ውን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዕውት ዝርርብ ሕድገታት፣ ምጽባብ ናይ ፍልልያት ኣሎ። ነፍሲ-ወከፍ ወገን ካብ'ቲ ዝደለዮ ገለ ነገር ይረክብ፧ ካብ ዕላማታቱ ድማ ገለ ክፋል ይሓድግ።

ሕሉፋት ምልካውያን ስርዓታት ኣብ ዘጋጥምሉ ግዜ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት እንታይ ዓይነት ሕድገታት ክገብሩ ይኽእሉ፧ ካብ ዕላማታት ናይ'ቶም ምልካውያን ስርዓታትከ ነየናይ ይቕበሉ፧ እቲ ምልኪ (ሰልፊ ድዩ ወትሃደራዊ ጃንዳ ብዘየገድስ) ኣብ'ቲ ዝትከል መንግስቲ ብቕዋም ዝተለለየ ተራ ክህልዎ ዲሞክራስያውያን ተቓወምቲ የፍቅድሉዶ፧ ከምኡ እንተጌሮምከ ዲሞክራሲ ኣበይ ኣሎ፧

እዚ ኣብ ዝርርብ ከጋጥም ዝኽእል ነገራት እዩ ኢልና ዋላ እንተገመትና፡ ሓደ ሕቶ ግን ክንሓትት ይግባእ። እንታይ ዓይነት ሰላም ክርከብ ይኽእል፧ ሽዑ ዝህሉ ሂወት'ከ ካብ'ቲ ዲሞክራስያውያን ቃልሲ ቅድሚ ምጅማሮም ወይ ድማ ምቕጻሎም ዝነበሮ ይሓይሽዶ ይገድድ፧

## "ዝቃደዉኻ" መለኸቲ

መለኸቲ ንዕብለላ ዝድርኾም ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣለው። ንሳቶም ድማ ከም ስልጣን፣ ቦታ፣ ሃብቲ፣ ንሕብረተሰብ ቅርጺ ምትሓዝን ካልኦትን የጠቓልሉ። መለኸቲ ናይ ምቁጽጻር ቦትኦም እንተገዲፎም ካብ'ዚኣቶም ሓደ'ኳ ኣይህልዎምን። ኣብ ዝርርብ እንተኣተዉ 'ውን ንዕላማታቶም ክዕቅቡ እዮም ዝደልዩ።

ኣብ ዝኾነ ዝርርብ፡ ብመለኸቲ ብዛዕባ ዝወሃብ መብጽዓ ሓደ ነገር ክዝንጋዕ የብሉን። ንዲሞክራስውያን ተቓወምቲ ንምንብርካኽ ክብሉ መለኸቲ ዝኾነ ዓይነት መብጽዓ ክኣትዉ ከም ዝኽእሉ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ከም'ዚ ዓይነት መብጽዓ ድማ ከይሓነኾ ብኡ ንብኡ ይጠልምዎ።

ተቓወምቲ ካብ ጨቆንቲ ምሕረት ክንረክብ ኢና ብዝብል ተስፋ ተቓውሞ ከቋርጹ እንተደኣ ተሰማሚዖም ዘይወጽእ ጣዕሳ ክኾኖም ይኽእል። ምቁራጽ ተቓውሞ ንጭቆና ይንክዮ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ውሽጣውን ዓለምለኻውን ተቓውሞ ዝግ ምስ በለሎም፡ መለኸቲ ምልኮም ከትርሩን ንባርባራውነት ብዘበኣሰ ክቕጽልዎን ይኽእሉ። ምቁራጽ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ንባርባራዊ ምልኪ ዓጋቲ ክኸውን ዝኽእል ሓይሊ ምእላይ ማለት እዩ። እዚ እንተተጌሩ ድማ መለኸቲ ንዝደለይዎ ሰብ ክሃድኑ ይኽእሉ። ክሪሽናላል ሽሪዳራኒ ከም ዝበሎ፦ "መለኸቲ ነቲ ክንጻወሮ ዘይንኽእል ነገራት ጥራይ እዮም ኣደራዕ ዘውርዱልና።"[5]

ዘከራኽር ጉዳያት መሰረታዊ ምስ ዝኸውን፡ ለውጢ ንምምጻእ ዝርርብ ዘይኮነ ተቓውሞ እዩ ዘድሊ። ኣብ መብዛሕቱ ጉዳያት ከኣ፡ መለኸቲ ንምስዓር ተቓውሞ ግድን ክቕጽል ኣለዎ። ዓወት ብዝርርብ ዘይኮነ፡ ብውሕሉል ኣጠቓቕማ ናይ'ቶም ሓያላትን ልሉያትን ኣገባባት ተቓውሞ እያ ትውሰን። ድሒርና ብዝርዝር ከም እንርእዮ፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ወይ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ሓርነት ክጎናጸፉ ዝደልዩ ተቓለስቲ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ዝሓየለ ኣገባብ እዩ።

---

[5] Krishnalal Shridharani, *War Without Violence: A Study of Gandhi's Method and Its Accomplishments* (New York: Harcount, Brace, 1939, and reprint New York and London: Garland Publishing, 1972) ገጽ 260።

## እንታይ ዓይነት ሰላም፧

መለኽትን ዲሞክራስያውያንን ብዛዕባ ሰላም ክዘራረቡ እንተደኣ ኮይኖም፡ ሓደጋታት ክህሉ ስለ ዝኽእል ብንጹር ምሕሳብ የድልዮም። ኩሉ "ሰላም" ዝብል ንሰላም ምስ ፍትሕን ሓርነትን ይደልያ እዩ ማለት ኣይኮነን። ንልዕሊ ኣማኢት ኣሽሓት ብግፍዒ ምስ ዝጨፍጨፈ ጨካንን ባርባራውን ስርዓት ዝህሉ ተንበርካኽነትን ልምሉም ኣቀራርባን ሓቀኛ ሰላም ማለት ኣይኮነን። ሂትለር ብዙሕ ግዜ ንሰላም ይጽውዕ ኔሩ። ብኣበሃህልኡ ግን ንድሌታቱ ምንብርካኽ ማለት እዩ። ናይ መለኽቲ ሰላም ካብ'ቲ ኣብ መቓብር ወይ ቤት-ማእሰርቲ ክህሉ ዝኽእል ሰላም ዝሓይሽ ኣይኮነን።

ካልእ ሓደጋታት 'ውን ኣሎ። ዘይቅኑዓት መንጎኛታት ንዝርርብን ዕላማታቱን ክጥምዝዝዎ ይኽእሉ ኢዮም። ብተወሳኺ፡ መለኽቲ ብሰንኪ ባርባራውነት፣ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ምብሓት መሓውራት መንግስትን ብውሽጥን ብደገን ስኢኖሞ ዝነበሩ ተቕባል ብመገዲ ተሳታፍነት ናይ ሞንጎኛታትን ተቓወምትን ኣቢሎም ዳግም ክረኽብዎ ይኽእሉ። ምልካውያን ስርዓታት ኣብ ስልጣን ንኽቕጽሉ ተቕባል (ሕጋዊ ተቐባልነት) ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ብዘይ ብኡ ክቕጽሉ ኣይክእሉን። ንሰላም ተባሂሉ ዝግበር ነገራት እምበኣር ተቕባል ክፈጥረሎም ኣይግባእን።

## ስለምንታይ ንትስፎ፧

ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ፡ መራሕቲ ተቓውሞ፡ ኣብ ቃልሲ ተስፋ ምስ ቆረጹ ናብ ዝርርብ ክኣተዉ ይግደዱ ይኾኑ። ከም'ዚ ዓይነት ስምዒት ግን ክቕየር ይኽእል'ዩ። ምልካዊ ስርዓታት ነበርቲ ኣይኮኑን። ኣብ ምልኪ ዝነብሩ ሰባት ብድኹማቶም ክነብሩ ኣይግባእን፧ መለኽቲ ድማ ንዘይተወሰነ እዋን ዓንቲሮም ክቕጽሉ ክግደፉ የብሎምን። ቀደም ዘመን ኣሪስቶትል ከም ዝበሎ፦ " … ገበትትን መለኽትን ስርዓታት ካብ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ስርዓታት ዕድሚኦም ሓጺር'ዩ … ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ምልካዊ ስርዓታት ነዊሕ ኣይሰረሩን።"[6] ዘመናውያን መለኽቲ 'ውን ድኹማት እዮም። ድኽመታቶም ኣጋዲድካ ካብ ስልጣን ምእላዮም ይከኣል እዩ። (ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ነቶም ድኽመታት ብዝርዝር ክነጽንዮም ኢና።)

ኣብ ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ፡ ድኽመት መለኽቲ ጎሊሑ'ዩ ተራእዩ። ብተዛማዲ መለኽቲ ቀልጢፎም እዮም ዝወድቁ። ኣብ ፖላንድ ዝነበረ ምልኪ ንኽወድቕ ዓሰርተ ዓመታት - 1980-1990 - ወሲድሉ፧ ኣብ ምብራቕ ጀርመንን ቸኮዝሎቫክያን ኣብ ውሽጢ ሰሙናት፡ ኣብ 1989 ተጋሂዱ። ኣብ ኤልሳቫዶርን ጓቴማላን ዝነበሩ ባራባራዊ ወተሃደራዊ ስርዓታት፡ ኣብ 1944 ክወድቁ እንከለዉ ብገምጋም ናይ ሰሙናት ግዜ ጥራይ እዩ ወሲዱሎም። ኣብ ኢራን ዝነበረ ናይ ሻህ ወተሃደራዊ ምልኪ ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ ዓንዩ። ኣብ 1986፡ ናይ ፍሊፒንስ ምልካዊ ስርዓት ማርኮስ ኣብ ሰሙናት ወዲቑ። ተቓወምቲ ብርኡይ እንዳሓየሉ ምስ ከዱ፡ ኣመሪካ ንፕረሲደንት ማርኮስ ብቕልጡፍ ከም ዝወጽእ ጌራ። ኣብ ነሓሰ 1991፡ ኣብ ሕብረት ሶቭየት ብኣኽረርቲ ዝተወጠነ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ብናይ መዓልታት ፖለቲካዊ ኣብያ ፈሺሉ። ብሕሪኡ ኩለን እተን ተዓብሊለን ዝነበራ ግዝኣታት ኣብ መዓልታት፣ ሰሙናትን ኣዋርሕን ናጽነተን ደጊመን ኣረጋጊጸን።

ጎነጻዊ ቃልሲ ስሉጥ፡ ዘይጎነጻዊ ድማ ድንጉይ ዝብል ነዊሕ ዝጸንሐ መረዳእታ ግጉይ እዩ። መምስ ኩነታቱን ሕብረተሰብን ተዛሚዱ ክርኣ እንከሎ፡ ንውሕ ዝበለ ግዜ ዘድየሉ እዋናት ዝህሉ'ኳ እንተኾነ፡ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ 'ውን ቅልጡፍ ለውጢ ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ንኣዕናዊ ሆናትን ዓብላልነትን ዝርርብ እንኮ ኣማራጺ ኣይኮነን። ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብነታት ከምኡ 'ውን ኣብ ምዕራፍ ሓደ ዝቐረበ መብርህታት ከም

---

[6] Aristotle, *The Politics*, transl. by T. A. Sinclair (Harmondsworth, Middlesex, England and Baltimore, Maryland: Penguin Books 1976 [1962]), Book, V, Chapter 12 ገጽ 231፣ 232።

**ዝሕብሮ፡ ሰላምን ሓርነትን ኣጣሚሮም ንዘደልዩ ካልእ ኣማራጺ ኣሎ፧ ፖለቲካዊ ኣብያ።**

# ሰለስተ

# ስልጣን ካበይ ይመጽእ፧

ሰላምን ሓርነትን ዝዓሰሎ ሕብረተሰብ ምህናጽ ቀሊል ኣይኮነን። ብሉጽ ስትራተጅያዊ ክእለት፣ ውዳበን ውጥንን ይሓትት። ልዕሊ ኩሉ ግን ፖለቲካዊ ሓይሊ ‘ውን ይሓትት እዩ። ዲሞክራስያውያን፡ ንገዛእ ሓይሎም ብዓድማዕነት ናይ ምጥቃም ክእለት ክሳብ ዘየጥረዩ፡ ንመላኺ ስርዓት ኣልጊሶም ፖለቲካዊ ሓርነት ከስፍኑ ክትስፌዉ ኣይግብኦምን።

እዚ ግን ብኸመይ ይክኣል፧ ዲሞክራስያውያን፡ ንሓደ ሰፊሕ ዝመርበቡ ሓይሊ ሰራዊትን ፖሊስን ዝውንን ምልኪ፡ ከልግስ ዝኽእል ሓይሊ ብኸመይ ክውድቡ ይኽእሉ፧ መልሲ ናይ’ዚ ኣብ’ቲ ብዙሕ ግዜ ግምት ዘይወሃቦ ተረድኦ ፖለቲካዊ ሰልጣን ይርከብ። ነዚ መንቋሕቋሕታ’ዚ ምፍላጥ ዘጸግም ኣይኮነን። ገለ መሰረታዊ ሓቅታት ምፍላጥ ጥራይ እኹል እዩ።

## ዛንታ “ጎይታ ህበይ”

እቲ ብዙሕ ግምት ዘይወሃቦ ዝበልናዮ ኣምር ፖለቲካዊ ስልጣን፡ ልዩ-ጂ ብእተባህለ ቻይናዊ፡ ኣብ መበል ኣሰርተው ኣርባዕተ ክፍለ-ዘመን ዝተጻሕፈ ጽውጽዋይ፡ ብኣብነታዊ መገዲ ብኸም’ዚ ዝስዕብ ይገልጾ፦[7]

> ኣብ ሃጸያዊት ሃገረ-ቹ፡ ሓደ ብኣህባይ ዝግልገል ዓቢ ሰብኣይ ነበረ። ሰባት ድማ “ጁ ጎንግ” (ጎይታ ህበይ) ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ።
>
> እቲ ሰብኣይ ንግሆ፡ ንግሆ ነተን ኣህባይ ኣብ ቅርዓቱ ይእክበን’ሞ፡ ነታ ካብ ኩለን ዝዓበየት ህበይ መሪሓተን ናብ መሮር ክትከይድ፡ ካብኡ ድማ ፍረታት ማእሪረን ከመጻ ይእዝዘን ነበረ። ኩለን እተን ኣህባይ ካብ’ቲ ዝማእረርኦ ፍረታት ሓደ ዕስሪት ነቲ ዓቢ ሰብኣይ ይህበኦ ነበራ። እተን ከምኡ ዘይገብራ ድማ ብዘይ ንሕስያ ይግረፋ ነበራ። እተን ኣህባይ ብሕሱም ይሳቐያ’ኳ እነተነበራ ዕሚም ክብላስ ኣይደፈራን።
>
> ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ንእሽቶ ህበይ፡ ነተን ካልኦት ኣህባይ ከም’ዚ ክትብል ሓተተተን፦ “ነዚ ኹሉ ኣግራብን ኣቚጽልትንሲ እዚ ዓቢ ሰብኣይ ባዕሉ ደዩ ተኺልዎ፧” እተን ካልኦት ድማ ከም’ዚ በላኣ፦ “ኣይፋሉን፡ ባዕሉ ዝበቖለ እዩ።” እታ ንእሽቶ ህበይ መሊሳ ሓተተት፦ “እሞ ብዘይ ፍቓዱ’ዶ ፍረታታት ክንወስድ ኣይንእኽእልን፧” እተን ካልኦት ድማ ትቕብል ኣቢለን፦ “እወ ክንወስድ ንኽእል” በላ። እታ ንእሽቶ ህበይ ቀጺላ፦ “እሞ ስለምንታይ ድኣ ጽግዕተኛታት ናይ’ዚ ዓቢ ሰብኣይ ንኸውን፧ ስለምንታይ ኩልና ነግልግሎ ኣሎና፧”
>
> እታ ንእሽቶ ህበይ ዘረባኣ ቅድሚ ምውዳኣ እተን ካልኦት ኣህባይ ኩለን ነቕሓን ተበራበራን።
>
> ሸው ምሸት፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ደቂሱ ብዝራኣያኦ፡ ነቲ ተሓጺረናሉ ዝነበራ ኳና ኣፍሪሰን፡ ነቲ ኣእማን ኩሉ ዓነውነው ኣበላኦ። እቲ ዓቢ ሰብኣይ ኣብ መኽዘን ከዚንዎ ዝነበረ ፍረታት ሒዘን ድማ ሓንሳብን ንሓዋሩን ናብ ጫካታት ኣተዋ። እቲ ዓቢ ሰብኣይ ድማ ብጥሜት ሞተ።

[7] መበቆላዊ ኣርእስቲ ናይ’ዚ ታሪኽ’ዚ “ግዝኣት ብሽጣራ” (Rule by Tricks) ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ዩ-ሊ-ዚ ዝብል ብሲድኒ ታይ እተተርጎመ መጽሓፍ ናይ ልዩ-ጂ እዩ (1311-1375)። ዩ-ሊ-ዚ ናይ ልዩ-ጂ ስም-ብርዒ እዩ። እቲ ትርጉም መጀመርታ ኣብ *Nonviolent Sanctions: News from the Albert Einstein Institution* (Cambridge, Mass.), Vol. IV, No. 3 (Winter 1992-1993) ገጽ 3 እተሓትመ እዩ።

ብኣበሃህላ ዩ-ሊ-ዚ፦ “ገለ መራሕቲ ንህዝቦም ብቕንዕና ዘይኮነስ ብሸፈጥ እዮም ዝገዝኡ።” እዚኣቶም፡ ልክዕ ከም’ቲ ኅይታ ህበይ’ዶ ኣይኮኑን፤ ብዛዕባ ድንጉርነቶም ኣፀርዮም ኣይፈልጡን። ህዝቦም ብዝነቕሐ ድማ ብኡ ንብኡ ሽርሕታቶም ዋጋ ይስእን።

## ቀንዲ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን

እቲ መትከል ቀሊል እዩ። መለኸቲ ብዘይ ናይ’ቲ ዝገዝእዝዎ ህዝቢ ሓገዝ ንምንጪ ፖለቲካዊ ስልጣን ክዕቅብዎ ኣይኽእሉን እዮም። ምንጪ ፖለቲካዊ ስልጣን እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- *መዚ፦* እቲ ስርዓት ተቐባል ኣለዎ፤ ስለዚ ድማ ክንምእዘዞ ሞራላዊ ሓላፍነት ኣሎና ዝብል እምነት ናይ ህዝቢ፣
- *ሰብኣዊ ጸጋታት፦* ቁጽርን ኣገዳስነትን ናይቶም ምስ መራሕቲ (ገዛእቲ) ዝተሓባበሩ፡ ዝእዘዙን ዝድግፉን፣
- *ፍልጠትን ክእለትን፦* እቲ ስርዓት ገለ ተግባራት ንምፍጻም ዘድልዮን ካብቶም ተሓጋገዝቲ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ድማ ዝረኽቦ፣
- *ዘይግኡዝ (ረቀቕቲ) ረቛሒታት፦* ሰባት ንስርዓታት ክእዘዙን ክተሓባበሩን ዝደፋፍእዎም ስነ-ኣእምሮኣውን ስነ-ሓሳባውን ረቛሒታት፣
- *ነገራዊ (ንዋታዊ) ጸጋታት፦* እቶም መራሕቲ ንንብረት፡ ባህርያውን ፋይናንስያውን ጸጋታት፣ ቁጠባዊ ሂወት፣ ናይ መራኸብን መጎዓዝያን መስመራት ናይ ምቁጽጻር ዝህልዎም ዝለዓለ ዕድል፣
- *እገዳታት፦* እቲ ስርዓት ንኸህሉን ክቕጽልን ካብ ዘድልይዎ ቀንዲ ነገራት፡ ተምበርካኽነትን ምትሕብባርን ንምርግጋጽ፡ ኣንጻር ኣብያን ዘይምትሕብባርን ክውሰድ ዝኽእል ጽኑዕ ወይ መፈራርሒ መቕጻዕታት።

ይኹን እምበር፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ተምበርካኽነትን ምእዛዝን ናይ ህዝቢ፣ ምትሕብባር ናይ ብዙሓት ዜጋታትን ትካላትን ዝተሞርኮሱ እዮም። ውሑሳት ድማ ኣይኮኑን።

ምሉእ ምትሕብባር፣ ምእዛዝን ደገፍን ንምንጭንታት ስልጣን ዘራጉዱ ኮይኖም፡ ከም ሳዕቤኑ ናይ ሓደ መንግስቲ ስልጣን ኣብ ምዕንታር ‘ውን ተራ ኣለዎም።

ብኻልእ መዳይ፡ ጨቆንቲ፡ ህዝባውን ትካላውን ደገፍ ከም ዝስእኑ ምግባር፡ ነቲ መሰረት ህላወኦም ዝኾነ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን የጉድሎ ጥራይ ዘይኮነስ ጨሪሹ ‘ውን ከንጽፎ ይኽእል እዩ። ብዘይ እዞም ምንጪታት እዚኣቶም ድማ ጨቆንቲ ይዳኸሙን ይወድቁን።

መለኸቲ፡ ብባህሪኦም ድልየቶም ካብ ምግባር ብዝዓግቶም ነገራትን ሓሳባትን ተነቀፍቲ እዮም። ስለዚ ምእዛዝ ንዝኣበዩ፣ ንዝኣደሙ፣ ወይ ምትሕብባር ንዘየርኣዩ ክቐጽዑን ከፈራርሁን ናይ ግድን እዩ። እዚ ግን፡ መወዳእታ ናይ’ቲ ታሪኽ እዩ ማለት ኣይኮነን። ጭቆናን ጭካነን ናይ ግድን ኣይኮነን ኩሉ ግዜ እቲ ዝድለ ተምበርካኽነትን ምእዛዝን ከኽትል።

ብኣንጻር ናይ’ቲ ዝህሉ ጭቆና፡ ምንጭታት ስልጣን ንዝተወሰነ ግዜ ክዕገት እንተኽኢሉ፡ ኣብ’ቲ ስርዓት ዘይምትእምማንን ምድንጋርን ክፈጥር ይኽእል እዩ። ነዚ ድማ ርኡይ ድኽመት ስልጣን ናይ’ቲ ዘሎ ምልኪ ክስዕቦ ቀሊል እዩ። ምስ ግዜ፡ ምዕጋት ምንጭታት ስልጣን፡ ኣብ’ቲ ስርዓት ርኡይ ድኽመትን ለምስን ኣኸቲሉ ናብ ውድቀት ‘ውን ከብጽሖ ይኽእል። ፖለቲካዊ ደገፍ ዝሰኣነ መላኺ፡ ሓይሉ ቀስ ብቐስ ወይ ‘ውን ቀልጢፉ ይመውት።

ኣብ ዝኾነ መንግስቲ ዝህሉ ደረጃ ሓርነት ወይ ምልኪ ምስ’ቲ እቶም ተጨቆንቲ ነጻ ንምዃን ዝህልዎም ትብዓት ወይ ድማ ንዘይምጽዓድ ዘርእይዎ ቅሩብነትን ክእለትን ተዛሚዱ ዝርአ ጉዳይ እዩ።

ብኣንጻር ናይ’ቲ ህቡብ ኣረዳድኣ፡ ገበትቲ ዝበሃሉ መለኽቲ ስርዓታት ‘ውን ከይተረፉ፡ ጽግዕተኛታት ናይ’ቲ ዝገዝእዝዎ ሕብረተሰብ እዮም። ካርል ዳች እተባህለ ፖለቲከኛ ብ1953 ከም ዝበሎ፦

> ገባቲ (ወናኔ-ኩሉ) ስርዓት ብዙሕ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል እንተኾይኑ ጥራይ’ዩ ዓንተር ዝኸውን። ገባቲ ስርዓት ብቐጻሊ ኣንጻር ህዝቢ ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሉ፡ ንነዊሕ እዋን ዓንቲሩ ክቕጽል ኣይክእልን። ገበትቲ ስርዓታት፡ ህዝቢ ንምብርካኽ ካብ ካልእ ዓይነት ስርዓታት ንላዕሊ ሓይሊ ስለ ዘድልዮም፡ ብዝያዳ ኣብ’ቲ ናይ’ቲ ህዝቢ ናይ ምእዘዛ ጠባይ እዮም ዝምርኮሱ። ልዕሊ እዚ ድማ ደገፍ ናይ’ቲ ኣገዳሲ ዝበሃል ክፋል ሕብረተሰብ ከውሕሱ ‘ውን የድልዮም።[8]

እቲ ናይ መበል ዓሰርተው ትሽተዓ ክፍለ-ዘመን፡ እንግሊዛዊ ክኢላ ስነ-ሕጊ ጆን ኦስቲን፡ ዘይዕጉብ ህዝቢ ዝገጠሞ ምልኪ እንታይ ከም ዝመስል ብኸም’ዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ኔሩ። ዝበዝሐ ህዝቢ እንተደኣ ነቲ መንግስቲ ከውድቖ ወሲኑ፡ ነዚ ንምግባር ድማ ጭቆና ክጻወር እንተደኣ ድሉው ኮይኑ፡ እቲ እተጸልአ መንግስቲ ዋላ ‘ውን ብሓገዝ ደገፍቱን ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ስልጣኑ ክዕቅብ ኣይክእልን እዩ። ሓንሳብ እምብለይ ዝበለ ህዝቢ፡ ደጊሙ ክምብርከኽን ክምእዘዝን ኣይክእልን፡ ክብል ኦስቲን ይድምድም።[9]

ኣቐዲሙ ‘ውን ኒኮሎ ማክያቬሊ ከም’ዚ ዝስዕብ ክብል ገሊጹ ኔሩ፦ “ … ህዝቢ ብሙሉኡ ዝጸልኦ ልዑል ነብሱ ካብ ሓደጋ ከድሕን ኣይክእልን እዩ። ጭካነኡ እንዳገደደ ብዝኸደ ድማ መንግስትነቱ እንዳኸመ ይኸይድ።”[10]

ከም’ቲ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ዝተገልጸ፡ ግብራዊ ፖለቲካዊ ኣተረጓጉማ ናይ’ዚ ሓሳብ’ዚ ብተባዕ ተቓውሞ ነርወጃውያን ኣንጻር ጎበጣ ናዚ ከምኡ ‘ውን ብእምቢታ ፖላንዳውያን፣ ጀርመናውያን፣ ቸክ፣ ስሎቫክን ካልኦትን ኣንጻር ምልኪ ዴስነት ተራእዩስ ኣብ መወዳእታ ድማ ውድቀት ዴስነት ኣብ ኤሮጳ ኣስዒቡ። ብርግጽ እዚ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ፈላሚ ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ብውሑዱ ኣብ 494 ዓመት ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ከም እተራእየ ይእመነሉ። እዚ ዘመን’ዚ ኣብ ሮማ ዝነበሩ ሸቃሎ ንጎይቶቶም ምእዛዝ ዝኣበይሉ ዘመን እዩ።[11] ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ዓለም፦ ኤስያ፣ ኣፍሪቃ፣ ኣመሪካ፣ ኣውስትራሌዥያ፣ ደሴታት ፓሲፊክን ኤሮጳን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ህዝብታት ኣብ ግብሪ ኣውዒሎሞ እዮም።

ስልጣን ናይ ሓደ መንግስቲ ክሳብ ክንደይ ጽኑዕን ዘይጽኑዕን ምዃኑ ንምፍላጥ ካብ ዝሕግዙና ቀንዲ ረቛሒታት እቶም ሰለስተ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦ (1) ኣብ ስልጣን መንግስቲ ደረት ንምግባር ዝህሉ ናይ ህዝቢ ተዛማዲ ድሌት፣ (2) ናይ ዜጋታትን ትካላቶምን ምንጭታት ስልጣን ብሓባር ናይ ምዕጋት ተዛማዲ ሓይልን (3) ህዝቢ ምትሕብባሩን ደገፉን ንኸቋርጽ ዘለዎ ተዛማዲ ክእለትን።

## ሕመረታት ዲሞክራስያዊ ስልጣን

ሓደ ካብቶም ቀንዲ መለለዪ ጠባያት ናይ ዲሞክራስያዊ ሕብረተሰብ፡ ህላወ ናጻ ዘይመንግስታውያን ጉጅለታትን ትካላትን እዩ። እዚ ድማ ንኣብነት ቤተሰባዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፣ ስፖርታዊ፣ ቁጠባውን ንግዳውን ማሕበራት ወይ ትካላት፣ ናይ

---

8 Karl W. Deutsch, “Cracks in the Monolith,” in Carl J. Friedrich, ed., *Totalitarianism* (Cambridge, Mass.: Harvard University Press, 1954) ገጽ 313-314።

9 John Austin, *Lectures on Jurisprudence or the Philosophy of Law* (Fifth Edition, revised and edited by Robert Campbell, 2 vol., London: John Murray, 1911 [1861], Vol. I ገጽ 296።

10 Niccolo Machiavelli, “The Discourses on the First Ten Books of Livy,” in *The Discourses of Niccolo Machiavelli* (London: Routledge and Kegan Paul, 1950), Vol. I ገጽ 254።

11 እዚ ዝስዕብ መጽሓፍ ተመልከት፦ Gene Sharp, *The Politics of Nonviolent Action* (Boston: Porter Sargent, 1973), p. 75 and passim for other historical examples.

ተመሃሮን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ምትእኽኻባት፣ ናይ ዓድን ከባብን ማሕበራት፣ ናይ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሕርሻ፣ ሙዚቃ፣ ስነ-ጽሑፍን ካልእን ማሕበራት የጠቓልል። እዘን ኣካላት እዚኣተን ብዘይካ ዕላማታተን ኣብ ምትግባር ሕብረተሰብኣዊ ጠለባት ኣብ ምምላእ 'ውን ኣገደስቲ እየን።

ኣብ ርእሲ እዚ ዘለወን ፖለቲካዊ ኣገዳስነት 'ውን ዕዙዝ'ዩ። ህዝቢ ኣብ ኣንፈት ጉዕዞኡ ጽልዋ ከሕድረሉ ዝኽእል ጉጅለኣውን ትካላውን ሰረት ብምንጻፍ፡ ካልኦት ጉጀለታት ወይ 'ውን መንግስቲ ኣብ ረብሓታተን ዕላማታተንን ንጥፈታተንን ብዘይ ፍትሓዊ መገዲ ምትእትታው ምስ ዝገብሩ ብትሪ ይቃወማ። ካብኣተን ወጻኢ ዝህልዉ ውልቀ-ሰባት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሕብረተሰብ ርኡይ ጽልዋ ክህልዎም ኣይክእልን። ንመንግስቲ፡ ብፍላይ ድማ ንመለኽቲ ስርዓታት ክጸልዉ ድማ ፈጺምካ ዘይሕሰብ እዩ።

ከም ሳዕቤኑ፡ ናጽነትን ነብሰ-ምሕደራን ናይ ከምዚኣን ዝኣሰመሰላ ኣካላት እንተደኣ ብመለኽቲ ተመንዚዑ፡ ብተዛማዲ ህዝቢ 'ውን ረዳኢ ይስእን። ብተወሳኺ፡ እዘን ትካላት እዚኣተን ንገዛእ ርእሰን እንተደኣ ብምልካዊ ምሕደራ ናይ'ቲ ዘሎ ስርዓት ዝመሓደራ ኮይነን፡ ወይ ድማ ብኻልኦት ተዘወርቲ ትካላት እንተደኣ ተተኪኤን፡ መሳርሒ ዕብለላ ናይ ኣባላተንን ሕብረተሰብን ኮይነን እየን ዝተርፉ።

ይኹን እምበር፡ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ዝኾነ ነብሰ-ምሕደራን ናጽነትን ናይ'ዘን ከም'ዚ ዝኣመሰላ በርጌሳውያን ትካላት እንተደኣ ተዓቂቡን ተሓልዩን፡ ንፖለቲካዊ ኣብያ ምቹኣት ባይታ ክኾና ይኽእላ። ኣብ መብዛሕትኡ መለኽቲ ዝወድቅሉ ወይ ዝደኽምሉ ኩነታት - ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣብነታት - ዝረአ ናይ ሓባር ረቛሒ፡ ትግባረ ተባዕን *ሓፈሻውን* ፖለቲካዊ ኣብያ ብህዝብን ትካላቱን እዩ።

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ሕመረታት ዲሞክራስያዊ ስልጣን፡ ህዝቢ ንምልኪ ዝቃወመሉ ወይ ድማ ጸቕጢ ዝፈጥረሉ ትካላዊ ሰረት የንጽፉ። ኣብ መጻኢ መሰረትን ቅርጽን ናይ ሓራ ሕብረተሰብ፡ መተካእታ ዘይብለን ኣካላት እየን። ቀጻልነተን፣ ዕብየተንን ናጽነተንን ድማ ንዕዉት ሓርነታዊ ቓልሲ ኣገዳሲ ቅድመ-ኹነት እዩ።

ምልካዊ ስርዓት፡ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ናጻ ኣካላት እንተ'ዕንይዎን እንተ ተቖጻጺርዎን፡ ተቓወምቲ ሓደስቲ ናጻ ማሕበራትን ትካላትን ከቑሙ ወይ ድማ ንዘለዋን ዝተዳኸማን ትካላት እንደገና ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክቆጻጸሩወን ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ'ቲ ናይ 1956-1957 ሃንጋርያዊ ሰውራ፡ ሓያሎይ ዲሞክራስያውያን ምትእኽኻባት ተቐልቂለን፤ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት ድማ ክሳብ ብደረጃ ፌደረሽን ዝተወሃሃዳ ትካላትን ማሕበራትን ተኸሲተን ነይርን። ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት፡ ኣብ ፖላንድ፡ ሽቃሎ ዘይሕጋዊ ማሕበራት ብምቛም ነቲ ብዴስነት ዝተዓብለለ ናይ ንግድ ማሕበራት ተቖጻጺሮሞ። ከም'ዚ ዝዓይነቱ ትካላዊ ምዕባለ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል።

እዚ ማለት ግን ውድቀትን ምድኻምን ምልካውያን ስርዓታት ቀሊል እዩ ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ፈተነታት 'ውን ይዕወት ማለት ኣይኮነን። እቲ ዝካየድ ቃልሲ ክሳራት የብሉን ማለት 'ውን ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እቶም ኣገልገልቲ ምልካዊ ስርዓት ብወገኖም ንህዝቢ ከምበርክኹን ከልምሱን ቃልሶም ክቕጽሉ ግድን ስለ ዝኾነ።

*እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ትንታነ ፖለቲካዊ ስልጣን እምበኣር፡ ውድቀት ምልካውያን ስርዓታት ዘይተርፍ ምዃኑ ንምእማት እዩ።* ምልካውያን ስርዓታት፡ ብውሕልነት ዝትግበር ፖለቲካዊ ኣብያ ንኽይጻወርዎ ዘገድድዎም ፍሉጣት መለለዪ ጠባያት ኣለዉዎም። ነዞም ጠባያት እዚኣቶም ቀጺልና ብዝርዝር ክንርእዮም ኢና።

# ኣርባዕተ

# ምልካውያን ስርዓታት ድኽመታት ኣለዉዎም

ብዙሕ ግዜ ምልካውያን ስርዓታት ዘይሰዓሩ እዮም ዝመስሉ። ትካላት ጸጥታ፣ ፖሊስ፣ ወተሃደራት፣ ኣብያተ-ማእሰርቲ፣ መዳጎኒ መዓስከራትን ረሸንቲ ኣሃዱታትን ውሑዳትን ሓያላትን እዮም ዝቆጻጸርዎም። ጸጋታት፣ ገንዘብን ምህርትን ናይ ሃገር ንዕላማታት ምልካዊ ስርዓት መተግበሪ ተባሂሎም ይራሰዩ።

ብመንጽር'ዚ፡ ዲሞክራስውያን ተቓለስቲ ኣዝዮም ድኹማት፡ ዘይየድምዑን ሓይሊ-ኣልቦን ተመሲሎም ይርኣዩ። እዚ ኣብ መንጎ ዘይተሰዓርነትን ሓይሊ-ኣልቦነትን ዘሎ ዝንቡዕ መረዳእታ ንተቓውሞ ብዙሕ ኣየዐውቶን እዩ።

እቲ ሓቂ ግን ካልእ እዩ።

## ኮርኾረ ኣኪሊስ ምልላይ

ሓደ ካብ ጽውጽውያት ግሪኽ ከም ዘብርሆ፡ ዘይተሰዓሪ መሲሉ ዝርአ ነገር ተሰዓሪ መዳያት ከም ዘለዎ እዩ። ሓደ ኣኪሊስ ዝበሃል፡ ሴፍ ይኹን ማህረምቲ ዘይጎድኦ ውሩይ ተዋጋኢ ነበረ። ኣኪሊስ ብቖልዑ እንከሎ፡ ኣዲኡ ኣብ ስታይክስ ዝተበሃለ ተኣምራታዊ ሩባ ስለ ዘጥለቖቶ፡ ንሱ ካብ ኩሉ ሓደጋት ይከላኸለሉ ዝብል እምነት ነበረ። ሓደ ጸገም ግን ኔሩ። ኣዲኡ ናብ'ቲ ሩባ ከተጥልቖ እንከላ፡ ውሕጅ ሒዝዎ መታን ከይከይድ፡ ብኾርኾረኡ ሒዛ እያ ኣጥሊቓቶ። ስለ ዝኾነ፡ ነታ ንእሽቶ ክፋል ናይ እግሩ እቲ ማይ ሩባ ኣይተንከፋን። ክንዲ ሰብ ምስ ኮነ፡ ንኹሎም ጸላእቱ ብዝኾነ መሳርሒ ዘይሰዓር መሲሉ ተራእዩም። ኣንጻር ትሮይ ኣብ ዘካየዶ ኲናት ግን፡ ሓደ ነቲ ምስጢር ዝፈልጥ ወተሃደር ብዝሃቦ ሓበሬታ መሰረት፡ ኣብ'ታ እንኮ ተነካኢት ዝኾነት ኣካሉ፡ ማለት ኮርኾረኡ፡ ጨሚቶም ስለ ዝወግእዎ ኣኪሊስ ሞይቱ። ክሳብ ሎሚ ድማ እቲ "ኮርኾረ ኣኪሊስ" ዝብል ኣዘራርባ፡ ንናይ ሰብ፣ ውጥን፣ ወይ ትካል ተነካእን እንተተጠቒዑ ድማ ዘየላቡን ድኽመት ንምግላጽ ይጠቅም።

እዚ መትከል እዚ ንባራባራውነት መለኽቲ ብዝምልከት 'ውን ሓቅነት ኣለዎ። ድኽመታቶም ክፍለጥ እንተደኣ ተኻኢሉን እንተደኣ ብልክዕ ተጠቒዑን ብፍጥነትን ብውሑድ ክሳራን ክሰዓሩ ይኽእሉ እዮም።

## ድኽመታት ምልካውያን ስርዓታት

ድኽመታት ምልካውያን ስርዓታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

1. ነቲ ስርዓት ንምንቅስቓስ ዘድሊ ናይ ሰባት፣ ጉጅለታትን ትካላትን ተሓባባርነት ክድረት ወይ ከቋርጽ ይኽእል።

2. ሕሉፍ ፖሊሲታት ናይ'ቲ ስርዓት፡ መምዘኒታቶምን ሳዕቤናቶምን፡ ንህልው ተጋራጫዊ ፖሊሲታት ናይ ምትግባርን ምርዓምን ዓቕምታቱ ክድርትዎ ይኽእሉ።

3. እቲ ስርዓት ንሓድሽ ምዕባለታት ቀልጢፉ ዘይርዕምን ኣብ ኣሰራርሕኡ ድማ ኣሰልቻውን እንዳኾነ ይመጽእ።

4. ንዝነበረ ዕማማት ዝተመደበ ዓቕሚ ሰብን ጸጋታትን ንሓደሽቲ ጠለባት ከማልእ ዝኽእል ኣይከውንን።

5. ታሕተዎት ሓለፍቲ ንላዕለዎት ሓለፍቶም ከየኾርዩ ክብሉ ንውሳነ ዘድሊ ቅኑዕን ምሉእን ሓበሬታ ኣይምግቡን።

6. ስነ-ሓሳብ ክምህምን ይኽእል፤ ጽውጽዋያትን ሕላገታትን ናይ'ቲ ስርዓት ድማ ምቋም ይስእኑ።

7. ንናይ ሰባት ክውንነታዊ ኣተሓሳስባ ዝጸሉ ጽኑዕ ስነ-ሓሳብ ምስ ዝምዕብል፡ ኣብ ክውን ነገራት ክህሉ ንዝግብኦ ኣድህቦ የዘንብዖ።

8. ካብ መጠን ንላዕሊ ጽኑዕ ዝኾነ ምቁጽጻር ከምኡ 'ውን ምንቁልቋል ደረጃ ብቕዓት ምሕደራ፡ ነቲ ስርዓት ዘይስሉጥ ይገብሮ።

9. ውሽጣዊ ትካላዊ ግርጭታት፣ ውልቃዊ ውድድርን ጽልእን ንኣሰራርሓ ምልካዊ ስርዓት ይሃስዮን የጎናድቦን።

10. ምሁራትን ተመሃሮን ብሰንኪ ዘሎ ኩነታት፣ ቀይዲ፣ ጸቕጥን ሃሜንነትን (doctrinalism) ይሰላቸዉ።

11. ህዝቢ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓት ጽልኣት የሕድር፤ ተጠራጣርን ዘይትስፍውን ይኸውን።

12. ደርባዊ፣ ኣውራጃዊ፣ ባህላዊ ወይ ብሄራዊ ፍልልያት ኣዝዩ ይገሃድ።

13. ደረጃ ስልጣን ምልካዊ ስርዓት ዘይርጉእ እንዳኾነ ይኸይድ። ውለቀ-ሰባት ኣብ ሓደ ናይ ሓላፍነት ቦታ ኣይረግኡን። ካብ ሓደ ጽፍሒ ናብ ካልእ ይቀያየሩ፤ ወይ 'ውን ብሓድስቲ ይትክኡ።

14. ኣባላት ፖሊስን ወተሃደራትን፡ ኣንጻር ድሌት ምልካዊ ስርዓት፡ ዋላ ብመገዲ ወተሃደራዊ ዕልዋ ዕላማታቶም ከተግብሩ ይህቕኑ።

15. እቲ ምልካዊ ስርዓት ሓድሽ እንተኾይኑ ክደላደል ግዜ የድልዮ።

16. ዝበዝሕ ውሳነታት፡ በቶም ኣብ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ዘለዉ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ስለ ዝመሓላለፍ፡ ኣብ ውሳነታትን ፖሊሲታን ርኡይ ጌጋታት ይኸሰት።

17. ነዚ ሓደጋት'ዚ ንምውጋድ ክብል እቲ ስርዓት ንውሳነታትን ቁጽጽርን ዘይምእኩል ክገብሮ እንተደኣ ፈቲኑ መሊሱ ስልጣኑ እንዳተባሕጎገ ይኸይድ።

## ንድኽመታት ምልኪ ምጥቃዕ

ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ድኽመታት፡ "ኵርኾረ ኣኪሊስ"፡ ድሕሪ ምልላይ፡ ከም ዝጋደዱ ብምግባር ነቲ ስርዓት ክቕይርዎ ወይ ክስዕርዎ ይኽእሉ።

እቲ መደምደምታ ንጹር እዩ። መለኽቲ ሓያላት መሲሎም እኳ እንተተርኣዩ ድኽመታት ኣለዎም። ውሽጣዊ ዘይብቕዓት፣ ውልቃዊ ውድድራት፣ ትካላዊ ዘይስልጡነት፣ ግርጭታት ኣብ ሞንጎ ትካላትን ኣብያተ-ጽሕፈትን ኣለዎም። እዞም ድኽመታት እዚኣቶም ምስ ግዜ ነቲ ስርዓት ዘይውጽኢታውን ድኹምን ብምግባር፡

ብተለዋዋጢ ኩነታትን ተቓውሞን ከም ዝሰዓር ይገብርዎ። ኩሉ እቲ ስርዓት ዝሕንጽጸ ነገራት ተፈጻሚ እዩ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኩሉ ብሂትለር ዝወሃብ ዝነበረ ትእዛዛት ኣብ ገለ እዋናት ይፍጸም ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቶም ትሕቲኡ ዝነበሩ ይፍጽምዎም ኣይነበሩን። ከም ዝተዓዘብናዮ፡ እቲ ስርዓት ቀልጢፉ ‘ውን ክወድቕ ይኽእል እዩ።

እዚ ማለት ግን፡ መለኽቲ ስርዓታት ብዘይ ክሳራን ሓደጋታትን ክወድቁ ይኽእሉ እዮም ማለት ኣይኮነን። ዝኾነ ንሓርነት ዝግበር ቃልሲ፡ ሓደጋን መጠነኛ ስቓይን ክህልዎ፡ ግዜ ‘ውን ክወስድ ግድን እዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ስሉጥ ዓወት ከምጽእ ዝኽእል ነገር የለን። ይኹን እምበር፡ ንምልኪ በቲ ዝደኸመ ጎድኑ ዝገጥም ቃልሲ፡ ካብ’ቲ ብዝሓየለ ጎድኑ ዝገጥም ኣማራጺ ዝለዓለ ናይ ምዕዋት ዕድል ኣለዎ። እቲ ሕቶ፡ *ከመይ ጌሩ* ከም’ዚ ዓይነት ቃልሲ ክካየድ ይኽእል እዩ።

# ሓሙሽተ

# ኣጠቓቕማ ስልጣን

ወተሃደራዊ ተቓውሞ፡ ንመለኸቲ ኣብ’ቲ ዝሓለየ ጎኖም ደኣ’ምበር ኣብ’ቲ ድኹም ጎኖም ከም ዘየጥቅያም ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ርኢና ኔርና። ሓርነታዊ ቃልስታት፡ ኣብ ወተሃደራዊ ሓይሊ፣ ቀረብ ተተኮስቲ፣ ዘመናዊ ኣጽዋርን ካልእን ብምውድዳር ንገዛእ ነብሶም ኣብ ጽጉም ኩነታት የእትዉ። ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ፡ መለኸቲ ኩሉ ግዜ ጸብለልትነት ክህልዎም ግድን እዩ። ንድሕነት ኢልካ ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምምርኳስ ዘለዎ ሓደጋታት ‘ውን ተገሊጹ እዩ። ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ፡ ንምልካውያን ስርዓታት ብዝርርብ ከተልግሶም ምፍታን ዘኸትሎ ጸገማት ተገሊጹ።

እሞኸ ድኣ፡ ሓደ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ’ዩ ንድኸመታት ምልካውያን ስርዓታት ኣጋዲዱ፡ ንኩነታት ናብ ረብሓታቱ ክቕይሮ ዝኽእል፧ እቲ ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ ዝዘተናሉ ፖለቲካዊ ስልጣን ብኸመይ ዝበለ ተክኒክ ክጭበጥ ይክኣል፧ እቲ ዘሎ ኣማራጺ እምበኣር ፖለቲካዊ ኣብያ እዩ።

ፖለቲካዊ ኣብያ እዚ ዝስዕብ መለለዪ ጠባያት ኣለዎ፦

- ውጽኢት ናይ’ቲ ቓልሲ በቲ ምልካዊ ስርዓት ዝመረጾ ኣገባብ ቃልሲ ክውሰን እዩ ኢሉ ኣይኣምንን።
- እቲ ስርዓት ክብድሆ ኣይክእልን።
- ንድኻማት ናይ’ቲ ምልካዊ ስርዓት ኣጋዲዱ ንምንጭታት ስልጣኑ ክጥቀመሉ ይኽእል።
- እንተደለኻ ኣስፊሕካ፡ እንተደለኻ ድማ ንጽብብ ዝበለ ዕላማታት ክትትግብሮ ትኽእል።
- ነቶም ምልካውያን ስርዓታት ናብ ግጉይ ፍርድን ተግባርን ይመርሖም።
- ጨካን ዕብለላ ዉሑዳት ንኽብቅዕ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ንሕብረተሰብ፣ ህዝባውያን ጉጅለታትን ትካላትን ብኣድማዕነት ክጥቀመሎም ይኽእል።
- ኣብ ሕብረተሰብ፡ ኣድማዒ ዝርገሐ ስልጣን ከም ዝህሉ ይገብር፧ ንህንጸትን ክንክንን ዲሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ድማ የቃልሎ።

## ኣተገባብራ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ

ልክዕ ከም ወተሃደራዊ ብቕዓት፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ‘ውን ኣብ ዝተፈላለየ ዕላማታት ክውዕል ይኽእል። ንተጻባእቲ ፍልይ ዝበለ ስጉምቲ ክወስዱ ካብ ምጽላው ጀሚርካ፣ ክሳብ ሰላማዊ ኣፈታትሓ ግርጭት ኣብ ምፍጣር፣ ወይ ‘ውን ነቲ ናይ ተጻባእቲ ስርዓት ምድኻም ኣብ ዝብል ዕላማታት ክውዕል ይኽእል። ይኹን እምበር፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ካብ ጎነጽ ፍልይ ብዝበለ ኣገባባት’ዩ ዝትግበር። ዋላ’ኳ ክልቲኡ ተክኒካት ቃልሲ *ዝካየደሉ መገድታት እንተኾነ፡* ዝተፈላለየ ኣገባባት ስለ ዝኽተል፧ ዝተፈላለየ ሳዕቤናት ኣለዎ። ኣገባባትን ውጽኢታትን ጎነጻዊ ቓልሲ ፍሉጣት እዮም፧ ብዝህድድ፣ ዝጎድእ፣ ዝቐትልን ዘዕኑን ኣጽዋር እዩ ዝካየድ።

ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ካብ ጎነጻዊ ቓልሲ ኣፀርዩ ዝፍለን ዝተሓላለኸን ኣገባብ ቃልሲ እዩ። ብጎነጽ ዘይኮነ፡ ሕብረተሰብን ትካላቱን ብዝጥቀምሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኣጽዋር እዩ ዝካየድ። እዚ፡ ብእተፈላለየ ኣስማት፡ ከም ተቓውሞ፣ ኣድማ፣ ሕንገዳ፣ ኣብያ፣ ፖለቲካዊ ቕሓርን ስልጣን ህዝብን ብዝብሉ ኣምራት 'ውን ይፍለጥ። ኣቐዲሙ ከም እተገልጸ፡ መንግስታት ክገዝኡ ዝኽእሉ መተካእታ ናይ'ቲ ዝድለ ምንጭታት ስልጣን ካብ ሕብረተሰብን ትካላቱን ብመገዲ ምትሕብባር፡ እሺነትን፡ ምእዛዝን ምስ ረኸብዎ እዩ። ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ዘይከም ጎነጽ፡ ነዞም ዝተጠቕሱ ምንጭታት ስልጣን ብፍሉይነት ንምንጻፍ ዝሕግዝ ኣገባብ ኢዩ።

## ድስፕሊንን ኣጽዋርን ዘይጎነጻዊ ቓልሲ

ቅድሚ ሕጂ ዝተራእዩ ናይ ፖለቲካዊ ኣብያ ጎስጓሳት ዝነበሮም ርኡይ ድኽመት፡ ኣብ ሓደ ወይ ክልተ ሜላታት፡ ከም ኣድማን ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፍታትን፡ ጥራይ ይምርኮሱ ምንባሮም እዩ። ንተቓውሞ ከም'ቲ ዝግባእ ንምዝርግሑን ንምድልዳሉን ቀየስቲ ተቓውሞ ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ ሓያሎይ ሜላታት ኣለዉ።

ኣስታት ክልተ ሚእቲ ወይ ልዕሊኡ ዝግመቱ፡ ፍሉጣት ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ተለልዮም ኣለዉ። እዞም ኣገባባት እዚኦም ኣብ ሰለሰተ ዓበይቲ ክፋላት ይምቀሉ። ኣድማን ድካለን (ምእማንን)፣ ሕንገዳን፣ ኢድ-ኣእታውነትን ይበሃሉ። ኣገባባት ኣድማን ድካለን መብዛሕትኡ ግዜ ተምሳላውያን ኮይኖም፡ ከም እኒ ሰላማዊ ሰልፍታትን ናይ ሽምዓ ሰልፍታትን እዮም (54 ኣገባባት)። ሕንገዳ ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ክፋላት ይምቀል፦ (ሀ) ማሕበራዊ ሕንገዳ (16 ኣገባባት)፣ (ለ) ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ ትሕስምቲ ወሲኽካ (26 ኣገባባት) ከምኡ'ውን ኣድማ (23 ኣገባባት)፣ (ሐ) ፖለቲካዊ ሕንገዳ (38 ኣገባባት) እዮም። ብኣድማ ምሕሳም መግቢ፣ ዘይጎነጻዊ ጎበጣን ተማዓዳዊ (ተካኢ) መንግስትን ዝኣመሰልዎ ፖለቲካዊ ሜላታት፡ ወይ ከኣ ብስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ሜላታት ዝስነን፡ 41 ኣገባባት ዘጠቓለለን ዘይጎነጻዊ ኢድ-ኣእታውነት፡ ተወሳኺ ዓይነት ኣገባብ እዩ። ዝርዝር ናይ'ዞም 198 ኣገባባት ኣብ ጥብቆ ናይ'ዚ ሕታም እዚ ሰፊሩ ኣሎ።

ብጥንቃቐ እተሓንጸጸ፣ ቀጻልነት ዘለዎ፣ ብዝሰፍሐ ዝርጋሐን ዝተጸንዐ ስልትን ታክቲክን፣ ብግቡእ ብዝሰልጠኑ በርጌሳውያን ዝትግበር ኣጠቓቕማ ናይ ብዙሓት ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ኣገባባት፡ ንዘይቅቡላት ስርዓታት ከቢድ ጸገም ከኽትለሎም ይኽእል። እዚ ኣብ ኩሎም ምልካውያን ስርዓታት ክሰርሕ ዝኽእል እዩ።

ብኣንጻር ወተሃደራዊ ሜላታት፡ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ብቐጥታ ኣብ'ቲ ዝድለ ነጥብታት ጥራይ ከተኩር ይኽእል። ንኣብነት፡ ሕቶ ምልኪ ብመሰረቱ ፖለቲካዊ ስለ ዝኾነ፡ ፖለቲካዊ መልክዕ ዘለዎም ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ወሰንቲ እዮም። ገለ ካብዚኣቶም፡ ነቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዘይምቕባልን ምስ'ቲ ስርዓት ዘይምትሕብባርን ዝኣመሰልዎምን እዮም። ዘይምትሕብባር ወይ ሕንገዳ ኣንጻር ዝተወሰነ ፖሊሲታት ክቐንዕ ይኽእል እዩ። ሓደ-ሓደ እዋን ዕግታን ዕንቀጻን ብስቱር ኣገባብ ክትግበር ይኽእል እዩ፤ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ቅሉዕ ኣብያ፣ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፍን ኣድማን ክካየድ ይኽእል።

ብኻልእ መዳይ፡ እንተደኣ እቲ ምልካዊ ስርዓት ብቑጠባዊ ቅልውላው ይሳቐ ሃልዩ፡ እሞ ድማ ካብ'ቲ ዝቐርብ መረረታት እቲ ዝበዝሕ ቁጠባዊ እንተኾይኑ፡ ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ ከም ትሕስምትን ኣድማን፡ ዝሓሹ ኣገባባት ተቓውሞ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ምልካዊ ስርዓት፡ ነቲ ዘሎ ቁጠባዊ ኩነታት ንኽቆጻጸሮ ዝገብሮ ጻዕሪ፡ ብዉሱን ሓፈሻዊ ኣድማታት፡ ዝሕታለን ብዥራት ስራሕን (ንኣብነት ብዥራት ናይ ክኢላታት) ኣቢልካ ክብዳህ ይኽእል። ኣብ ኣፍረይቲ ትካላት፣ መጎዓዝያ፣ ቀረብ ጥረ-ነገራትን ምዕዳል ፍርያትን ዝኣመሰልዎም ኣገደስቲ ስፍራታት፡ እተመርጸ ኣገባባት ኣድማ ምክያድ ይክኣል።

ኣብ ገለ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ሰባት ዘይለመድዎ ነገራት ንኽገብሩ ይግደዱ እዮም። ምብታን ናይ ጎስጓስ ወረቓቕቲ፣ ምዝርጋሕ ስዉር መግለጽታት፣

ኣድማ ምሕሳም መግቢ ወይ ኣብ ጎደናታት ምርያዕ ዝኣመሰልዎም ኣገባባት፡ ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት እንተዘይኮይኑ፡ ንገለ ሰባት ኣጸገምቲ ክኾኑ ይኽእሉ።

ካልኦት ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ሰባት ካብ'ቲ መዓልታዊ ዘዘውትርዎ ነገራት ብዘይፍለ መገዲ ክትግብርዎም ይኽእሉ። ንኣብነት፡ ሰባት ኣብ ክንዲ ምእዳም ስራሕ ይወፍሩ፤ ምስ ወፈሩ ግን ስራሕ የዃትቱ። ኮነ ኢሎም "ጌጋ" ደጋጊሞም ይፍጽሙ። ኣብ ገለ እዋን 'ውን፡ "ብሓመምኩ፡ ጸመምኩ" ስራሕ የባኹሩ። ወይ 'ውን ኣይንሰርሕን ኢሎም ክሕንግዱ ይኽእሉ። ገለ ድማ ሃይማኖታዊ ምኽኒት ኣቕሪቦም ናብ ጭውው ዝበለ ፖለቲካዊ ውራይ ክኸዱ ይኽእሉ። ካልኦት ድማ ደቀም ብፕሮፖጋንዳ መለኸቲ መታን ከይታለሉ፡ ኣብ ገዛ ወይ ድማ ኣብ ዘይወግዓዊ ቦታታት የንቅሕዎም። ገለ ሰባት ብናጻ ምርጫ ክጽንበርዎ ንዘይደልዩ ማሕበራት፡ ዋላ ተጸንበርዎ እንተተባህለ፡ ምጽንባር ይኣብዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገባባት፡ ንሰባት ካብ'ቲ መዓልታዊ ዘካይድዎ ንጥፈታት ብዙሕ ስለ ዘየርሕቖምን ምስ ንጥፈታቶም ተመሳሳልነት ስለ ዝህልዎን፡ ተሳታፍነቶም ኣብ ቓልሲ ሓርነት ክዓዝዝ ይኽእል።

ጎነጻውን ዘይጎነጻውን ቓልሲ ብመሰረቱ ዝተፈላለየ ኣገባባት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ኣብያ ዝግበር ጎነጻዊ ተቓውሞ፡ ዋላ 'ውን በቲ ዝተሓተ ዓቐን ይግበር፡ ሃሳዪ ውጽኢት ከኸትል ናይ ግድን እዩ። ሚዛን ናይ'ቲ ቓልሲ ናብ ምልካዊ ስርዓት ከም ዝዛዘ ብምግባር፡ ነቲ ስርዓት ርኡይ ጸብለልታ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ከም ዝህልዎ ይገብር። ጭካነን ምትዅታኽን ናይ'ቲ ስርዓትን ደገፍቱን ብዘየገድስ፡ ዘይጎነጻዊ ድስፕሊን መፍትሕ ዓወት ስለ ዝኾነ፡ ክዕቀብ ይግብኦ።

ዘይጎነጻዊ ድስፕሊን ኣንጻር ዓማጺ ስርዓት ክዕቀብ ዝግብኣሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ንስርሓት ናይ'ቶም ኣርባዕተ (ኣብ ታሕቲ ዝዝርዘሩ) ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ስለ ዘቃላጥፎ እዩ። ዘይጎነጻዊ ድስፕሊን ኣብ መስርሕ ፖለቲካዊ ጁ-ጂትሸ 'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ'ዚ መስርሕ እዚ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ዘይጎነጻውያን ተቓለስቲ ዘርእዮ ጭካነ፡ ተመሊሱ ንዕኡ ዝወቅዕ ፖለቲካዊ ክሳራ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ህዝቢ፡ ኣብ ናይ'ቲ ስርዓት ናይ ገዛእ ርእሱ ኣባላትን ደገፍትን ከምኡ 'ውን ኣብ ካልኦት ወገናት ደገፍ ንተቓውሞ የለዓዕል።

ሓደ-ሓደ እዋን ግን፡ ውሱን ዝዓቐኑ ጎነጽ ኣንጻር ምልኪ ግድነታዊ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ዘሎ ክቱር ጽልኢ ብመልክዕ ጎነጽ ክነቱግ ይኽእል። ወይ ድማ ገለ ጉጅለታት፡ ዋላ'ኳ ተራ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ እንተተረድእዎ፡ ጎነጻዊ ኣገባባት ክገድፍዎ ፍቓደኛታት ክኾኑ ኣይክእሉን። ይኹን እምበር፡ ብዝተኻእለ መጠን ጎነጻዊ ተግባር ካብ'ቲ ዘይጎነጻዊ ኪፍለ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ኣብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፣ ሕብረተሰብኣዊ ጉጅለታት፣ እዋንን ሕቶታትን ተሞርኪስካ ክግበር ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ፡ ጎነጽ ኣብ ተኽእሎ ናይ'ቲ ዝያዳ ውጽኢታውን ኣድማዕን ዝኾነ ኣገባብ ፖለቲካዊ ኣብያ ኣዕናዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል።

ታሪኻዊ ጸብጻባት ከም ዝሕብሮ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ናይ ሞትን መቑሰልትን ሳዕቤናት ክህሉ ግድን እንተኾነ፡ ካብ'ቲ ኣብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ዝህሉ ኣዝዩ ዝወሓደ እዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ ኣገባብ ቓልሲ'ዚ ንዘየቋርጽ ዑደት ሞትን ጭካነን ኣየጋድዶን።

ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ብዛዕባ መንግስትን ጓዕጻጺ ጭቆናን ዘሎካ ፍርሒ ከተጥፍኦ ወይ ክትቆጻጸሮ ይጠልበካን ይሕግዘካን። ከም'ዚ ዝኣመሰልዎ ምጥፋእ ወይ ምቁጽጻር ፍርሒ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ተጻዒኑ ዘሎ ሓይሊ ምልኪ ንምስናፉ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

## ግሉጽነት፣ ምስጢራውነትን ልዑል ደረጃታትን

ምስጢራውነት፣ ምትላልን ሕቡእ ውዲታትን ንሓደ ዘይጎነጻዊ ተግባር ዝኸተል ምንቅስቓስ ከቢድ ፈተነታት እዮም ዘኸትልሉ። ብግብሪ ግን፡ ኣባላት ጸጥታን ሓይልታት ፖሊስን ብዛዕባ ሓሳብካን መደብካን ከም ዘይፈልጡ ክትገብሮም ኣጸጋሚ እዩ። ብመንጽር'ቲ ምንቅስቓስ ክርአ እንከሎ፡ ምስጢራውነት ካብ ፍርሒ ዝነቐለ ጥራይ ዘይኮነ ንፍርሒ 'ውን የጋድዶ እዩ። ፍርሒ ድማ ንመንፈስ ተቓውሞ የጉድሞ፤

ቁጽሪ ናይ’ቶም ኣብ ዝተሰወነ ተግባር ክሳተፉ ዝኽእሉ ሰባት ድማ የጉድሎ። ኣብ ውሽጢ’ቲ ምንቅስቓስ ድማ፡ ሃሱስ ናይ ተጻባእቲ መን’ዩ ብዝብል፡ ናብ ዘይተደልየ ጥርጠራታትን ክስታትን የምርሕ። ምስጢራውነት፡ ነቲ ዘይጎነጻዊ ኔንካ ናይ ምቕጻል ተኽእሎ ‘ውን ክጸልዎ ይኽእል። ብኣንጻሩ፡ ግሉጽነት ብዛዕባ መደባትን ሓሳባትን ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣሉታታት የወግድ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ሓያል ምኳኑ ‘ውን የርኢ። እቲ ጸገም ካብ’ዚ ተኣሚቱ ዘሎ ዝኸበደ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብርግጽ ድማ ገለ ብምስጢር ክተሓዝ ዝግብኦ ጉዳያት ተቓውሞ ክህሉ ይኽእል’ዩ። ኣብ ዝተወሰነ ጉዳያት፡ እቶም ብዛዕባ ስነ-ምንቅስቓስ ዘይጎነጻዊ ቓልስን ናይ’ቲ ምልካዊ ስርዓት ሜላታት ስለያን ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት ሚዛናዊ ገምጋም ክገብሩ ይግባእ።

ብዝለዓለ ምስጢራውነት ክተሓዙ ዝግብኦም ፍሉጣት ዕዮታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም። ምድላው፡ ሕትመትን ዝርጋሐን ምስጢራዊ ጽሑፋት፣ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝፍኖ መደባት ረድዮ፣ ከምኡ ‘ውን ብዛዕባ ስርሒታት ናይ’ቲ ምልካዊ ስርዓት ብዝምልከት ዝእከብ ስለያዊ ሓበሬታ ኢዮም።

ኣብ ኩሉ መድረኻት ዘይጎነጻዊ ተግባር ልዑል ዝደረጃኡ ስነ-ምግባር ክሕሎ ይግባእ። ከም ትብዓትን ዕቃበ ዘይጎነጻዊ ድስፕሊንን ዝኣመሰልዎም ረቛሒታት ኩሉ-ግዜ ኣድለይቲ እዮም። ሓደ ዝተወሰነ ለውጢ ንምምጻእ ብዙሕ ዝቑጽሩ ህዝቢ ከም ዘድሊ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ክንድኡ ዝብዝሖም ተኣመንቲ ኣባላት ክርከቡ ዝኽእሉ ስነ-ምግባር ናይ’ቲ ምንቅስቓስ ብዝለዓለ ደረጃ ምስ ዝዕቀብ እዩ።

## ምቕያር ሚዛን ሓይሊ

ቀየስቲ ክግንዘብዎ ዝግብኦም ነገር እንተሎ፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ዝካየደሉ ግርጭት፡ ብግብሪን መልሰ-ግብርን ዝተሰነየ፡ ቀጻሊ ዝለዋወጥ ዓውዲ ቓልሲ ምኳኑ እዩ። ቀዋሚ ዝበሃል ነገር የለን። ክልቲኡ ርክባት ስልጣን፡ ፍጹም ይኹን ተዛማዲ፡ ናይ ቅልጡፍን ቀጻልን ለውጢ ተገዛኢ እዩ። እዚ ድማ፡ ጭቆና ብዘየገድስ፡ ተቓወምቲ ብዘርእይዎ ጽኑዕ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እዩ ክዉን ክኸውን ዝኽእል።

ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ግርጭት፡ ኣብ ሞንጎ እቶም ተቐናቐንቲ ወገናት ዝህሉ ኩነተ-ልውውጥ ናይ ሓይሊ፡ ካብ’ቲ ኣብ ጎነጻዊ ግርጭት ክህሉ ዝኽእል ዝያዳ ዝሓየለ፣ ቀልጢፉ ክኸሰት ዚኽእል፣ ዝተፈላለየን ኣገዳስን ፖለቲካዊ ውጽኢታት ዘለዎን እዩ። ብሰሪ እዚ ለውጥታት’ዚ፡ ገለ ተግባራት ናይ’ቶም ተቓወምቲ ኪኖ’ቲ ዝተፈጸመሉ ግዜን ቦታን ዝኸይድ ሳዕቤናት ክህልውዎ ይኽእሉ። እዞም ሳዕቤናት እዚኣቶም፡ ተመሊሶም ነቲ ሓደ ወይ ነቲ ኻልእ ወገን ከሐይልዎ ወይ ከዳኽምዎ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ዘይጎነጻዊ ጉጅለ፡ ብናይ ገዛእ-ርእሱ ተግባራት ንተዛማዲ ብርታዐ *ናይ’ቲ ተጻራዲ ጉጅለ* ከሐይሎን ከዳኽሞን ይኽእል። ንኣብነት፡ ሓደ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ ኣብ ቅድሚ ምልካዊ ጭካነ ዘርእዮ ትብዓትን ድስፕሊናውነትን፡ ኣብ ኣባላት ናይ’ቲ ስርዓት ዘይምቹእነት፣ ዘይምትእምማንን ፖለቲካዊ ቅሓርን ክኸትል ይኽእል። ኣብ ጽንኩር ኩነታት ድማ ኣብ ሞንጎ ወተሃደራት ናይ’ቲ መሳኺ ስርዓትን ህዝብን ናዕቢ ከለዓዕል ይኽእል። ከም’ዚ ዝበለ ተቓውሞ ነቲ ስርዓት ብርቱዕ ኣህጉራዊ ኩነኔ ‘ውን ከኸትለሉ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ውሕሉል፣ ድስፕሊናውን ጽኑዕን ኣጠቓቕማ ፖለቲካዊ ኣብያ ምስ ዝህሉ፡ ስቱራት ደገፍቲ ናይቲ ስርዓት፡ ከምኡ ‘ውን ሞንጎ-ሞንጎ ዝጸንሑ ሰባት ኣብ’ቲ ተቓውሞ ብዝያዳ ንኽሳተፉ ይድርኾም።

## ኣርባዕተ ኣገባባት ለውጢ

ዘይጎነጻዊ ቃልሲ በርባዕተ ኣገባባት እዩ ለውጢ ዘምጽእ። እቲ ቀዳማይ ኣገባብ ብዙሕ ኣድማዒ ኣይኮነን። ኣባላት ናይ’ቲ ተጻራዲ ጉጅለ፡ እንተስ በቲ ኣብ ልዕሊ ተባዓት ኣባላት ዘይጎነጻዊ ተቓውሞ ዝወርድ ስቓይ ተተንኪፎም፡ ወይ ድማ ንዕላማ እቲ ቓልሲ ብቕኑዕ ተረዲኦም፡ ነቲ ቃልሲ ክቕበልዎ ይኽእሉ። እዚ ኣገባብ እዚ ምቕያር (ቅየራ)

ይበሃል። ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ *ቅየራ ሳሕቲ* እዩ ዘጋጥም። ሓደ-ሓደ እዋን ፈጺሙ ኣየጋጥምን እዩ፤ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ድማ ኣዝዩ ጸላዊ ኣይኮነን።

መብዛሕቱ ግዜ፡ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ንዅነታት ናይቲ ግርጭትን ሕብረተሰብን ብምልዋጥ፡ እቶም ተጻረርቲ ከም ድሌቶም ከም ዘይዓዩ ይገብሮም። እዚ ለውጢ'ዚ እዩ ነቶም ካልኦት ሰለስተ ኣገባባት ማለት፡ ተውህዶ፣ ዘይጎነጻዊ ቀስብን ብታነን (ምብትታን) ዘኸትል። ካብዚኣቶም ኣየናይ ክኸሰት ይኽእል ዝብል ነጥቢ፡ ኣብ ሞንጎ ፍጹምን ተዛማድን ርክባት ስልጣን (ሓይሊ ሚዛን) ዝህሉ ምምዝባል ክሳብ ክንደይ ናብ ረብሓ ዲሞክራስያውያን ዘቢሉ ኣሎ ብዝብል መዓቀኒ እዩ ዝውሰን።

እቲ ሕቶታት መሰረታዊ፡ እቲ ኣብ ዝተወሰነ ጎስጓስ ብተቓወምቲ ዝቐርብ ጠለባት ድማ ኣስጋኢ ምስ ዘይከውንን እቲ ዘሎ ናይ ሓይልታት ውድድር ድማ ንርክባት ስልጣን ብዝተወሰነ መጠን ምስ ዝቕይሮ፡ እቲ ግርጭት ብምርድዳእ ወይ ብዝርርብ ክፍታሕ ይኽእል። እዚ ኣገባብ እዚ *ተውህዶ* ይበሃል። ብዙሓት ኣድማታት በዚ መገዲ እዚ ክዓርፉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ክልቲኦም ወገናት ዝደልይዎ ዘበለ ዘይኮነስ፡ ገለ ካብ ዕላማታቶም ጥራይ ይጭብጡ። ከምዚ ዝበለ ፍታሕ፡ ንወጥሪ ዘፋኹስ፣ ናይ "ፍትሒ" ስምዒት ዘንግስ፣ ተደዊኑ ዝነበረ ኣህጉራዊ ምስሊ ናይ'ቲ ስርዓት 'ውን ዘመሓይሽ ብምዃኑ፡ ሓደ መንግስቲ ከም ብልጫ ክወስዶ ይኽእል። ስለዚ፡ ብተውህዶ ዝፍታሕ ሕቶታት፡ ከመይ ዝበለ ሕቶታት ክኸውን ከም ዘለዎ ብጥንቓቐ ክጽናዕ ይግብኦ። መለኽቲ ስርዓታት ንምእላይ ዝግበር ቃልሲ ብተውህዶ ክፍታሕ ዝኽእል ኣይኮነን።

ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣገባባት ቅየራን ተውህዶን ከዐውትዎ ካብ ዝኽእሉ ንላዕሊ ጽንኩር ክኸውን ይኽእል። ህዝባዊ ሕንገዳን ኣብያን፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኩነታት፣ ብፍላይ ድማ ርክባት ስልጣን፡ ክቕይር ስለ ዝኽእል፡ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ሂወት መንግስትን ሕብረተሰብን ዘለዎ ናይ ምቁጽጻር ተኽእሎ ይምንዛዕ። ሰራዊት ናይቶም ተቐናቐንቲ ትም ኢሉ ኣብ ክንዲ ትእዛዝ ዝቕበልን ንተቓለስቲ ድማ ዝጭቁንን ክኸንብ ይጅምር። እቶም መራሕቲ 'ውን ኣብ ስልጣኖምን ምስ ዕላማኦምን እኳ እንተሃለዉ፡ ብኣድማዕነት ክዓይሉ ዝኽእሉ ዓቕሞም ግን ይምንዛዕ። እዚ *ዘይጎነጻዊ ቀስቢ* ይበሃል።

ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት፡ እቲ ዘይጎነጻዊ ቀስቢ ዘኸትል ኩነታት መመሊሱ ክቕጽል ይኽእል እዩ። መራሕቲ ናይቲ ተጻራዲ ሓይሊ ፈጺሞም ዝዓይሉ ዓቕሚ የጥፍኡን መሽከል ስልጣኖም 'ውን ይዓኑ። ናይቶም ተቓለስቲ መርሑ፣ ሕንገዳን ኣብያን፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጅኡ ስለ ዝበጽሕ፡ እቶም ተቓናቐንቲ ዋላ ንስሙ ክቆጻጸርዎ ኣይክእሉን። ቢሮክራስያውያን ናይቲ ተጻራዲ ሓይሊ ንመራሕቶም ምእዛዝ ይኣብዩ። ሰራዊቶምን ፖሊሶምን ይናዓቡ። እቶም ፍሉጣት ደገፍቶምን ህዝብን ነቶም መራሕቲ ይነጽግዎም፤ ናይ ምምራሕ መሰል ከም ዘይብሎም ድማ ይኣምኑ። ደገፎምን ተማእዛዝነቶምን የብቅዕ። በዚ ድማ እቲ ራብዓይ ኣገባብ ለውጢ፡ *ብታነ* ወይ ውድቀት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ይፍጸም። እቲ ስርዓት፡ ዘረክቦ እኹል ስልጣን 'ውን ኣይህልዎን። ብሓጺሩ፡ ረማዕማዕ ኢሉ ይወድቕ።

ሓርነታዊ ስተራተጂ ክቕየስ እንከሎ፡ እዞም ኣርባዕተ ኣገባባት ለውጢ ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣለዎም። ሓደ-ሓደ ግዜ ብዕድል እዮም ዝሰርሑ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተወሰነ ግርጭት ዝምረጽ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣገባባት ለውጢ ምስ ካልኦት ስትራተጂታት 'ውን ተወሃሂዱ ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ኣየናይ ኣገባብ ክምረጽ ኣለዎ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት፡ እንኮላይ ኣብ ሞንጎ ፍጹምን ተዛማድን ርክባት ስልጣን ናይቶም ተሃላለኽቲ ወገናትን ኣተናን ዕላማን ናይቲ ዘይጎነጻዊ ቃልስን ዝምርኮስ እዩ።

## ፖለቲካዊ ኣብያን ዲሞክራስያዊ ጽልውኡን

ከም'ቲ ጎነጻዊ እገዳታት ኣማእካሊ ሳዕቤናት ዝህልዎ፡ ተክኒካት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ድማ ንመስርሕ ዲሞክራስያውነት እተፈላለየ ኣበርክቶ ኣለዎ።

እቲ ቀዳማይ ዲሞክራስያዊ ኣበርክቶ ገታኢ ሳዕቤን ዘለዎ እዩ። ዘይከም ኣብ ወተሃደራዊ ኣገባባት፡ ዘይጎነጻዊ ታክኒክ ንምልኪ ዕድል ኣይፈጥርን። ካብ ሓደ ቁንጮ ናይ መራሕቲ ናብ ህዝቢ ዝወርድ ኣደራዕ ጭቆና ኣይህሉን። መራሕቲ ፖለቲካዊ ኣብያ ንሰዓብቶም ክጸልውን ጸቕጢ ክፈጥሩሎምን ይኽእሉ። ዝተፈልየ ርእይቶ ኣለኩም ወይ ድማ ንኻልኦት መራሕቲ መሪጽኩም ኢሎም ግን ክኣስርዎም ወይ ክርሸንዎም ኣይክእሉን።

ብኻልኣይ ደረጃ ዝጥቀስ ኣወንታዊ ዲሞክራስያዊ ኣበርክቶ እዚ ዝስዕብ ውጽኢት ዘለዎ እዩ። ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ህዝቢ ሓርነቱ ክጎናጸፍን ካብ ህሉውን መጻእን ምልኪ ክከላኸለሉን ዝኽእሎ ኣገባብ ተቓውሞ ይፈጥረሉ። እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ፡ ገለ ካብቶም ኣወንታውያን ኣበርክቶታት ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እዮም።

- ተሞክሮ ዘይጎነጻዊ ቃልስን ኣተገባብርኡን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ርእሰ-ተኣማንነት ይፈጥር፣ ንታህዲድን ጭቆናን ናይቲ ስርዓት ናይ ምግጣም ብቕዓት የስንቕ።
- ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ንሕንገዳን ፖለቲካዊ ኣብያን ባይታ ብምፍጣር፡ ሕብረተሰብ ናይ ዝኾነ መላኺ ጉጅለ ዘይዲሞክራስያዊ ጸቕጢ ከም ዝጻወሮ ይገብሮ።
- ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ከም መሰል ናጻ ርእይቶ፣ መሰል ናጻ ፕረስ፣ መሰል ናጻ ውዳበ፣ መሰል ኣኼባን ካልኦት ሓርነታትን ከምኡ ‘ውን ዲሞክራስያዊ ባህሊ ኣንጻር ጭቆና ከም ዝዕምብብ ይገብር።
- ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ ህላወ፣ ድንፈዐን ዳግማይ ልደትን ናጻ ማሕበራትን ትካላት ሕብረተሰብን ኣበርክቶ ኣለዎ። እዚኣቶም ነቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምድልዳልን ምውዳብን፣ ንዝኾነ ተኽእሎታት ምልኪ ኣብ ምዕጋትን ኣዝዮም ኣገደስቲ ዲሞክራስያውያን ባእታታት እዮም።
- ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ሕብረተሰብ ኣንጻር ጨቋኒ ሰራዊትን ፖሊስን ናይ መላኺ መንግስቲ ሓይሊ ንኽድልብ ዕድል ይፈጥረሉ።
- ዘይጎነጻዊ ቓልሲ፡ ሕብረተሰብን ናጻ ትካላትን፡ ምንጭታት ስልጣን ንኽቆጻጸሩ ወይ ድማ ንኽንጽፍዎ ዕድል ስለ ዝፈጥረሎም፡ ዕብለላ መሪሕነት ክህሉ ኣይክእልን፣ ረብሓታት ዲሞክራሲ ድማ ይዕቀብ።

## ሕልኽላኻት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ከም ዝራኣናዮ፡ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ዝተሓላለኸ ተክኒካት ማሕበራዊ ተግባር ኮይኑ፡ እተፈላለየ ኣገባባትን ሜላታትን ለውጢ፡ ከምኡ ‘ውን ፍሉጥ መምዘኒ ጠባያት ዘጠቓልለ እዩ። ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ብፍላይ ኣንጻር ምልኪ፡ ውጽኢታዊ ክኸውን እንተደኣ ኾይኑ፡ ጥንቁቕ መደብን ምድላውን የድልዮ። ተቓለስቲ ካብኣቶም እንታይ ከም ዝጠለብ ምፍላጥ የድልዮም። ዘድሊ ንዋት ክቕረብ ይግባእ። ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ብኸመይ ዝበለ ኣድማዒ መገዲ ክሰራሓሉ ከም ዝኽእል ቀየስቲ ክምርምርዎ ይግባእ። ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ኣድሆቦና ኣብ’ዚ መሰረታዊ ነጥብ’ዚ ማለት፡ ኣድላይነት ስትራተጅያዊ ውጥን፡ ዘተኮረ ክኸውን እዩ።

# ሽዱሽተ

# ኣድላይነት ስትራተጅያዊ ውጥን

ጎስጓስ ፖለቲካዊ ኣብያ ኣንጻር ምልካውያን ብእተፈላለየ መገዲ ክጅምር ይኽእል። ኣብ ሕሉፍ ተሞክሮታት ከምዚ ዓይነት ቃልሲ መብዛሕትኡ ግዜ ዘይተወደነን ሃንደበታውን እዩ ዝነበረ። መንቀሊ ተቓውሞ ክኸውን ዝኽኣለ እተፈላለየ መረረታት እኳ እንተነበሮ፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያታት፡ ማእሰርቲ ወይ ቅትለት ናይ ህቡባት ተቓለስቲ፣ ሓድሽ ትእዛዛት ጭቆናን ጭካነን፣ ሕጽረት መግቢ፣ ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ እምነታት ወይ ድማ ጽንብል ናይ ሓደ ኣገዳሲ ዕለት ዘጠቓለለ እዩ ኔሩ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ዝተወሰነ ተግባር ናይ መለኽቲ ንሕብረተሰብ ብሃንደበት ኣለዓዒሉ፡ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ናብ ዘይተገመተ ናዕቢ ዘምርሓሉ ኣጋጣምታት ኔሩ። ኣብ ካልእ ኣጋጣምታት፡ ሓደ ተባዕ ውልቀ-ሰብ ወይ ንእሽቶ ጉጅለ ደገፍ ከለዓዕል ዝኽእል ስጉምቲ ዝወስደሉ እዋን ኔሩ ክኸውን ይኽእል። ገሊኡ ዓይነት መረረ፡ ሰባት ንዝተሞከሩሉ በደል ተመሲሉ ክርኣዮም ስለ ዝኽእል፡ ብኡ ዝተላዕለ ኣብ ቃልሲ ይጽንበሩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ድማ ብሓደ ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ ዝቐርብ ናይ ተቓውሞ ጻውዒት ዘይተሓሰበ ልዑል ምላሽ ክረክብ ይኽእል።

ብወዝቢ ዝግበር ነገር ዋላ'ኳ ገለ ብልጫታት እንተለዎ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ዘይተደላዩ ሳዕቤት ኔሩዎ'ዩ። ብቐጻሊ ከም እተራእየ፡ ዲሞክራስያውያን ተቓለስቲ ንጭካነ ናይ መለኽቲ ኣይጽበይዎን እዮም። ብሰር'ዚ ድማ ብኸቢድ ይኸስሩ እሞ እቲ ተቓውሞ ይለምስ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ዘይተወደነ ውሳነታት ብዕድል ስለ ዝኸይድ ኣዕናዊ ውጽኢታት ከም ዝነበሮ ተረጋጊጹ'ዩ። እቲ ጨቋኒ ስርዓት ምስ ወደቐ 'ውን እንተኾነ፡ ንኣተኣላልያ መሰጋገሪ መድረኽ ዝምልከት ውጥን እንተድኣ ዘይጸኒሑ፡ ሓድሽ ምልኪ ንኽበቁል ዕድል ይፈጥረሉ።

## ክውንነታዊ ኣወጣጥና

ኣብ ምልዕዓል ኣንጻር ምልኪ፡ ዋላ ዘይተወደነ ህዝባዊ ተበግሶ ኣድማዒ ተራ ክጻወት ከም ዝኽእል ዝከሓድ ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ምልኪ ክሰዓረሉ ዘኽእል ኣድማዒ ኣገባባት ምልላይ፣ ነቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ብስለትን ህዝባዊ ስምዒትን ምምዛን ከምኡ 'ውን ጎስጓሳት ክግበረሉ ዝኽእል መገዲ ምጽናዕ ኣገዳሲ እዩ። ጥንቁቕን *ክውንነታውን ገምጋም* ብዛዕባ ህልዊ ኩነታትን ዓቕሚ ሕብረተሰብን ምክያድ፡ ሓርነት ከጨብጥ ዝኽእል ኣድማዒ ኣማራጽታት ኣብ ምልላይ ሓጋዚ እዩ።

ሓደ ነገር ከዐውት ዝደሊ ሰብ፡ ንጉዳዩ ብኸመይ ከም ዘዐውቶ ብውሕልነት ክውጥን ይግብኦ። እቲ ክጭበጥ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ኣገዳሲ ምስ ዝኸውን፡ ወይ ድማ ሳዕቤን ናይ ፍሽለቱ ሓደገኛ እንተኾይኑ፡ ውጥን ዕዙዝ ኣገዳስነት ይህልዎ። ብስትራተጅያዊ ውጥን ዝምራሕ መደብ፡ ዘሎ ዘበለ ንዋት ብኣድማዕነት ንኽትጥቀመሉ ሰፊሕ ዕድል ይፈጥር። ንሓደ ሓያል ምልካዊ ስርዓት ክኣሊ ዝቃለስ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ፡ ንዋታዊ ዓቕሙ ድሩት፡ ደገፍቱ ድማ ንሓደጋ ዝተቓልዑ ስለ ዝኾኑ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ኣብኡ ጐሊሑ ይርአ። ብኣንጻሩ፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ብጭካነ ንኽመሓድር ዘኽእሎ እኹል ንዋታዊ ዓቕሚ፣ ውድባዊ ሓይልን ክእለትን ይውንን።

"ምሕንጻጽ ስትራተጂ" ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ ዕዮ ካብ'ቲ ዘለዎ ህልዊ ኩነታት ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ መዓልቦኡ ክበጽሓሉ ዝኽእል ተኽእሎ ምቕማር ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ ካብ ምልኪ ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ማለት እዩ። ዕላማ ንምዕዋት ዝሕንጻጽ መደብ፡ ነቲ ዝተጨቆነ ሕብረተሰብ ኣሓይሉ፡ ንምልኪ ብምድኻም፡ ደረጃ ብደረጃ ዝተኸፋለለ ጎስጓሳትን ካልእ ዝተወደበ ንጥፈታትን ዘጠቓልል እዩ። እቲ

ክዝንጋዕ ዘይግብኦ መሰረታዊ ነገር፡ እቲ ዕላማ፡ ነቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ምልጋስ ጥራይ ዘይኮነ፡ መተካእታኡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል እንኮላይ እዩ። ነቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ምልጋስ ጥራይ ዘተኩር ቀንዲ ስትራተጂ ካልእ ምልካዊ ስርዓት ናይ ምትካል ከቢድ ሓደጋ ከንጸላልዎ ግድን እዩ።

## ኣብ ምውጣን ዘጋጥሙ መሰናኽላት

ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ዝርከቡ ተጣበቕቲ ንሓርነት፡ መሰናኽላት ሓርነት ንምግጣም ዘኽእል ትንተናታት ብምሉእ ዓቕሞም ኣይሃቡን። ኣገዳስነት ጥንቁቕ ስትራተጅያዊ ውጥን ስሒት ኢሎም ጥራይ ስለ ዘለልይዎ፡ ብዙሕ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን።

ስለምንታይ እዮም ግን እቶም ንህዝቦም ፖለቲካዊ ሓርነት ክጎናጽፉ ራእይ ዘለዎም ሰባት፡ ንመደቦም ከዐውት ዝኽእል ኣጠቓላሊ ስትራተጅያዊ ውጥን መብዛሕትኡ ግዜ ዘየዳልው፧ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣባላት ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ፡ ዝበዝሔ ግዜ ብዛዕባ ስትራተጅያዊ ውጥን ልምዲ ዘይብሎም፣ ስልጠና ዘይወሰዱ ወይ ድማ ኣድላይነቱ ዘይርኣዮም እዮም። እዚ ኣዝዩ ከቢድ ጉዳይ እዩ። መራሕቲ ተቓውሞ፡ ብዙሕ ግዜ ብመለኸቲ ስርዓታት ስለ ዝጋፍዑን ግዜ ዘይህብ ሓላፍነት ድማ ስለ ዝውጥሮምን ስትራተጅያዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብልሉ ዝኽእሉ ጥበብ ንምኽዕባት ኣራኽቦ ይስእኑ።

ስለ ዝኾነ ድማ፡ እቲ ዝህሉ ልሙድ ተርእዮ ንተበግሶታት ምልኪ መልሰ-ግብሪ ምሃብ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ተቓውሞ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝተወሰነ ድፋዕ ናይ ሓርነታት ተሓጺሩ፡ ንኣካይዳ ናይ'ቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓትን ናይ ዕብለላ ፖሊሲታቱን ብደፋእታ እንዳመከተ፡ ተኸላኸሊ ስጉምታት ጥራይ እዩ ዝወስድ።

ገለ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን፡ ኣድላይነት ሰፊሕን ነዊሕ ዝጠመተን ውጥን ኣብ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ከይርኣዮም ይኽእል እዩ። ዕላማኦም ኣትሪሮምን ብዝሰፍሐን መገዲ ብምቅላሖም ጥራይ ክዕወት ይኽእል እዩ ዝብል ዘይብሱል ኣተሓሳስባ ከሕድሩ ይኽእሉ እዮም። ገሊኣቶም ድማ ኣብ መትከሎም ጸኒዖም ብምቅላስን ንጸገማት ብምብዳህን ጥራይ ንዕላማታቶም ከተግብርዎም ዝኽእሉ መሲሉ ክርኣዮም ይኽእል እዩ። ሰብኣዊ ዕላማታትን ክብርታትን ብዓውታ ምቅላሕ ተኣማንነትካ ንዕኦም ድማ ምግላጽ ዝንኣድ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ንበይኑ ግን ንምልካዊ ስርዓታት ወጊኑ ሓርነት ከጎናጽፍ ዝኽእል ኣይኮነን።

ገለ ግሩሃት ተቓወምቲ ድማ ጎነጽ ብምዝውታር ጥራይ ሓርነት ክጭበጥ ዝኽእል ይመስሎም። ኣቐዲሙ ከም እተገልጸ ግን፡ ጎነጽ ዋሕስ ናይ ዓወት ኣይኮነን። ኣብ ክንዲ ናብ ሓርነት፡ ናብ ስዕረት፣ ናብ ህልቂት፣ ወይ ድማ ናብ ክልቲኡ ከምርሕ ይኽእል። ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት እቲ ምልካዊ ስርዓት ንጎነጻዊ ቃልሲ ኣደልዲሉ ዝተዓጥቀ እዩ። ወተሃደራዊ ክውንነታት ድማ ሳሕቲ ጥራይ እዮም ንረብሓ ዲሞክራስያውያን ዝኾኑ።

ገለ ተቓለስቲ ድማ ንተግባራቶም ኣብቲ ንዕኦም "መሲሉ ዝረኣዮም" ስምዒት ዝተሞርኮሰ ይገብርዎ። ከምዚ ዓይነት ዝንባለ "ርእሰ-ምእኩል" ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሉጽ ሓርነታዊ ስትራተጂ ንምምዕባል 'ውን ኣየኽእልን።

ሓደ ሰብ ኤሩዎ ኣብ ዝበሃል "ብሩህ ሓሳብ" ዝተሞርኮሰ ውጥን 'ውን ድሩት እዩ። እቲ ብሓቂ ዘድሊ ነገር፡ ነቲ ዘሎ ምልኪ ንምልጋስ "ቀጺሉ ዝመጽእ ስጉምታት" እንታይ ምዃኑ ዝእምት፡ ኣብ ጥንቁቕ ቅመራ ዝተሞርኮሰ ውጥን እዩ። ብዘይ ስትራተጅያዊ ትንተና ጥንቁቕ መጽናዕቲ ክህሉ ስለ ዘይክእል፡ መራሕቲ ተቓውሞ ነቶም ኣብ ዓወት ዘብጽሑን "ደረጃ ብደረጃ ዝውሰዱን ስጉምታት" እንታይ ምዃኖም ክፈልጥዎም ኣይክእሉን። ተባላሓትነትን ብሩህ ኣተሓሳስባን ኣገደስቲ እኳ እንተኾኑ፡ ስትራተጅያዊ ረብሓ ናይ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ንምድንፋዕ ብውሕልነት ክስርሓሎም ይግባእ።

ኣንጻር ምልኪ ክቐንዕ ዝግብኦ ተግባራት ኣዝዩ ብዙሕ ብምዃኑ በየን ክጅመር ከም ዘለዎ 'ውን ምፍላጡ ስለ ዘጸግሞም፡ ገለ ሰባት ኩሉ ነገር ብሓንሳብ ግበርዎ

ኢሎም ክመኽሩ ይኽእሉ። እዚ ሓጋዚ መሲሉ’ኳ ክርአ ዝኽእል እንተኾነ፡ ዘይከኣል ነገር እዩ፤ ብፍላይ ኣብ ድኹም ምንቅስቓሳት። ብተወሳኺ፡ ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ፡ ንዘሎ ድሩት ጸጋታት ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ፣ በየን ከም እትጅምርን ኣበይ ክትተኩር ከም ዘለካን ክትፈልጥ ኣየኽእለካን እዩ።

ገለ ሰባት ወይ ጉጅለታት ኣድላይነት ውጥን ክርኣዮም ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ጉዳይ ከም ናይ ሓጺር እዋን መደብ ወይ ድማ ከም ስልታዊ ነገር እዮም ዝርእይዎ። ናይ ነዊሕ እዋን መደብ ኣድላዪ ወይ ድማ ዝክኣል መሲሉ ዘይክርኣዮም ይኽእል። ሓደ-ሓደ ግዜ ብመንጽር ስትራተጅያዊ ረብሓታት ምሕሳብን ምትንታንን ይጽግሞም። ብደቀቕቲ ነገራት ኣንፈቶም ብምስሓትን ንተጻረድቶም መልሰ-ግብሪ ብምሃብን ነቲ ብዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ዝግበር ተበግሶታት ብግቡእ ኣይጥቀምሉን። ኣብ ናይ ሓጺር እዋን ንጥፈታት ካብ መጠን ንላዕሊ ብምድሃብ፡ እቲ ቐንዲ ዕላማ ክዕወተሉ ዝኽእል ካልእ ኣማራጽታት ኣብ ምፍታሽ ድኽመት የርእዩ።

ገለ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ንምልኪ ክኣልይሉ ዝኽእሉ ኣጠቓላሊ ስትራተጂ ዘይብሎም ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ክንድኡ ኣብ ዝተፈላለየ ቅጽበታዊ ጉዳያት ጥራይ የተኩሩ። እቲ ምልካዊ ስርዓት ብናታቶም ጻዕሪ ጥራይ ክወድቕ ዝኽእል ኮይኑ ኣይስመዖምን። ስለዚ፡ ንዕኡ ዝምልከት ውጥን ምሕንጻጽ ኣጒል ምቕጽይጻይ ወይ ከንቱ ጻዕሪ ይሓስብዎ። እቲ ዝካየድ ሓርነታዊ ቓልሲ ኣንጻር ድልዱል ዝሰረቱ ምልካዊ ስርዓት ምስ ዝኸውን፡ ነቶም ተቓለስቲ ዝገጥሞም ብድሆ ምስ ሓያል ሰራዊትን ፖሊስን ምፍጣጥ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ስርዓት ድላዩ ክገብር ዝኽእል ጌሮም ይቖርጽዎ። ምስ ምህሙን ተስፍኦም፡ ብታሪኻውን ሓላፍነታውን ምኽንያታት፡ ነቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዘይተጸዓድነቶም ክርእዩ ይኽእሉ እዮም። ከንጸባርቕዎን ክቕበልዎን ዋላ ኣይድለዩ፡ ተግባራቶም ተስፋ ዘለዎ ኮይኑ ክርኣዮም ኣይክእልን። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ናይ ነዊሕ እዋን ኣጠቓላሊ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣድላይ ክመስሎም ኣይክእልን።

ስትራተጅያዊ ውጥን እንተዘየለ ድማ ዘይተርፍ ደርቋሲ ሳዕቤናት ክኸሰት ግድን እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ሓይሊ ኣይህሉን፣ ስራሕ ኣድማዕነት ኣይህልዎን፣ ጒልበት ኣብ ደቀቕቲ ነገራት ይሃልኽ፣ ብልጫታት ኣብ መዓላ ኣይውዕሉን፣ መስዋእትነት ድማ ንኸንቱ ይኸውን። ዲሞክራስያውያን ብስትራተጅያዊ መደብ ክሰርሑ እንተዘይክኢሎም፡ ዕላማታቶም ከተግብሩ ኣይክእሉን። ዘይተወደነ፣ ኣጒልን ሕውስዋስን ንጥፈታት ንተቓውሞ ንቕድሚት ኣየሰጒሞን። ብኣንጻሩ፡ ምልካዊ ስርዓት ስልጣኑን ዕብለልኡን ንኸሐይል ይሕግዞ።

ኣብ ሓርነታዊ ቓልስታት፡ ኣጠቓላሊ ስትራተጅያዊ ውጥን ብዙሕ ግዜ ስለ ዘይስርሓሉ፡ መለኸቲ ካብቲ ኸጸንሕዎ ዝግብኦም ንላዕሊ ኣብ ስልጣን ይጸንሑ፡ ንነዊሕ ዓመታት ድማ ይቕጽሉ።

## ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኣምራት ኣብ ስትራተጅያዊ ውጥን

ብስትራተጅያዊ ኣገባብ ክንሓስብ ክንክእል መታን፡ ናይዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ኣምራት ትርጉም ምፍላጥ ከድልየና እዩ።

*ቀንዲ ስትራተጂ* ዝብሃል፡ ሓደ፡ ዕማላኡ ኣብ ሸቶ ንምብጻሕ ዝቃለስ ጉጅለ፡ ንዘሎ ኹሉ ዓቕምታት (ቁጠባዊ፣ ሰብኣዊ፣ ሞራላዊ፣ ፖለቲካውን ውድባውን ወዘተ.) ንምውህሃድን ንምምራሕን ዘኽእሎ ኣምር እዩ።

ቀንዲ ስትራተጂ ብቐዳምነት ኣብ ናይ’ቲ ጉጅለ ዕላማታትን ዓቕምታትን ብምትኳር፡ ነቲ ግርጭት ኣብ ምግጣም ዝሓሸ ዝብሎ ተክኒካዊ ጥበብ (ንኣብነት ወተሃደራዊ ቅዲ ዂናትዶ ወይስ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ) ይውስን። መራሕቲ ተቓውሞ ቀንዲ ስትራተጂ ኣብ ዝሕንጽጽሉ እዋን፡ ንተጻረድቶም በየኖት ጸቕጥታትን ጽልዋታትን ከድምዑሎም ከም ዝኽእሉ ምምዛንን ምውጣንን የድልዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታትን ግዜን ከመይ ዝበለ ናይ ተቓውሞ ጎስጓሳት ክጅመር ኣለዎ፣ እንታይከ ክስዕቦ ኣለዎ ዝብል ሕቶታት ኣብቲ ቐንዲ ስትራተጂ ክውሰን ክኽእል ኣለዎ።

ቀንዲ ስትራተጂ፡ እቲ ቓልሲ ብኸመይ ክካየድ ከም ዘለዎ ዘነጽር መሰረታዊ መቓን ናይ ዝተወሰነ ኣማራጺ ስልታት ይፈጥር። ቀንዲ ስትራተጂ ኣወዛዝዓ ሓፈሻዊ

ዕማማት ናብ ዝተወሰነ ጉጅለታት ከምኡ 'ውን ኣመቓርሓ ንቓልሲ ዘድሊ ንዋት ናብቶም ጉጅለታት ይውስን።

*ስትራተጂ* ዝብል ኣምር ኣብ ውሽጢ ቐንዲ ስትራተጂ ንዝርከቡ ዝተወሰኑ ዕላማታት ብኸመይ ከተዐውቶም ከም እትኽእል ዘረድእ ኣምር እዩ። ስትራተጂ ብኸመይን መዓስን ትቃለስ፣ ብኸመይ ዝበለ መገዲ ንዝለዓለ ኣድማዕነት ናይ ዝተወሰነ ዕላማታት ትሰርሕ፣ ኣብ ዝብሉ ነጥብታት የተኵር። ስትራተጂ ምስ ናይ ሰኣላይ ሓሳብ ክወዳደር እንከሎ፡ ስትራተጅያዊ ውጥን ድማ ምስ ናይ ኣርኪተክት ዲዛኞ ክነነጻጽሮ ንኽእል።[12]

ስትራተጂ፡ ንስዕረት ተጻረድቲ ዘቀላጥፍ ቅሉዕ ግርጭት ዝኸሰተሉ ተኸእሎ ብምእማት፡ እቶም ተጻረድቲ ቀልጢፎም ኣላሽ ከም ዝብሉ ዝገብር ስትራተጅያዊ ኩነት ክፈጥር ይኽእል። እዚ ምስ ዘይከውን ድማ፡ እቲ ዝፍጠር ስትራተጅያዊ ኩነት ንዓወት ናይቶም ተቓለስቲ ርጉጽ ክገብሮ ይኽእል። ስትራተጂ ንዝተረኽበ ዓወታት ብኣድማዕነት ንኽትጥቀመሉ 'ውን የኽእለካ።

ኣብ መስርሕ ናይ ቃልሲ ጎስጓስ ብኸመይ ክምዕብል ከም ዘለዎን ስትራተጅያዊ ኩነት ብዝተፈላለየ መዳያቱ ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ ዝድለ ዕላማ ብኸመይ ከገልግል ከም ዝኽእልን ንምፍላጥ ስትራተጂ ሓጋዚ እዩ። ዝተወሰኑ ጉጅለታት ኣብ ንኣሽቱ ስርሒታት ክዋፈርሉ ዝኽእሉ ጥበብ የስንቕ። ኣብ'ቲ ተመሪጹ ዘሎ ኣገባባት ቃልሲ ዝህሉ መምዘንታት ናይ ዓወት፡ ሓደ ብውሕልነት ዝዳሎ ስትራተጂ ኣብ ግምት ከእትዎም ካብ ዝግብኦ ነገራት ሓደ እዩ። ዝተፈላለየ ኣገባባት ዝተፈላለየ መምዘንታት ኣለዎ። እቲ መምዘንታት ተማሊኡ ማለት ዓወት ትሑዝ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ተወሰኽቲ ረቛሒታት ከድልዩ ይኽእሉ እዮም።

ስትራተጂ ኣብ ዝሕንጽጽሉ እዋን፡ ዲሞክራስያውያን ንዕላማታቶም ብንጹር ክብርህዎ ይግባእ። ንዓኣቶም ንምዕዋት ዝግበር ጻዕሪ ድማ ብኸመይ ከም ዝልካዕ ክፈልጡ ይግባእ። እቲ ዕላማታት ብሩህን ትንቱንን ምስ ዝኸውን፡ ነፍሲ-ወከፍ ዕላማ ክትግበረሉ ዝኽእል መምዘንታት ንኽፈልጡ ይሕግዞም። ከምዚ ዓይነት ንጹርነት ኣብ ስልታዊ ውጥን 'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ስትራተጂ ብታክቲካትን ሜላታትን እዩ ዝትግበር። *ታክቲክ* ክብሃል እንከሎ፡ ኣብ ሓደ ውሱን ኩነታት ንዘሎ ዓቕሚ፡ ተጣቢብካ ንዝበለጸ ረብሓ ክትጥቀመሉ ምኽኣል ማለት እዩ። ታክቲክ ማለት እተወሰነ ዕላማ ንምዕዋት ዘገልግል እተወሰነ ተግባር እዩ። ኣማራጽታት ታክቲክ፡ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ደረጃ ናይ ግርጭት፡ ንዘሎካ ተኽእሎታት ከመይ ጌርካ ብዝበለጸ መገዲ ንስትራተጅኻ ከተዐውተሉ ትኽእል ኣብ ዝብል መረዳእታ ዝተሞርከሰ እዩ። ታክቲካትን ሜላታትን ኣድማዕነት ክህልዎም እንተኾይኑ፡ ኣብ ምዕዋት ስትራተጅያዊ ዕላማታት ብዘለዎም ተዛማድነት ምስ ዝምረጹን ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕሉን እዩ። ንስትራተጅያዊ ዕላማታት ዘየሐይሉ ታክቲካዊ ረብሓታት ኣብ መወዳእትኡ ከንቱ ድኻም ኮይኖም ክተርፉ ይኽእሉ እዮም።

ልክዕ ከምቲ ስትራተጂ ምስ ቀንዲ ስትራተጂ ተሳንዩ ክኸይድ ዝግብኦ፡ ታክቲክ 'ውን ምስቲ ዝሰፍሐ ስትራተጂ ክቃዶ ዝግብኦ፡ ኣብ ዝተወሰነ መስርሕ ናይ ተግባር ዘተኮረ እዩ። ታክቲክ ኣብ ቃልሲ ዘተኩር ነገር ክኸውን እንከሎ፡ ስትራተጂ ግን ካብኡ ዝሰፍሐ እዩ። ሓደ ዝተወሰነ ታክቲክ ከም ክፋል ናይ ሓደ ኣጠቓላሊ ስትራተጂ ናይ ግጥም ወይ ጎሰጓስ እዩ ክርአ ዘለዎ። ታክቲካት ካብ ስትራተጂ ፍልይ ብዝበለ ኣገባብ ንሕጽር ዝበለ እዋን፣ ኣብ ንእስ ዝበለ ከባቢታት (ጂኦግራፊካዊ፣ ትካላዊ፣ ወዘተ.) ወይ ብውሑድ ዝበለ ቁጻሪ ሰባት፣ ወይ ድማ ንውሱን ዕላማታት እዮም ዘገልግሉ። ኣብ ዘይጎነጻዊ ተግባር፡ ኣብ ሞንጎ ታክቲካውን ስትራተጅያውን ዕላማ ዘሎ ፍልልይ፡ ብምዕባይ ወይ ምንኣስ ናይቲ ክጭበጥ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ ክፍለጥ ይክኣል።

ስትራጅያዊ ዕላማታት ንምዕዋት መጥቃዕታዊ ታክቲካዊ ኣገባባት ምምራጽ ይክኣል እዩ። እዚኣቶም፡ ሓንጸጽቲ ኣብ ልዕሊ ተጻረርቲ ወሰንቲ መጥቃዕታት ንምኽፍንዉ ዝኽእሎም ምቹእ ሃዋሁ ዝፈጥሩሎም መሳርሕታት እዮም። ስለዚ ታክቲካዊ ስርሒታት ዝሕንጽጹን ዝትግብሩን ሰባት፡ ንኹነታት ንምግምጋምን ዝበለጸ ሜላታት

[12] ሮበት ሃልቨይ፡ ውልቃዊ ርክብ፡ 15 ነሓሰ 1993።

ንምምራጽን ዘኽእሎም ጥበብ ዝሰነቑ ክኾኑ ይግባእ። እቶም ተሳተፍቲ ብኣጠቓቕማ ናይቲ እተመርጸ ተክኒካዊ ጥበባትን ሜላታትን ዝሰልጠኑ ክኾኑ ኣለዎም።

ሜላ ዝብል ኣምር ንሓደ ዝተወሰነ መሳርያ ወይ ኣገባብ ተግባር ዝገልጽ እዩ። ብመንጽር ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ክርአ እንከሎ፡ ነቶም ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ዝዘርዘርናዮም ዝተፈላለዩ ኣገባባት ተግባር (ከም እኒ ኣድማ፣ ኣብያ፣ ፖለቲካዊ ሕንገዳን ካልኦትን) ዘጠቓልለ እዩ። (ጥብቆ ርአ)።

ኣመዓባብላ ሓላፍነታውን ኣድማዕን ስትራተጅያዊ ውጥን ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ ኣብ ጥንቁቕ ኣሰራርዓን ምርጫን ናይ ቀንዲ ስትራተጂ፣ ስትራተጅታት፣ ታክቲካትን ሜላታትን እተሞርከሰ እዩ።

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ዝተገልጸ ቀንዲ ሓሳብ፡ ካብ ምልኪ ናብ ሓርነት ኣብ ዝግበር ቃልሲ፡ ብጥንቃቐ ዝዳሎ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣገዳስነቱ ዝዓዘዘ ምዃኑ እዩ። ብውሕልነት ዘይምውጣን ውድቀት ከስዕብ ይኽእል። ብዕቱብ ዝዳሎ ስትራተጅያዊ ውጥን ግን ንዘሎ ዓቕሚ ሕብረተሰብ ኣወሃሂዱ ንዕላማታት ሓርነትን ዲሞክራስን ከዐውቶ ይኽእል።

# ሸውዓተ

# ኣወጣጥና ስትራተጂ

ተኽእሎ ናይ ዓወት ክብ ንምባል፡ መራሕቲ ተቓውሞ ነቲ ጭቁን ህዝቢ ዘሐይል፣ ንመላኺ ስርዓት ኣዳኺሙ ውሑስ ዲሞክራሲ ዝተክል፡ ኣጠቓላሊ መደብ ስራሕ ክቕይሱ የድልዮም። ከምዚ ዝበለ መደብ ስራሕ ንምዕዋት፡ ህልዊ ኩነታትን ዘሎ ኣድማዒ ኣማራጽታትን ብጥንቃቐ ክምዘን ይግብኦ። ካብ ከምዚ ዝበለ ጥንቁቕ ትንተና ሓርነት ከጎናጽፍ ዝኽእል ቀንዲ ስትራተጅን ዝርዝራዊ ናይ ጎስጓስ ስትራተጅን ክወጽእ ይኽእል። ዋላ'ኳ ተመሳሳልነት እንተለዎም፡ ኣመዓባብላ ቀንዲ ስትራተጅን ዝርዝራዊ ናይ ጎስጓስ ስትራተጅን ነብሱ ዝኽኣለ ዝተፈላለየ መስርሓት እዩ። ቀንዲ ስትራተጂ ምስ ተሓንጸጸ ጥራይ እዩ ዝርዝራዊ ናይ ጎስጓስ ስትራተጅታት ክሕንጸጽ ዝኽእል። ናይ ጎስጓስ ስትራተጅታት ንዕላማታት ቀንዲ ስትራተጂ ከዐውትን ከደንፍዕን ተባሂሉ እዩ ክሕንጸጽ ዝግብኦ።

አመዓባብላ ናይ ተቓውሞ ስትራተጂ ንዝተፈላለዩ ሕቶታን ዕዮታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ብደረጃ ቀንዲ ስትራተጅን ናይ ጎስጓስ ስትራተጅን ኣብ ግምት ክኣትው ዝግብኦም ነገራት ክፍለጡ ኣለዎም። ሓንጸጽቲ ስትራተጅያዊ ውጥን ብዛዕባ እቲ ዘሎ ግርጭት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣካላዊ፣ ታሪኻዊ፣ መንግስታዊ፣ ወተሃደራዊ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ቁጠባውን ኣህጉራውን መዳያት ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ክህልዎም ይግባእ። ስትራተጅታት ብመንጽር ሓደ ውሱን ቃልስን ድሕረ-ባይታኡን እዩ ክሕንጸጽ ዝኽእል።

ልዕሊ ኹሉ ነገር፡ ሓንጸጽቲ ስትራተጅን ዲሞክራስያውያን መራሕትን ንዕላማታትን ኣገዳስነትን ናይቲ ቓልሲ ክግምግምዎ ይግብኦም። ነቲ ዕላማታት ብሓቂ ክቃለስሉ ይግብኦምዶ፧ ስለምንታይ፧ ሓቀኛ ዕላማ ናይቲ ቓልሲ ምውሳን ኣገዳሲ ነገር እዩ። ኣቐዲምና ከም ዝርኣናዮ ነቲ ዘሎ መላኺ ስርዓት ምልጋስ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ዕላማስ ምምስራት ናጻ ሕብተረሰብን ዲሞክራስያዊ ስርዓት-መንግስትን እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብዚ ነጥቢ'ዚ እንተድኣ ንጹርነት ክህሉ ክኢሉ፡ ንኽያስ ቀንዲ ስትራተጅን ዝርዝራዊ ስልትታትን ብኣዎንታ ክጸልዎ ይኽእል።

ሓንጸጽቲ ስትራተጂ፡ ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ መሰረታውያን ሕቶታት ክምልሱ ክኽእሉ ኣለዎም።

- ሓርነት ንምጕንጻፍ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ቀንዲ ዕንቅፋታት ኣየኖት እዮም፧
- ንምጕንጻፍ ሓርነት ኣየኖት ረቛሕቲ የቀላጥፍዎ፧
- ሓያል ጎድኒ ናይ'ቲ መላኺ ስርዓት ኣበይ እዩ፧
- ድኽመታት ናይ'ቲ መላኺ ስርዓት ኣበይ እዮም፧
- ምንጪታት ስልጣን ናይ'ቲ መላኺ ስርዓት ክሳብ ክንደይ ተኣፈፍቲ እዮም፧
- ናይ'ቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታትን ናይ ሓፋሽ ህዝብን ሓያል ጎድንታት ኣየኖት እዮም፧
- ድኽመታት ናይ'ቶም ዲሞክራስያውያን ከመይ ዝበሉ እዮም፧ ብኸመይከ ክእረሙ ይኽእሉ፧

- ኣብ’ቲ ግርጭት ብቐጥታ ተሳተፍቲ ዘይኮኑ ኣካላት፡ ኩነታቶም ከመይ እዩ፧ ምስ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስን ምልካዊ ስርዓትን ዝደጋገፉ እንተኾይኖምከ፡ ብኸመይ ይደጋገፉ፧

## ናይ ኣገባባት ምርጫ

ብደረጃ ቀንዲ ስትራተጂ፡ ሓንጸጽቲ ኣየናይ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ክኽተሉ ከም ዘለዎም ክውስኑ ይግባእ። ከም ወተሃደራዊ ቅዲ-ኹናት፣ ደባይ ኲናት፣ ፖለቲካዊ ኣብያን ካልኦት ተክኒካትን ናይ ቃልሲ፡ ብልጫታቶምን ሕጽረታቶምን ክግምገም ይግባእ።

ሓንጸጽቲ ስትራተጂ ኣገባባት ቃልሲ ኣብ ዝመርጽሉ ግዜ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። እቲ ተመሪጹ ዘሎ ኣገባብ ቃልሲ ምስ ዓቕሚ ናይቶም ተቓለስቲ ዝመጣጠን ድዩ፧ እቲ ዝምረጽ ተክኒክ ንዓቕሚ ናይ’ቲ ተዓብሊሉ ዘሎ ሕብረተሰብ ክጥቀመሉ ይኽእልዶ፧ እቲ ተክኒክ ኣብ ድኹም ጎኒ ናይ’ቲ ምልካዊ ስርዓት ዘተኮረ ድዩ ወይስ ኣብ ሓያል ጎኑ፧ እቲ ኣገባባት ነቶም ተቓለስቲ ርእሰ-ምርኮሳ ከማዕብሉዶ ይሕግዞም ወይስ ተጸበይቲ ናይ ደገ ሓገዝ ይገብሮም፧ ብዛዕባ እቲ ዝምረጽ ኣገባብ ከመይ ዝበለ ናይ ቅድሚ ሕጂ ተሞክሮ ኣሎ፧ እቲ ኣገባብ፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ክህሉ ንዝኽእል ሞትን ዕንወትን የጋድዶዶ ይንክዮ፧ እቲ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ተሳዒሩ ብኻልእ መንግስቲ ምስ ተተክአ፡ እቲ ኣገባብ፡ ኣብ ዓይነት ናይ’ቲ ዝመጽእ መንግስቲ ከመይ ዝበለ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል፧ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ዝኽእል ኣማራጽታት ካብ’ቲ ቐንዲ ስትራተጂ ክእለ ኣለዎ።

ኣብ ዝቐደመ ምዕራፋት፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ካብ ካልእ ዓይነት ኣገባባት ቃልሲ ብተዛማዲ ዝሓሸ ብልጫታት ከም ዘለዎ ጠቒስና ኔርና። ሓንጸጽቲ፡ ዘለውዎ ፍሉይ ናይ ግርጭት ኩነታት ገምጊሞም፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሕቶታት ኣወንታዊ ምላሽ ክህብ ዝኽእል ምኳኑን ዘይምኳኑን ክምርምሩ ይግባእ።

## ውጥን ንዲሞክራሲ

ሓደ ክርሳዕ ዘይብሉ ነገር እንተሎ፡ ናይ ቀንዲ ስትራተጂ ዕላማ ንምልካዊ ስርዓት ምእላይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ተኺልካ፡ ምልኪ ከም ዘይድገም ምርግጋጽ እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ እቲ ዝምረጽ ኣገባብ ቃልሲ፡ ስልጣን ኣብ ምሉእ ሕብረተሰብ ክዝርጋሓሉ ዝኽእል መገዲ ክፈጥር ኣለዎ። ኣብ ምልካዊ ስርዓት ሕብተረሰብን በርጌሳዊ ማሕበራትን ፈጺሙ ተዳኺሙ፡ መንግስቲ ግን ኣዝዩ ሓይሉ’ዩ ዝጸንሕ። እዚ ዘይምዕሩይነት እዚ ክሳብ ዘይተወገደ ኸኣ እቶም ስዒቦም ዝመጹ ሓደስቲ መራሕቲ ከምቶም ቅድመኦም ዝነበሩ መለኽቲ ካብ ምኳን ዝዓግቶም የብሎምን። ስለዚ፡ ዕልዋ መንግስቲ ወይ ድማ “ሰውራ ላዕለየ-ላዕሊ” ጥራይ እኹል ኣይኮነን።

ኣብ ሓሙሻይ ምዕራፍ ከም ዝረኣናዮ ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ህዝቢ ኣንጻር ምልኪ ከም ዝለዓል ብምግባር፡ ኣብ ሕብረተሰብ ምዕሩይ ዝርገሐ ኣድማዒ ስልጣን ንኽህሉ ይሕግዝ። እዚ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክፍጸም ይክኣል። ዓቕሚ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ከጥሪ ዝኽኣለ ሕብረተሰብ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ብቐሊሉ ክጸዓደሉን ክምብርከኽሉን ስለ ዘይክእል፡ እቲ ስርዓት ከም ድላዩ ክጭቁን ኣይክእልን። እቲ ሕብረተሰብ ንስልጣን ናይ’ቲ መላኺ ስርዓት ዝምክተሉን ግብረ-መልሲ ዝህበሉን ደርማስ ዓቕሚ ከማዕብል ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ብፖለቲካዊ ኣብያ ህዝባዊ ስልጣን ምስ ዝድንፍዕ ንናጻ ማሕበራት የሐይሎ። ስልጣን እንተድኣ ሓንሳብ ብግቡእ ክዕየየሉ ጀሚሩ ቀልጢፉ ኣይጠፍእን እዩ። ኣብ’ቲ ቓልሲ ዝጥረ ፍልጠትን ተሞክሮን፡ እቲ ሕብረተሰብ ንዝኾነ ኣብ መጻኢ ክርአ ዝኽእል ምልካዊ ስርዓት ከም ዘይምብርከኽ ይገብሮ። ከምዚ ዝበለ ምቅይያር ኣብ ሚዛን ሓይሊ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ነባሪ ዲሞክራሲ ናይ ምትካል ተኽእሎ የዛይዶ።

## ናይ ወጻኢ ሓገዝ

ጎኒ፡ ጎኒ ምድላው ቀንዲ ስትራተጂ፡ ውሽጣዊ ተቓውሞን ናይ ደገ ጸቕጥን ኣብ ምእላይ ምልካዊ ስርዓት ዘለዎ ተራ ምግምጋም ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ብዝምልከት እቲ ቐንዲ ሓይሊ ናይ ቃልሲ ካብ ውሽጢ ዝመንጨወ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣቐዲምና ገሊጽናዮ ኔርና ኢና። ደጋፊ ሓገዝ ዘድሊ እንተኾይኑ ‘ውን በቲ ዘሎ ውሽጣዊ ቓልሲ ዝተደረኸ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ሰብኣዊ፣ ሞራላውን ሃይማኖታውን መዳያት ዘተኮረ፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝቐንዕ ኣህጉራዊ ሓገዝ ክሕተት ይክኣል እዩ። ብመንግስታትን ኣህጉራዊ ውድባትን ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዲፕሎማስያዊ፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን እገዳታት ንኽግበር ጻዕርታት ክግበር ይክኣል። እዚ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክትግበር ይኽእል። ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ካልእ ቁጠባዊ ነገራትን ንኽይሽየጥን ከይዕደግን ምኽልካል፣ ዲፕሎማስያዊ ተፈላጥነት ምጉዳል ወይ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ምብታኽ፣ ኣብቲ ሃገር ቁጠባዊ ምትሕግጋዛትን ወፍርን ምእጋድ፣ ንምልካዊ ስርዓት ካብ ኣህጉራዊ ውድባትን ኣካላት ውደብ ሕቡራት ሃገራትን ምግላፍ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ነቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ቀጥታዊ ሓገዝ፡ ናይ መራኸብን ፋይናንስን ዘጠቓልል ኣህጉራዊ ደገፍ፡ ክግበረሎም ይኽእል።

## ቅየሳ ቐንዲ ስትራተጂ

ህልው ኩነታት፣ ኣማራጽታትን ተራ ናይ ወጻኢ ደገፍን ድሕሪ ምግምጋም፡ ቀየስቲ ቐንዲ ስትራተጂ እቲ ቃልሲ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝካየድ ዘርኢ ሓፈሻዊ ስእሊ ክነድፉ ይግባእ። እቲ ውጥን፡ ካብ ህልው ኩነታት ጀሚሩ ክሳብ ሓርነትን ምትካል ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ንዝሎ ጉዕዞ ዘንጸባርቕ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ቐንዲ ስትራተጂ ኣብ ዝሕንጽጽሉ ግዜ፡ ቀየስቲ ዝተፈላለየ ሕቶታት ክሓቱ ኣለዎም። እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት (ካብቶም ኣቐዲምና ዝረኣናዮም ብዝስፍሐ መገዲ) ንፖለቲካዊ ኣብያ ዝኸውን ቀንዲ ስትራተጂ ኣብ ዝቕየሰሉ ግዜ እንታይ ዓይነት ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣትው ከም ዝግባእ ዘብርሁ እዮም።

እቲ ነዊሕ ዝጠመተ ቓልሲ ብኸመይ ይጅመር፧ እቲ ጭቁን ህዝቢ፡ ዋላ ብዝተወሰነ ዓቕሚ፡ ብኸመይ ነብሰ-ምትእምማንን ሓይልን ደሊቡ ንምልካዊ ስርዓት ክገጥም ይኽእል፧ ምስ ግዜን ተሞክሮን ኣጠቓቕማ ሕንገዳን ኣብያን ኣብቲ ሕብረተሰብ ብኸመይ ክምዕብል ይኽእል፧ ንዓቕሚ ምልካዊ ስርዓት ደሪትካ፡ ሕብረተሰብ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ክድልበሉ ዝኽእል ጎስጓሳትን ዕላማታቱን ብኸመይ ይትግበር፧

ብኣንጻር ናይ’ቲ ዘሎ ምልኪ፡ ዝሰረራ ነጻ ማሕበራት ኣለዋዶ፧ እንተለዋኸ ኣብ ቃልሲ ሓርነት ብኸመይ ከበርክታ ይኽእላ፧ እቲ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ዘለወሉ ‘ውን እንተኾነ፡ ኣየኖት ትካላት ሕብረተሰብ ካብቲ ስርዓት ክምንዛዓ ይኽእላ፧ ወይ ‘ውን ንምዕዋት ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ከመይ ዝበላ ሓደስቲ ትካላት ክህነጻ ይኽእላ፧

ናይ ተቓወምቲ ውድባዊ ትርንዐ ብኸመይ ክምዕብል ይኽእል፧ ተሳተፍቲ ብኸመይ ክስልጥኑ ይኽእሉ፧ ኣብ’ቲ ቓልሲ እንታይ ዓይነት ንዋት (ምወላ፣ መሳለጥያ፣ ወዘተ.) የድሊ፧ ነቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምልዕዓል እንታይ ዓይነት ኣርማታት ዝያዳ ኣድማዕነት ይህልዎ፧

ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃን ብኸመይ ዝበለ መገድን እዮም ምንጭታት ስልጣን ናይ’ቲ ስርዓት ብዘየዳግም መልክዕ ክዳኸሙን ክነጽፉን ዝኽእሉ፧ እቲ ተቓዋሚ ሓይሊ፡ ግቡእ ዘይጎነጻዊ ድስፕሊንን ኣብያን ብማዕረ ዓቂቡ ብኸመይ ክቕጽል ይኽእል፧ ኣብ መስርሕ እቲ ቓልሲ ሕብረተሰብ ዘድልዮ መሰረታዊ ጠለባት ብኸመይ የማልእ፧ ኣብ መስርሕ ናይ’ቲ ግርጭት፡ ስነ-ስርዓት ብኸመይ ክሕሎ ይኽእል፧ ዓወት እንዳተቓረበ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ እቲ ስዒቡ ዝመጽእ መሰጋገሪ መድረኽ ብሰላም ምእንቲ ኽስገር ዝሕግዝ ትካላዊ ሰረት ብኸመይ ይንጸፍ፧

ሓደ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ነገር እንተሎ፡ ንኹሉ ሓርነታዊ ቓልስታት ከገልግል ዝኽእል ንድፊ ስትራተጂ ክህሉ ወይ ‘ውን ክሕንጸጽ ከም ዘይክእል እዩ። ንነፍሲ-ወከፍ

ምልካዊ ስርዓት ንምውዳቕን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ዝካየድ ቃልሲ እተፈላለየ እዩ። ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣብነታት ውጹእ ተመሳሳልነት ክህሉ ኣይክእልን። ነፍሲ-ወከፍ ምልካዊ ስርዓት ነናቱ ውልቃዊ ጠባያት ስለ ዝህልዎ፡ ዓቕሚ ናይቶም ተቓለስቲ 'ውን ብኡ መጥን እተፈላለየ ክኸውን ግድን እዩ። መራሕቲ ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ነቲ ኣውራ ስትራተጂ ኣብ ዝቕይስሉ ግዜ ብዛዕባ ኩነታት ናይ'ቲ ግርጭት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ዘሎ ኣማራጽታት ቃልሲ 'ውን ዓሚቕ ፍልጥት ክህልዎም ይግባእ።[13]

እቲ ቐንዲ ስትራተጂ ብጥንቃቐ ምስ ተሓንጸጸ፡ ብዝሰፍሐ ክዝርጋሕ ይግብኦ። እቲ ኣብ ቃልሲ ዝሳተፍ ህዝቢ፡ ነቲ ሓፈሻዊ ትሕዝቶን መምርሕታትን ምስ ዝፈልጦ ብዝያዳ ንኽዋሳእ ይድረኽ። ተሳተፍቲ፡ ኣፍልጦ ምስ ዝህልዎም ፍናኖም ክብ ይብል፤ ድሌቶምን ተሳታፍነቶምን ይዓዝዝ። መለኽቲ 'ውን ብዛዕባ ሓፈሻዊ ሕንጻጻትን ትሕዝቶን ናይ'ቲ ቐንዲ ስትራተጂ ምስ ፈለጡ፡ ንጭካነኦም ደረት ክገብርሉ ይግደዱ፤ ምኽንያቱ ተመሊሱ ንዕኦም ዘወቅዕ ፖለቲካዊ ሳዕቤናት ክህልዎ'ዩ ዝብል ስግኣት ስለ ዘሕድሩ። ብዛዕባ ፍሉይ ጠባያት ናይ'ቲ ቐንዲ ስትራተጂ ዘሎ ኣፍልጦ ክብ ምስ ዝብል፡ ኣብ ውሽጢ እቲ መላኺ ስርዓት ናይ ምስላምን ተቓውሞን ተርእዮታት ክም ዝቀላቐል ይገብር።

ሓንሳብ እቲ ንኣተኣላልያ ምልክን ምትካል ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ዝምልከት ቀንዲ ስትራተጂ ምስ ጸደቐ፡ እቶም ተቓለስቲ ንትግባረኡ ከይተሓለሉ ክሰርሑ ኣለዎም። ኣብ ኣዝዩ ዝተወሰነ ኣጋጣምታት ጥራይ'ዩ እቲ ቓልሲ ካብ'ቲ ቐንዲ ስትራተጂ ክምሕድግ ዝኽእል። እንተድኣ እቲ ኣቐዲሙ ዝተሓንጸጸ ቀንዲ ስትራተጂ ርኡይ ጉድለታት ተረኺብዎ ወይ 'ውን ኩነታት ናይ'ቲ ቓልሲ መሰረታዊ ለውጢ እንተድኣ ኣርእዩ፡ ነቲ ቐንዲ ስትራተጂ ሓንጸጽቲ ክልውጥዎ ኣለዎም። እዚ ክግበር እንተኸይኑ ግን፡ ኣቐዲምካ ጥንቁቕ ገምጋም ክግበር፡ መተካእታ ዝኸውን ቀንዲ ስትራተጂ ድማ ክዳሎን ክጸድቕን ክኽእል ኣለዎ።

## ቅየሳ ስልትታት ጎስጓስ

ነቲ ምልካዊ ስርዓት ኣሊኻ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዝተሓንጸጸ ቀንዲ ስትራተጂ፡ ሽሕ ግዜ ብሉጽ እንተኾነ 'ውን ብቐጥታ ክትግበር ዝኽእል ነገር ኣይኮነን። ንስልጣን ምልካዊ ስርዓት ኣብ ምድኻም ዘገልግል ጎስጓሳት ንምውህሃድ ዝርዝራዊ ስልትታት ክዳሎ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ስምብራት ዝገድፍ መጥቃዕቲ ንምፍናው እተፈላለየ ታክቲካዊ ዕዮታት ስለ ዘድሊ፡ እዚ ዕዮታት'ዚ ብግዲኡ ብዝርዝራዊ ስልትታት እዩ ዝወሃሃድ። እቲ ታክቲካትን ሜላታትን ንዕላማ ነፍሲ-ወከፍ ስልቲ ብዘዐውት መገዲ ብጥንቃቐ ክምረጽ ኣለዎ። ኣብዚ ክነተኩረሉ ደሊና ዘለና ነጥቢ እቲ ንስልቲ ዝምልከት መዳይ እዩ።

ልክዕ ከምቶም ቀንዲ ስትራተጂ ዝሕንጽጹ መራሕቲ፡ ስልትታት ጎስጓስ ዝሕንጽጹ ቀየስቲ 'ውን ብዛዕባ ባህርያት፣ ኩነታትን ኣጠቓቕማን ናይ'ቲ ዝመርጽዎ ተክኒካት ቃልሲ እኹል ኣፍልጦ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ። ልክዕ ከም'ቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት ወተሃደራዊ ስትራተጂ ክሕንጽጹ እንከለው ብዛዕባ መሸከላት ሓይሊ፣ ታክቲካት፣ ሎጀስቲክስ፣ ኤምዳድ፣ ቅርጺ መሬትን ካልእን ክግደሱ ዝግባእ፡ ሓንጸጽቲ ፖለቲካዊ ኣብያ ድማ ብዛዕባ ባህርይን ሕግታትን ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ኣዳቒቖም ክፈልጡ ይግባእ። ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ፍልጠት ምድላብ፣ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ምኽርታት ምግንዛብ፣ ነቲ ዘልዓልናዮ ሕቶታት ዝወሃብ መልስታት፣ ኩሉ-ሙሉ ምስ ሕቡር ተበላሓትነት ተደሚሩ ጥራይ እዩ ስልትታት ኣብ ምቕያስ ክሕግዝ ዝኽእል።

[13] ነዚ ብዝምልከት Gene Sharp, *The Politics of Nonviolent Action* (Boston, MA: Porter Sargent, 1973) ከምኡ 'ውን Peter Ackerman and Christopher Kruegler, *Strategic Nonviolent Conflict* (Westport, Connecticut: Praeger, 1994) ዝብሉ መጻሕፍቲ ምውካስ ይክኣል። ከምኡ 'ውን ኣብ መጻኢ ዝሕተም Gene Sharp, *Waging Nonviolent Struggle: Twentieth Century Practice and Twenty-First Century Potential* ዝብል መጽሓፍ ረአ።

ኣብ እተወሰነ ናይ ተቓውሞ ጎስጓስ ዘገልግል ስልትታት ክምኡ 'ውን ነዊሕ ዝጠመተ ናይ ሓርነታዊ ቓልሲ መደባት ዝቕይሱ ሓንጸጽቲ ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ኣብ ግምት ከእትው ይግባእ።

- ዕላማታት ናይ'ቲ ጎስጓስን ኣበርክቶኡ ኣብ ትግባረ ናይ ቀንዲ ስትራተጅን ምውሳን።

- ንዝተመርጸ ስልትታት ኣብ ምትግባር ዘገልግሉ ዝበለጹ ሜላታትን ፖለቲካዊ መሳለጥያታትን ምልላይ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መደብ ናይ ሓደ ዝተወሰነ ጎስጓሳዊ ስልቲ፡ ኣብ ልዕሊ ምንጭታት ስልጣን ናይ'ቲ መላኺ ስርዓት ኣድማዒ ጸቕጢ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ተክኒካትን ሜላታትን ምውሳን ኣገዳሲ እዩ። ዓበይቲ ዕላማታት ክዕወት ዝኽእል፡ ደቀቕቲ ስጉምታት ብጥንቃቐ ምስ ዝምረጽን ዝትግበርን ምኻኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

- ቁጠባዊ ሕቶታት ምስ'ቲ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ብኸመይ ከም ዝዛመድ ምውሳን። ኣብ'ቲ ቓልሲ ቁጠባዊ ሕቶታት ዝዕብልል እንተመሲሉ፡ እቶም ሕቶታት እቲኣቶም ድሕሪ ውድቀት ምልካዊ ስርዓት ጥራይ ክፍትሑ ዝኽእሉ ምኻኖም ምግንዛብ። እዚ ምስ ዘይግበር ግን፡ ኣብ'ቲ መሰጋገሪ መድረኽ ቅጽበታዊ ፍታሕ ክመጽእ ስለ ዘይክእል ዘይዕግበትን ፖለቲካዊ ቕሓርን ክኸሰት ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ስምዒታት፡ ቁጠባዊ ጸገማት ከነርሁ ብዝብል ጕልባብ፡ ሓደስቲ መለኽቲ ንኽበቝሉ ዕድል ይፈጥር።

- ቃልሲ ተቓውሞ ንምጅማር ከመይ ዝበለ ቅርጺ መሪሕነትን ናይ መራኸቢ ስርዓትን ከም ዘድሊ ኣቐዲምካ ምውሳን። ንተቓለስትን ህዝብን ኣብ ምምራሕ ከመይ ዝበለ ኣገባብ መራኸብታትን መስርሕ ናይ ኣፈጻጽማ ውሳነታትን የድሊ፧

- ብዛዕባ ተቓውሞ ዜናን ሓበሬታን ናብ ህዝቢ፣ ሓይልታት ምልካዊ ስርዓትን ኣህጉራውያን ማዕከናት ዜናን ክመሓላለፈሉ ዝኽእል ናይ መራኸቢ ኣገባባት ምፍጣር። ዝቐርብ ጸብጻባት ፈጺሙ ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰ ክኸውን ኣለዎ። ዝተጋነነን ዘይተረጋገጸን ጸብጻባት ንተኣማንነት ናይ'ቲ ቓልሲ የዳኽሞ።

- ንጠለባት ህዝቢ ኣብ ምምላእ ክሕግዝ ዝኽእል፡ ኣብ ርእሰ-ምርኮሳ ዝተሞርኮሰ ማሕበራዊ፣ ትምህርታዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ንጥፈታትን መደባትን ምምዕባል። ከም'ዚ ዝኣመሰልዎ መደባት ኣብ'ቲ ቓልሲ ብቐጥታ ብዘይዋስኡ ሰባት ክትግበር ይክኣል።

- ነቲ ሓርነታዊ ቓልሲ ብሓፈሻ ወይ 'ውን ንዝተወሰኑ ናይ ጎስጓስ መደባት ዘድሊ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ምውሳን። ነቲ ውሻጣዊ ቓልሲ ጽግዕተኛ ናይ ዘየተኣማምን ደጋዊ ሓገዝ ከምዘይከውን ጌርካ፡ ብኸመይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ክወሓስ ይክኣል፧ ከመይ ዝበሉ ናይ ወጻኢ ሓይልታት እዮም ብኣድማዕነት ክሕግዙ ዝኽእሉ፧ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትዶ (ከም ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት፣ ሃይማኖታዊ ወይ ፖለቲካዊ ጉጅለታት፣ ማሕበራት ሸቃሎ፣ ወዘተ.) ወይስ መንግስታውያን ወይ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣካላቱን፧

ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ ህዝባዊ ምልዕዓል ኣንጻር ዕብለላ ምልኪ፡ ሃንደስቲ ተቓውሞ፡ ጠለባት ህዝቢ ንኽማላእን ኣደብ ንኽግበርን ኣድላይ ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ። ከም'ዚ ምስ ዝግበር፡ ጠለባት ከማልእ ዝኽእል ናጻ ዲሞክራስያዊ ኣማራጽታት

ይፍጠር ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ስርዓት ህውከትን ዕግርግርን ንምምካት ብዝብል ምስምስ ዝወስዶ ጨካን ስጉምታት ተኣማንነት የጉድል።

## ሕንገዳ ከም ዘስፋሕፍሕ ምግባር

ኣንጻር ምልኪ ዝግበር ፖለቲካዊ ኣብያ ዕውት ክኸውን እንተኾይኑ፡ እቲ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ሕንገዳ እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ። ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ብዛንታ ናይ'ቲ "ጎይታ ህበይ" ከም እተገልጸ፡ እቲ ሓሳብ ቀሊል እዩ። ካብ'ቲ ኣብ ጭቆና ዘሎ ህዝቢ፡ እኹል ዝቑጽሩ ሰብ እንተደኣ ሓንጊዶም፡ እቲ ጨቋኒ ስርዓት ይዳኸም፡ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ይወድቕ።

እቲ ኣብ ምልኪ ዘሎ ህዝቢ ብዛዕባ'ዚ ሓሳብ'ዚ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ፈሊጡ ክጸንሕ ይኽእል'ዩ። ይኹን እምበር፡ እቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት 'ውን ንኣምር ሕንገዳ ብዝሰፍሐ መገዲ ክጎሳጉሱሉ ይግባእ። ከም ዛንታ "ጎይታ ህበይ" ዝኣመሰልዎ ወይ ካልእ፡ ህዝቢ ብቐሊሉ ክርድኦ ዝኽእል ዛንታታት ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ክዝርጋሕ ይኽእል። ህዝቢ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣምር ሕንገዳ እኹል ኣፍልጦ ምስ ኣሕደረ፡ ኣብ መጻኢ ዝግበር ዝኾነ ተመሳሳሊ ጻውዒታት ኣድላይነቱ ክርድኦ ይኽእል። ብናይ ገዛእ ርእሱ ተበግሶ 'ውን ዝተፈላለየ ዓይነት ሕንገዳዳት ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ኩነታት ክተኣታቱ ይጅምር።

ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ኼንካ፡ ዜና፣ ሓበሬታን ናይ ተቓውሞ መምርሕታትን ክትዝርግሕ ሓደገኛን ከቢድን እኳ እንተኾነ፡ ዘይክኣል ነገር ከም ዘየኮነ ግን ተሞክሮ ተቓለስቲ ኣረጋጊጽዎ እዩ። ኣብ ስርዓት ናዝን ዴሳውያንን ከይተረፈ፡ ተቓወምቲ ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ምስ ህዝቢ 'ውን፡ ብምስጢር ብዝብተን ወረቓቕቲ፣ ጽሑፋት፣ መጻሕፍቲ፣ ደሓር 'ውን ብእተቐርጸ ድምጽን ስእልን ይራኸቡ ኔሮም እዮም።

ኣቐዲሙ ዝተሓንጸጸ ስትራተጅያዊ ውጥን እንተሎ፡ ናይ ተቓውሞ መምርሕታት ብቐሊሉ ክዳሎን ክዝርጋሕን ይኽእል። በዚ ኣገባብ'ዚ ሕብረተሰብ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት፣ ንኸመይ ዝበለ ሕቶታት፣ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ክቃወምን ክሕንግድን ከም ዘለዎ ይሕብር። እቲ ሕብረተሰብ ከም'ዚ ዓይነት ልምዲ ምስ ዘጥሪ፡ ኣብ ገለ ኣገደስቲ ሕቶታት፡ ዋላ መምርሒ ኣብ ዘይብሉ እዋናት፡ ብኸመይ ክቕጽል ከም ዘለዎ ይፈልጥ። ንመስርሕ ቃልሲ ንምትዕንቃፍ ብኻልኦት ንዝወሃብ መደናገሪ "መምርሕታት" ድማ ኣይህመለሉን።

## ጭቆናን ግብረ-መልስን

ንዲሞክራስያውያን ተቓለስቲ ካብ ምልካዊ ስርዓት ክመጽእ ዝኽእል ናይ ጭቆና ግብረ-መልሲ፡ ብፍላይ ድማ ጎነጽ ንምዕዳም ዝወሃብ ግብረ-መልሲ፡ ሓንጸጽቲ ስትራተጂ ክዳለውሉን ክግምግምዎን ዝግብኦም ነገር እዩ። እቲ እንዳዛየደ ዝኸይድ ጭቆና ብዘይ ተጸዓድነት ብኸመይ ክግጠም፣ ክብዳህን ክዕገትን ከም ዘለዎ ምውሳን የድሊ። ብዛዕባ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ግብረ-መልሲ ጭቆና፡ እቲ ሕብረተሰብ ብሜላን ከከም ኩነታቱን ክሕበር ኣለዎ። ክህሉ ዝኽእል ሓደጋት ንኸለሊ ድማ ይሕግዞ። እቲ ጭቆና እንዳገደደ ዝኸይድ እንተመሲሉ፡ ንዝጉድኡ ሰባት ሕክምናዊ ረድኤት ምቕራብ ኣገዳሲ እዩ።

ዓፈና ክመጽእ ከም ዝኽእል ብምግንዛብ፡ ቀየስቲ ኣየኖት ሜላታት ብዝተሓተ ክስራ ነቲ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ ከዐውቱ ከም ዝኽእሉ ኣቐዲሞም ኣለልዮሞም ክጸንሑ ይግባእ። ንኣብነት፡ ኣብ ጎደናታት ዝግበር ሰላማዊ ሰልፍታት ዋላ'ኳ መሳጢ ክኸውን ዝኽእል እንተኾነ፡ ናይ ኣሽሓት ሰባት ሂወት ንሓደጋ ከሳጣሕ ይኽእል። ኣብ ሰልፈኛታት ዝወርድ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ርኡይ ጸቕጢ ክፈጥር ኣይክእልን። ብኣንጻሩ ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ምቁራጽ ኣድማ ወይ 'ውን ሓፈሻዊ ሕንገዳ ናይ ሰራሕተኛታት ብዝያዳ ኣድማዒ ክኸውን ይኽእል።

ብስትራተጅያዊ ምኽንያታት ከቢድ ክሳራታት ክኸትል ዝኽእል ናይ ተቓውሞ መደብ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ፡ እቲ መደብ ዝህልዎ ክሳራታትን መኸሰባትን

ብጥንቃቐ ክምዘን ኣለዎ። እቲ ሕብረተሰብን እቶም ተቓለስትን ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ ቓልሲ ብዘይጎነጻውን ድስፕሊናውን መገዲ ክዋስኡ ይኽእሉዶ፧ ጎነጻዊ ምቱ'ሾታኽከ ክቆጻጸርዎዶ ይኽእሉ፧ ብኣንጻር ዘጋጥም ጭካነ፡ ዘይጎነጻዊ ድስፕሊንን ተቓውሞን ክዕቀበሉ ዝኽእል መገድታት እንታይ ምዃኑ ሓንጸጽቲ ክፈልጡ ይግባእ። ከም መብጸዓታት፣ መግለጽታት፣ ድስፕሊናዊ ጽሑፋት፣ ሰላማዊ ሰልፍታትን ውግዛ ኣንጻር ጎስጎስቲ ጎነጽን ዝኣመሰልዎም ስጉምትታት ምውሳድ ይክኣልዶ፧ ውጽኢታውያን ድዮምከ፧ ኣብ ሞንጎ ሰልፈኛታት ኣትዮም ህውከት ከለዓዕሉ ንዝሕልኑ ቶኾቶኽቲ፡ መራሕቲ ተቓውሞ ክጥንቀቑሎም ይግባእ።

## ኣብ ስትራተጅያዊ ውጥን ምጽናዕ

እቲ ቐንዲ ስትራተጂ ሓንሳብ ምስ ተሓንጸጸ፡ ኣቓልቦ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ካብ'ቲ ቐንዲ ስትራተጅን ስልታት ጎስጓስን ወጻኢ፡ ናብ'ቲ ብደቀቕቲ ተግባራት ናይ ምልካዊ ስርዓት ዝብገስ ዘየድሊ ኣርእስታት ክዘብል ኣይግባእን። ብጭካነ ናይ'ቲ ስርዓት ክበጋገስ ዝኽእል እዋናዊ ስምዒታት 'ውን ንዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ካብ'ቲ ቐንዲ ኣድህቦኡ ከዘናብሎ ኣይግባእን። እቲ ዝፍጸም ጭካነ፡ ነቶም ተቓለስቲ ኮነ ኢልካ ንምት'ሾታኽን መደባቶም ዘንጊዖም ናብ ጎነጽ ከም ዝኣትው ንምግባሮምን፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ድማ ብቐሊሉ ንኽዕስር መታን ክሕግዞ ተባሂሉ ዝተኣልመ ተንኮል ክ'ኸውን ይኽእል'ዩ።

እቲ መሰረታዊ ትንተና ቅኑዕ ክሳብ ዝኾነ፡ እቶም ተቓለስቲ ደረጃ ብደረጃ ጥራይ ክቕጽሉ እዩ ዝግብኦም። ኣብ ሞንጎኡ፡ ናይ ሜላታትን ገለ ዕላማታትን ለውጢ ክርአ ይኽእል እዩ። ብርግጽ ድማ ብሱላት መራሕቲ ንዝርከብ ዕድላት ክጥቀምሉ ክ'ኽእሉ ኣለዎም። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምትዕርራያት ናይ ገለ ዕላማታት ግን ምስ ዕላማታት ናይ'ቲ ቐንዲ ስትራተጅን ስልትታት ጎስጓስን ክተሓዋወስ የብሉን። ጥንቁቕ ኣተገባብራ ናይ'ቲ እተመርጸ ቐንዲ ስትራተጅን ስልትታት ጎስጓስን ኣብ ዓወት ርኡይ ኣበርክቶ ኣለዎ።

# ሸሞንተ

# ኣጠቓቕማ ፖለቲካዊ ኣብያ

ኣብ'ቲ መባእታዊ ደረጃ ናይ ቃልሲ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ድኻምን ፍርህን ክፈራረቑ ስለ ዝኽእሉ፡ ሸሁ ዝውደብ ንጥፈታት፡ ኣብ ምድላብ ርእሰ-ተኣማንነት ዘተኮረ፡ ንሓደጋ ድማ ዘየቃልዕ ክኸውን ይግብኦ። ንኣብነት፡ ዘይተለምደ ዓይነት ኣከዳድና ብእኩብ ምኽዳን ንገዛእ ርእሱ ሓደ ዓይነት ህዝባዊ ተቓውሞ እዩ። ነቲ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ ኣድማ ናይ ምስታፍ ልምዲ ንኸማዕብል ይሕግዞ። ኣብ ካልእ ኣጋጣምታት፡ ንኣብነት፡ ንእስ ዝበለ ዘይፖለቲካዊ ሕቶ፡ ከም ቀረብ ጽሩይ ማይ ዝኣመሰልዎ፡ ብሓደ ጉጅለ ክልዓል ይኽእል። ሓንጸጽቲ ዝመርጽዎ ሕቶ ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎን ክንጸግ ድማ ዘይክእልን እንተኾነ ዝበለጸ እዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ውሱን ኅስጓሳት ዝጨበጥ ዓወት መረረታት ንኽእረም ይሕግዝ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ሕብረተሰብ እኹል ዓቕሚ ከም ዘለዎ ንኸፈልጥ 'ውን ይሕግዞ።

*መብዛሕትኡ ናይ ኅስጓስ ስልትታት ኣብ ቅጽበታዊ ውድቀት ናይ ምልካዊ ስርዓት ጥራይ ዘተኮረ ክኸውን የብሉን። ኣብ ዝተወሰነ ዕላማታት ዝተሓጽረ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ኅሰጓሳት 'ውን ተሳታፍነት ናይ ብምሉኡ ሕብረተሰብ ዘድልዮ ኣይኮነን።*

*ንቑንዲ ስትራተጂ ዘዐውት ዝርዝራዊ ኅስጓሳት ክትለም እንከሎ፡ ኣብ መጀመርያ፣ ኣብ ፍርቅን ኣብ መወዳእታ ደረጃን ናይ'ቲ ቃልሲ ክህልዎ ዝኽእል* ፍልልያት ሓንጸጽቲ ክርድእዎ ይግባእ።

## እተለለየ ተቓውሞ

*ኣብ መጀመርያ ደረጃ ናይ'ቲ ቓልሲ፡ ዝተፈላለየ ዕላማታት ዘለዎ ኅስጓሳት ምክያድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ዓይነት እተለለየ ኅስጓሳት ሓደ ድሕሪ ሓደ ክስዕብ ይኽእል። ሓደ-ሓደ ግዜ ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ኅስጓሳት ብሓንሳብ ክካየድ ይኽእል።*

"እተለለየ ተቓውሞ" ኣብ ዝትለሙ ግዜ ንሓፈሻዊ ጭቆና ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ዝውክል ሕቶታት ወይ መረረታት ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝበለ ሕቶታት፡ ንምዕዋት ቀንዲ ስትራተጂ ዘገልግሉ ኣቀላጠፍቲ ስልታዊ ዕላማታት ዝሓቖፈ፡ ኅስጓስ ንምክያድ ድማ ዝሕግዝ ዝበለጸ ዒላማታት እዩ።

እቶም ኣቀላጠፍቲ ስልታውያን ዕላማታት በቲ ህልው ዓቕሚ ናይ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ክጭበጡ ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ድርብ ዓወታት ኣጎናጺፉ ንፍናን ህዝቢ ክብ የብሎ። ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ ቓልሲ 'ውን ምምዝባል ኣብ ሓይሊ ሚዛን ስለ ዘኸትል ርኡይ ብልጫ ይህልዎ።

እተመርጸ ስልትታት ተቓውሞ ብቐንዱ ኣብ ዝተወሰነ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ወይ ፖለቲካዊ ሕቶታት ዘተኮረ ክኸውን ይግባእ። እዚ ዝግበረሉ ምኽንያት፡ ንገለ ማሕበራዊ ወይ ፖለቲካዊ ጉዳያት ካብ ቁጽጽር ናይ'ቲ ስርዓት ወጻኢ ከም ዝኾኑ ንምግባር ወይ ንምምንዛዕ ወይ ድማ ንገለ ዕላማታት ምልካዊ ስርዓት ንምፍሻል ክኸውን ይኽእል። እንተተኻኢሉ፡ እቲ ኅስጓስ ምሩጽ ተቓውሞ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ድኹም ጎንታቱ ዘጥቅዖ ክኸውን ኣለዎ። ብኸምዚ ኣገባባብ እቶም ተቓለስቲ ንዘለዎም ዓቕሚ ብኣድማዕነት ክጥቀምሉ ይኽእሉ።

እቲ ቐዳማይ ኅስጓስ ስልቲ፡ ሓንጸጽቲ ብኣጋ ኽትልምዎ ይግባእ። እቲ ውሱን ዕላማታት እንታይ ክኸውን ኣለዎ፧ ነቲ ቐንዲ ስትራተጂ ብኸመይ የዐውቶ፧ እንተተኻኢሉ፡ ነቲ ኻልኣይን ሳልሳይን ኅስጓሳት ዘድሊ ሓፈሻዊ ስልታዊ ሕንጻጽ ምስኣል 'ውን ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ እቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ስልታት፡ ነቲ ቐንዲ ስትራተጂ ዘዐውትን ኣብ ውሽጢ ሓፈሻዊ ሕንጻጻቱ ዝትግበርን ክኸውን ኣለዎ።

## ተምሳላዊ ብድሆ

ንመላኺ ስርዓት ንምውዳቕ ኣብ ዝግበር ናይ መጀመርያ ጎስጓስ ክህሉ ዝኽእል ውጹእ ፖለቲካዊ ተግባራት ብስፍሓቱ እተወሰነ እዩ። ኩነታት ናይ ሕብረተሰብ ንምጽናዕን ንምጽላውን ተባሂሉ ክግበር ዝግብኦ ነገር እዩ። ብሕንገዳን ፖለቲካዊ ኣብያን ሕብረተሰብ ንቐጻሊ ቓልሲ ከም ዝዳሎ ክገብሮ ይግባእ።

እቲ መጀመርያ ክህሉ ዝኽእል ተግባር፡ ተምሳላዊ ተቓውሞ ወይ ከኣ ዝተወሰነን ግዚያውን ሕንገዳ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፡ ቁጽሪ ናይ ተሳተፍቲ ውሑድ እንተኾይኑ፡ እቲ መባእታዊ ተግባር ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ተምሳላዊ ቦታ ሕቛፍ ዕንበባ ምቕማጥ ክኸውን ይኽእል። ቁጽሪ ናይ ተሳተፍቲ ብዙሕ እንተኾይኑ ግን፡ ንኹሉ ንጥፈታት ዝገትእ ናይ ሓሙሽተ ደቒቕ ዕንቃጸ ወይ ድማ ብዙሕ ደቓይቕ ዝጸንሕ ጸጥታ ክግበር ይኽእል። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ገለ ሰባት ናይ ጥሜት ኣድማ ክገብሩ፣ ገለ ካልኦት ኣብ ሓደ ተምሳላዊ ቦታ ሸምዓ ከብርሁ፣ ገሊኦም ድማ ንእስ ዝበለ ናይ ተምሃሮ ኣብያ ክገብሩ፣ ወይ ድማ ኣብ ገለ ቤት ጽሕፈት ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ይኽእሉ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሓያል ተቓውሞ ካብ ምልካዊ ስርዓት ተሪር ግብረ-መልሲ ክወሃቦ ይኽእል እዩ።

ገለ ተምሳላዊ ተግባራት፡ ንኣብነት ኣብ ፊት ቤተ-መንግስቲ ወይ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዝኣመሰልዎም ቦታታት ተጻጊዕካ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር፡ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ፡ ከም መበገሲ ጎስጓስ ተመራጺ ኣይኮነን።

ኣብ ገለ ኣጋጣምታት መባእታዊ ተምሳላዊ ተቓውሞ ብሃገራውን ኣህጉራውን ደረጃ ልዑል ኣቓልቦ ረኺቦም እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ 1988 ኣብ በርማ ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰለማዊ ሰልፊ፣ ወይ ድማ ኣብ 1989 ኣብ ኣደባባይ ትያናንመን፡ በይጂን፡ ዝተኻየደ ናይ ተመሃሮ ናይ ጥሜት ኣድማን ሰልፍን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣምታት ኣብ ልዕሊ ሰልፈኛታት ዝወረደ ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ዘመልክቶ ነገር እንተሎ፡ ቀየስቲ ጎስጓስ ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ከም ዘለዎም እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ተግባራት ዋላ'ኳ ሓያል ሞራላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጽልዋ ዘለዎም ክኾኑ ዝኽእሉ እንተኾኑ፡ ተምሳላውያን ብምዃኖም ጥራይ፡ እዞም ተግባራት እዚኦም ንበይኖም ንመለኸቲ ስርዓት ከውድቕዎም ኣይክእሉን፤ ንኹነታት ስልጣን (ሓይሊ ሚዛን) 'ውን ኣይቅይርዎን።

ንምንጭታት ስልጣን ናይ መላኺ ስርዓት፡ ኣብ መጀመርያ ናይ'ቲ ቓልሲ ብቕጽበትን ብፍጹምን ከተንጽፎ ኩሉ ግዜ ዝክኣል ኣይኮነን። እዚ ክግበር እንተኾይኑ፡ እቲ ዳርጋ ተንበርኪኹ ዝጸንሐ ሕብተረሰብን ትካላቱን ብምሉኡ ነቲ ስርዓት ነጺጉ፡ ብሓያል፣ ዓርሞሽሻውን ሃንደበታውን ሕንገዳ ክለዓል ኣለዎ። እዚ ቅድሚ ሕጂ ኣይተራእየን፤ ንኽትግበር 'ውን ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብቲ መባእታዊ ደረጃ ናይ ቃልሲ ኣንጻር ምልኪ ዝግበር ቅጽበታዊ ጎስጓስ ናይ ሕንገዳን ኣብያን፡ መብዛሕትኡ እዋን ዘይክውንነታዊ ስትራተጂ እዩ።

## ሓላፍነት ምኽፍስኳስ

ኣብ ሓደ እተለለየ ጎስጓስ ተቓውሞ ዝህሉ ጾር ቃልሲ፡ ብሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ዝዕመም ነገር እዩ። ኣብ ዝቕጽል ጎስጓሳትን ምስ ፍሉይ ዕላማታትን እቲ ጾር ናብ ካልኦት ክፋላት ሕብረተሰብ ክግዕዝ ይኽእል። ንኣብነት፡ ተመሃሮ ንትምህርታዊ ጒዳያት ብዝምልከት፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣመንትን ድማ ንመሰል ሃይማኖት ብዝምልከት ክእድሙ እንከለዉ፣ ሰራሕተኛታት መገዲ ባቡር ድማ ድሕነትና ክንሕሉ ብዝብል ምስምስ ስራሕ ከጓትቱ ይኽእሉ። ጋዜጠኛታት 'ውን ንሕጊ ምምያ ብምቅዋም፡ ክልኩል ዓንቀጻት ክጸሓፎ ዝግብኦ ዝነበረ ገጻት፡ ብዘይ ጽሑፍ፡ ባዶሽ ይሓትምዎ፣ ሓይልታት ፖሊስ ድማ ክእሰሩ ዝግብኦም ኣባላት ተቓውሞ ከይኣስሩን ከይእልሹን ይኽእሉ። ናይ ተቓውሞ ጎስጓሳት ብጠለባትን ጒጅለታትን መቓቒልካ ምክያዱ፡ ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ከዕርፍ እንከሎ እቲ ካልእ ድማ ቃልሱ ንኽቕጽል የኽእሎ።

ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ፡ እተለለየ ተቓውሞ ናጻ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጉጅለታትን ትካላትን ናጽነቱ ካብ ቁጽጽር ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ወጻኢ ኮይኑ ንኽቕጽል ዝሕግዝ ድፋዕ እዩ። እዞም ሕመረታት ስልጣን እዚኣቶም ሕብረተሰብ ጸቕጢ ዝፈጥረሉን ንምክላዊ ስርዓት ዝምክተሉን ትካላዊ ሰረት የንጽፍሉ። ኣብ'ቲ ቓልሲ ድማ፡ እቶም ቀዳሞት ዒላማታት ናይ ምልካዊ ስርዓት ክኾኑ ግድን እዩ።

## ኣብ ስልጣን ምልካዊ ስርዓት ምትኳር

እቲ ቓልሲ ካብ መባእታዊ ስልቲ ናብ'ቲ ነዊሕ ዝጠመተ ተደላዪ መደባት ኣብ ዝሰጋገረሉ እዋን፡ ቀየስቲ ምንጭታት ስልጣን ናይ ምልካዊ ስርዓት ብኸመይ ክድረት ከም ዝኽእል ክግንዘቡ ይግባእ። እቲ ዕላማ፡ ብህዝባዊ ሕንገዳ ኣቢልካ፡ ኣብ ኩነታት ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ሓድሽ ስትራተጅያዊ ረብሓ ምውሳኽ እዩ።

ዲሞክራስያውያን ተቓወምቲ ሓይሊ እንዳደለቡ ኣብ ዝኸድሉ እዋን፡ ቀየስቲ ንምንጭታት ስልጣን ምልኪ ዘንጽፉ ተወሰኽቲ መደባት ሕንገዳን ኣብያን ክትልሙ ይግባእ። ዕላማ ናይ'ዞም ትልምታት እዚኣቶም ፖለቲካዊ ለምሲ ኣኽቲልካ ኣብ መወዳእታ ነቲ ስርዓት ምውዳቕ እዩ።

እቲ ምልካዊ ስርዓት ካብ ህዝብን እተፈላለየ ጉጅለታትን ኣቐዲሙ ዝረኸቦ ዝነበረ ደገፍ ብኸመይ ክዳኸም ከም ዝኽእል ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ብጥንቃቐ ክጸንዕዎ ይግባእ። እቲ ደገፍ ክዳኸም ዝኽእል፡ ንባርባራውነት ናይ'ቲ ስርዓት ብምቅላሕ ድዩ፧ ቁጠባዊ ሳዕቤናት ናይ ፖሊሲታቱ ብምሕባር ድዩ፧ ወይስ እቲ ምልኪ ከብቅዕ ከም ዝኽእል ሓድሽ መረዳእታ ብምስራጽ፧ እንተወሓደ እቶም ደገፍቲ ናይ'ቲ ስርዓት ዝሁማት ("ኣብ ሓጹር ኮይኖም ዝዕዘቡ") ከም ዝኾኑ ምግባር፤ እንተተኻኢሉ ድማ ንጡፋት ደገፍቲ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ንዲሞክራሲ ከም ዝኾኑ ምግባር።

ፖለቲካዊ ኣብያን ሕንገዳን ኣብ ዝሕንጸጸሉን ዝትግበረሉን ግዜ፡ ብዛዕባ ተደናገጽትን ደገፍትን ናይ'ቲ ስርዓት፣ ውሽጣዊ ስርዒታት፣ ፖለቲካዊ ሰልፊ፣ ፖሊስን ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛታትን፡ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ኣባላት ሰራዊት ኣድላይ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ።

ሰራዊትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ነቲ ስርዓት ዘለዎም ደረጃ ተኣማንነት ብጥንቃቐ ክግምገም ይግባእ። ሰራዊት፡ ብዲሞክራስያውያን ሓይልታት ክጽሎ ይኽእልዶ ኣይኽእልን ምፍላጥ 'ውን ኣገዳሲ እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ተራ ወተሃደራት ዘይሕጉሳትን ዝጃጀውን ዓስከራትዶ ይኾኑ፧ ብቤተሰባዊ፣ ውልቃዊ ወይ ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ እቶም ወተሃደራት ኮነ ኣዘዝቶም፡ ካብ'ቲ ስርዓት ክንጸሉ ይኽእሉዶ፧ ነቶም ወተሃደራትን ኣዘዝቶምን ብዲሞክራስያዊ ናዕቢ ተሰነፍቲ ክገብሮም ዝኽእል ካልእ ረቋሕታት ኣሎዶ፧

ኣብ መጀመርያ ደረጃ ናይ'ቲ ሓርነታዊ ቓልሲ ምስ ሰራዊትን መጋበርያን ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ርክባት ንምፍጣር ዘኽእል ፍሉይ ስትራተጂ ክሕንጸጽ ኣለዎ። እቲ ቓልሲ፡ ሓያል፣ ጽኑዕን ቀጻልን ምዃኑ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ነቶም ወተሃደራት ብቓላት፣ ብምልክታትን ተግባራትን ክለግልጹሎም ኣለዎም። እቲ ቓልሲ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ንምድኻም ድኣ እምበር ነቶም ወተሃደራት ንምጉዳእ ከምዘይኮነን ብፍሉይ ጥበብ ድማ ከም ዝካየድን ክፈልጡ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ ጻዕሪ፡ ንፍናን ናይ'ቶም ወተሃደራት ኣዳኺምካ፡ ንምልካዊ ስርዓት ዝነበሮም ተኣማንነትን ተማእዛዝነትን ከም ዝርጥርጡ ምግባርን ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ጎኒ እቲ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ከም ዝስለፉ ምግባር እዩ። ንፖሊስን በርጌሳውያን ሰራሕተኛታትን 'ውን ተመሳሳሊ ስትራተጂ ምጥቃም ይክኣል።

ካብ ሰራዊት ተደናጋጽነት ብምሕታት ናዕቢ ምብግጋስ ማለት ሰራዊት ብወተሃደራዊ ስርሒት ነቲ ስርዓት ብቕጽበት ክልውጦ ምድፍፋእ ማለት ክኸውን የብሉን። ከም'ዚ ዓይነት ውጥን ከሰርሕ ዝኽእል ዲሞክራሲ ኣየምጽን። ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ወተሃደራዊ ዕልዋ ነቲ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መራሕትን ዝረአ ናይ ርክባት ስልጣን (ሓይሊ ሚዛን) ዘይምዕሩይነት ኣይፍውሶን እዩ። ስለዚ እምበኣር፡

እቶም ተደናገጽቲ ወተሃደራትን ኣዘዝቶምን ዕልዋ መንግስቲ ወይ ሾናት ሕድ-ሕድ ፈጺሙ ኣድላይ ከም ዘይኮነ ክርድእሉ ዝኽእሉ መደብ ምሕንጻጽ ኣገዳሲ እዩ።

ተደናገጽቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት በዚ ዝሰዕብ ኣገባባት ተራኦም ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ከዕዝዙ ይኽእሉ፦ ኣብ ሰራዊት ዘይዕግበትን ሕንገዳን ከም ዝሰፍን ብምግባር፣ ትእዛዛት ብደይ-መደይ ከም ዘይፍጸም ብምግባር፣ ኣድማዒ ስራሕ ከም ዘይስራሕ ብምግባር፣ ከምኡ 'ውን ጭቆና ኣብ ምትግባር ብምሕንጋድ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ኣወንታዊ ዘይጎነጻዊ ሓገዝ ብምሃብ፡ ከም ስልኪታት ብምፍቃድ፤ ሓበሬታ፣ መግቢ፣ መድሃኒትን ዝኣመሰልዎን ብምስናች ክተሓባበርዎም ይኽእሉ።

ሰራዊት፡ ኣሃዱታትን ኣጽዋርን ብቐጥታ ኣብ ልዕሊ ዝሓንገደ ሕብረተሰብ ብምቕናዕ ዝቐጽዕን ዘጥቅዕን ኣካል ብምዃኑ፡ ኣገዳሲ ምንጪ ስልጣን ናይ መለኽቲ እዩ። *ሰራዊት፣ ፖሊስን ቢሮክራስያውያንን እንተድኣ ምሉእ ብምሉእ ነቲ ሰርዓት ዝድግፉን ፈጸምቲ ትእዛዛትን ኮይኖም፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ምስዓር ኣዝዩ ጽንኩር ወይ ድማ ዘይክኣል ከም ዝኸውን ሓንጻጽቲ ኣብያ ክስተውዕልሉ ይግባእ።* ስለዚ እምበኣር፡ ተኣማንነት ናይ ሰራዊት ንምብሕጓግ ዝግበር ስትራተጅታት ብሓንጻጽቲ ቀዳምነት ክውሃቦ ይግባእ።

ኣብ ውሽጢ ሰራዊትን ፖሊስን ዝህሉ ዘይተማእዛዝነት ነቶም ኣባላት ኣዝዩ ሓደገኛ ምዃኑ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ክዝንግዕዎ የብሎምን። ወተሃደራትን ፖሊስን ንዘርእይዎ ዘይተማእዛዝነት ከቢድ መቕጻዕቲ፤ ንወተሃደራዊ ኣድማ ድማ ምርሻን ከጋጥሞም ይኽእል። ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ንኣባላት ፖሊስን ሰራዊትን ብቕጽበት ኣድሙ ክብልዎም ኣይግባእን። ርክባት ንምክያድ ዝክኣል እንተኾይኑ፡ ከም መጀመሪ ክውሰድ ዝኽእል ብዙሕ ዓይነት ውሑስን "ዘይልለን ኣገባባት ዘይተማእዛዝነት" ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ፖሊስን ሰራዊትን ንመጨቆኒ ተባሂሉ ዝወሃቦም መምርሒታት ኣብ ምትግባር ክምእድዱ ይኽእሉ፤ ንዝድለዩ ሰባት ደይ-መደይ ኢሎም ዘይክረኽብዎም ይኽእሉ፤ ንተቓወምቲ ብዛዕባ ዝተወጠነ መደባት ጭቆና፣ ማእሰርቲ ወይ ጥርዝያ ኣቐዲሞም መጠንቀቕታ ክህቡ ይኽእሉ፤ ንሓለፍቶም ኣገዳሲ ሓበሬታ ካብ ምትሕልላፍ ኽቒጠቡ ይኽእሉ። ዘይዕጉባት ኣዘዝቲ ብወገኖም ንምትሕልላፍ ትእዛዛት ጭቆና ናብ ወተሃደራቶም ዕሽሽ ክብልዎ ይኽእሉ። ኣብ ግዜ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ወተሃደራት ብልዕሊ ሰልፈኛታት ጥራይ ክትኩሱ ይኽእሉ። ብተመሳሳሊ፡ በርጌሳውያን ሰራሕተኛታት ድማ መዛግብን ትእዛዛትን ከጥፍኡ፣ ብዘይ ኣድማዕነት ክሰርሑ፣ "ብሓሚመ-ጸሚመ" ካብ ስራሕ ክበኹሩ ይኽእሉ።

## ለውጢ ኣብ ስትራተጂ

*ሓንጻጽቲ ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ቀንዲ ስትራተጅን ስልትታት ጎስጓስን ብኸመይ ይትግበሩ ከም ዘለው ቀጻሊ ገምጋም ክገብሩ ይግባእ። ሓደ-ሓደ ግዜ፡ እቲ ቓልሲ ከም'ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ጽቡቕ ክኸይድ ኣይክእልን ይኸውን። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ኩነታት ከመይ ዝበለ ናይ ስትራተጂ ለውጢ ክግበር ከም ዘለዎ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ሓይሊ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ንምብርታዕን ነቲ ተበግሶ ንምድፋእን እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ፤ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ እዋን ክግበሩ ዝግብኦም ነገራት፡ ነቲ ጸገም ምልላይ፣ ስትራተጅያዊ ዳግመ-ግምት ምግባር፣ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት ካብ ሓደ ናብ ካልእ ክፋል ሕብረተሰብ ከም ዝዘብል ምግባር፣ ተወሳኺ ምንጭታት ስልጣን ምጉስጓስን ኣማራጺ መደብ ስራሕ ምውጻእን እዮም። እዚ ምስ ተገብረ፡ እቲ ሓድሽ መደብ ብቕጽበት ክትግበር ኣለዎ።*

ብኣንጻሩ፡ እቲ ቓልሲ ካብ'ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንላዕሊ እንተሰጕሙ፡ እቲ ምልካዊ ሰርዓት ድማ ቀልጢፉ ዝወድቕ እንተመሲሉ፡ እቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ነቲ ዘይተሓሰበ ዓወታት ብኸመይ ይኸስብሉ፤ ብኸመይከ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ምሉእ ብምሉእ ከልምስዎ ይኽእሉ፧ ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ'ዚ ዝቕጽል ምዕራፍ ክንምርምሮ ኢና።

# ትሽዓተ

## ውድቀት ምልካዊ ስርዓት

ብጽፈትን ብኣድማዕነትን ዝሰራሕ ጎስጓሳት ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ድምር ውጽኢቱ ነቲ ተቓውሞ ምሕያልን ንምልካዊ ስርዓት ክገጥም ዝኽእል ክፋላት ሕብረተሰብ ድማ ምምስራትን ምስፋሕን እዩ። ከም'ዚ ዓይነት ጎስጓሳት ፖለቲካዊ ኣብያን ሕንገዳን ብኸመይ ክካየድ ከም ዝኽእል ኣገዳሲ ተሞክሮ የስንቕ። ከምኡ ዝበለ ጸኒሕ ተሞክሮ፡ ነቲ ስዒቡ ብእኩብ ዝግበር ፖለቲካዊ ኣብያን ሕንገዳን ሓጋዚ እዩ።

ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ከም ዝረኣናዮ፡ ምእዛዝ፣ እሺነትን ተምበርካኽነትን መለኸቲ ሓያላት ንኸኾኑ ዘድልይዎም ኣገድስቲ ነገራት እዮም። ምንጭታት ስልጣን እንተነጺፎም ግን፡ ሓይሊ ምልካዊ ስርዓት ይዳኸም፤ ኣብ መወዳእታ ድማ ይሓቅቕ። ስለዚ፡ ምልካዊ ስርዓት ንምውዳቕ ደገፍ ከም ዝቋረጽ ምግባር እቲ ቐንዲ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ምንጭታት ስልጣን ብፖለቲካዊ ኣብያ ከመይ ጌሮም ክጽለዉ ከም ዝኽእሉ ደጋጊምካ ክጽናዕ ኣለዎ።

ተቕባል ናይ'ቲ ስርዓት - ሞራላውን ፖለቲካውን *መዚ* - ንምድኻም፡ ተምሳላዊ ነጸግታን ኣብያን እቶም ቀንዲ ኣገባባት እዮም። መዚ ናይ'ቲ ስርዓት ሓያል እንተኾይኑ፡ ዝበለጸን ተኣማንን ምእዛዝን ምትሕብባርን ክረክብ ይኽእል። ንህላወ ምልካዊ ስርዓት ክፈታተን እንተድኣኾይኑ፡ ሞራላዊ ነጸግታ ብግብሪ ክግለጽ ክኽእል ኣለዎ። ምንስሓብ ምእዛዝን እሺነትን ንዋሕዚ ካልኦት ምንጭታት ስልጣን ከንጽፎ ክኽእል ኣለዎ።

እቲ ኻልኣይ ኣገዳሲ ምንጪ ስልጣን *ሰብኣዊ ጸጋታት* እዩ። ቁጽርን ኣገዳስነትን ናይቶም ነቲ ስርዓት ዝእዘዙ፣ ምስ'ቲ ስርዓት ዝተሓባበሩን ዝተሓጋገዙን ሰባትን ጉጅለታትን ዘጠቓለለ እዩ። ኣዝዩ ብዙሕ ክፋል ናይ'ቲ ሕብረተሰብ እንተድኣ ምስቲ ስርዓት ዘይተሓባቢሩ፡ እቲ ስርዓት ከቢድ ጸገም ከጋጥሞ ይኽእል። ንኣብነት፡ በርጌሳውያን ሰራሕተኛታት እንተድኣ ብንቡር ኣካይዳ ዘይሰሪሖም ወይ ድማ ኣብ ገዛ ምውዓል እንተድኣ ጀሚሮም፡ ናይ'ቲ ስርዓት ምምሕዳራዊ መዋቕር ብኸቢድ ይጽሎ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ እቶም ምትሕብባር ዝኣብዩ ሰባትን ጉጅለታትን ፍሉይ *ፍልጠትን ክእለትን* ዘለዎም እንተኾይኖም፡ እቲ ስርዓት ድሌታቱ ኣብ ምትግባር ዘለዎ ዓቕሚ ኣዝዩ ከም እተዳኸመ ይርድኦ። እተጸንዐ ውሳነታትን ኣድማዒ ፖሊስታትን ናይ ምጽዳቕ ዓቕሙ 'ውን ኣዝዩ ይዳኸም።

ሕብረተሰብ ንመራሕቱ ምእዙዝን ተሓባባርን ዝገብርዎ *ረቀቕቲ (ዘይግኡዝ) ረቛሕታት* - ከም ስነ-ኣእምሮኣውን ስነ-ሓሳባውን ጽልዋታት - እንተድኣ ተዳኺሞም፡ ወይ ድማ ናብ ኣንጻር እንተዛዚዮም፡ ሕብረተሰብ ንኽኣብን ንኸይተሓባበርን ይተባባዕ።

መለኸቲ ኣብ ልዕሊ *ንዋታዊ (ነገራዊ) ጸጋታት* ዘለዎም ቁጽጽር 'ውን ንስልጣኖም ብቐጥታ'ዩ ዝጸልዎ። ፋይናንስያዊ ጸጋታት፣ ቁጠባዊ ስርዓት፣ ንብረት፣ ባህርያዊ ጸጋታት፣ መጓዓዝያን ርክብን ኣብ ኢድ ተቓወምቲ እንድኣ ወዲቑ፡ ሓደ ኣገዳሲ ምንጪ ስልጣን ነጺፉ ማለት እዩ። ኣድማን ኣብያን ምስ ቀጻሊ ቁጽጽር ናይ ቁጠባ፣ ርክብን መጓዓዝያን ነቲ ስርዓት የዳኽሞ።

ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ፡ እቲ መላኺ ስርዓት ዘፈራርሃሉ ወይ ዝጥቀመሉ *እገዳታት* - ኣንጻር ዝሓንገዱ፣ ምትሕብባርን ምጽዓድን ዝኣበዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝውሰድ መቕጻዕቲ - ሓደ ቐንዲ ምንጪ ስልጣን ናይ መለኸቲ እዩ። እዚ ምንጪ ስልጣን'ዚ ብኽልተ መገዲ ክዳኸም ይኽእል። ብቐዳምነት፡ እቲ ሕብረተሰብ፡ ልክዕ ከም ኵናት፡ ኣብያ 'ውን ከቢድ ሳዕቤናት ከም ዘለዎ ኣሚኑ ነቲ ሳዕቤናት ድማ ተዳልይሉ እንተጸኒሑ፡ እቲ ዝመጽእ መቕጻዕቲ ኣድማዕነት ኣይህልዎን። ጭቆና ናይ'ቲ ስርዓት፡ ነቲ ዝተደልየ እሺነት ኣየውሕሶን። ብኻልኣይ ደረጃ፡ ፖሊስን ሰራዊትን ንባዕሎም እንተድኣ ዘይዕጉባት ኮይኖም፡ ብውልቂ ድዩ ብሓባር ንዝወሃቦም ትእዛዛት ናይ ማእሰርቲ፣ ማህረምትን ተኹስን ኣይፍጽሙን። እቲ ምልካዊ ስርዓት፡

ጭቆና ከተግብር ኣብ ፖሊስን ሰራዊትን ክትኣማመን እንተዘይክኢሉ፡ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣሎ ማለት እዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ሓደ ሓያል ምልካዊ ስርዓት ክስዓር ዝኽእል፡ ሕንገዳን ኣብያን ንምንጭታት ስልጣን ናይ'ቲ ስርዓት ምስ ዘዳኽምዎ እዩ። ኣገዳሲ ምንጭታት ስልጣን ብቐጻሊ ምስ ዘይድንፍዕ፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ይዳኸም ኣብ መወዳእታ ድማ ይወድቕ። ስለዚ፡ ኣንጻር ምልኪ ዝሕንጸጽ ብቑዕ ስትራተጅያዊ ውጥን ናይ ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ኣብቶም ቀንዲ ምንጭታት ስልጣን እዩ ከተኩር ዝግባእ።

## ምጕህሃር ሓርነት

እተመርጸ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ኣብያ ምስ ዕብየት ናጻ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላውን ፖለቲካውን ትካላት ተጣሚሩ፡ ቀስ ብቐስ ንዲሞክራስያዊ ባህሊ ቦታ እንዳግፍሐ፡ ንምልኪ ድማ እንዳጨበጠ ይኸይድ። እቲ ምልካዊ ስርዓት ዝደልዮ ነገራት ብዘየገድስ፡ ጎኒ ጎኑ በርጌሳዊ ማሕበራት እንዳደንፍዓ ምስ ዝኸዳ፡ ካብ ጽልዋታት ምልካዊ ሰርዓት ናጻ ዝኾነ ሕብረተሰብ ይህነጽ። እቲ ምልካዊ ስርዓት፡ ነዚ "እንዳተጎሃሃረ ዝኸደ ሓርነት" ክገትኦ ምስ ዝፍትን፡ ነቲ ተጨቢጡ ዘሎ ዓወታት ንምዕቃብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምጥቃም ይክኣል፤ ሓድሽ "ዓውዲ ዅናት" ድማ ይኾኖ።

ምስ ግዜ፡ ጥምረት ናይ ተቓውሞን ምህናጽ ትካላትን ናብ *ውሁብ-ኩነት ሓርነት* የምርሕ። ውድቀት ናይ ምልካዊ ስርዓትን ወግዓዊ ምትካል ናይ ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ድማ ዘይተርፍ ይኸውን፤ ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ዘሎ ርክባት ስልጣን (ሓይሊ ሚዛን) ብመሰረቱ ስለ ዝልወጥ።

ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን፡ ተቓወምቲ ኣብ ፖላንድ ዘካየድዎ ዘገምታዊ ቁጽጽር ናይ ትካላት ሕብረተሰብን መሳርሕታቱን ሓደ ንጹር ኣብነት እዩ። ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ከም ሕሱም ተሃዲና፤ ግን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዴሳውያን ኣይወደቐትን። ኣብ 1976፡ ገለ ምሁራትን ሸቃሎን፡ ፖለቲካዊ ዕላማታቶም ዘተግብርሉ፡ ከም ሽማግለ ምክልኻል ሸቃሎ (ከይ ኦ ኣር) ዝኣመሰልዎ ንኣሽቱ ጉጅለታት ኣቕሞም። እቲ ኣድማዊ ኣድማታት ክውድብ ተባሂሉ ዝቖመ ምሕዝነት ማሕበራት ሸቃሎ 'ውን፡ ኣብ 1980 ብናይ ገዛእ ርእሱ ድፍኢት ሕጋዊ ተፈላጥነት ክረክብ ክኢሉ። ሓረስቶት፣ ተመሃሮን ካልኦት ጉጅለታት 'ውን ነናቶም ናጻ ማሕበራት ኣቕሞም። እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ንኸውንነት ስልጣን ከም ዝለወጥዎ ዴሳውያን ምስ ተገንዘቡ፡ ምሕዝነት ማሕበራት ሸቃሎ እንደገና ተኣጊዱ። ዴሳውያን ድማ ወተሃደራዊ ምሕደራ ክእውጁ ተገዲዶም።

ዋላ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምሕደራ 'ውን፡ ምስ ማእሰርትን ጽንኩር ኩነታትን፡ እተን ሓደስቲ ናጻ ትካላት ናይ ሕብረተሰብ ስርሐን ኣየቋረጻ። ንኣብነት፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዝቑጽሩ ዘይሕጋዊ ጋዜጣታትን መጽሄታትን ይሕተም ኔሩ። ፍቓድ ዘይብለን ኣብያተ-ማሕተም፡ ዓመታዊ፡ ኣማኢት መጽሓፍቲ ይሓትማ ኔረን። ህቡባት ጸሓፍቲ ንዴሳዊ ሕትመታትን ንኣብያተ ሕትመት መንግስትን ተሓሲሞሞ። ተመሳሳሊ ንጥፈታት ኣብ ካልእ ክፋላት ሕብረተሰብ ቀጺሉ።

ኣብ ግዜ የሩሰልስኪ ዝነበረ ዴሳዊ ወተሃደራዊ ስርዓት፡ ገለ እዋናት፡ ትም ኢሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረተሰብ ጸምበለል ከም ዝብል ስርዓት እዩ ዝግለጽ ኔሩ። ሰበ-ስልጣን፡ ኣብያተ ጽሕፈትን ህንጻታት መንግስትን ይቆጻጸርዎ ኔሮም። እቲ ስርዓት 'ውን ብመቕጻዕቲ፣ ማእሰርቲ፣ ምህጋር ኣብያተ-ማሕተምን ካልእን ነቲ ሕብረተሰብ ምጭቋን ኣይቋረጸን። ይኹን'ምበር፡ ነቲ ሕብረተሰብ ክቆጻጸሮ ኣይክኣለን። ብመንጽር'ዚ፡ እቲ ሕብረተሰብ ነቲ ስርዓት ምሉእ ብምሉእ ካብ ስልጣን ክሳብ ዝኣልዮ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ እዩ ኔሩ።

እቲ ምልካዊ ስርዓት ገና መንግስታዊ ጽፍሕታት ኣብ ዝቆጻጸረሉ እዋን 'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ገለ እዋናት ዲሞክራስያዊ "ተማዓዳዊ (ተካኢ) መንግስቲ" ምምስራት ይክኣል እዩ። ካብ'ቲ ሕብረተሰብን ትካላቱን ብዝወሃቦ ተኣማንነት፣ ምቕላለን ምትሕብባርን፡ እቲ ተማዓዳዊ መንግስቲ ከም መወዳድርቲ ኮይኑ ክቕጽል ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ ድማ እቲ ምልካዊ ስርዓት፡ ደረጃ ብደረጃ፡ እቶም ንሓደ መንግስቲ፡

መንግስቲ ዘብልዎ ጠባያት እንዳሰኣኖም ይኸይድ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቲ ዲሞክራስያዊ ተማዓዳዊ መንግስቲ፡ ከም ኣካል ናይ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ነቲ ምልካዊ ስርዓት ምሉእ ብምሉእ ክትክኦ ይኽእል። ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ቅዋም ይጸድቕ፤ ምርጫ ድማ ይካየድ።

## ምብትታን ምልካዊ ስርዓት

ማዕረ'ቲ ዝካየድ ትካላዊ ለውጢ፡ ምንቅስቓስ ኣብያን ሕንገዳን 'ውን ክቕጽል ይኽእል። ሃንደስቲ ናይ'ቲ ዲሞክራስያዊ ቓልሲ ብኣጋ ክግንዘብዎ ዝግብኦም ነገር፡ እቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ኣብ ገለ እዋን ካብ'ቲ እተለለየ ተቓውሞ ወጻኢ ህዝባዊ ኣብያ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን፡ ናይ ተቓውሞ ዓቕሚ ንምጥራይ፣ ንምህናጹን ምስፍሑን ግዜ የድሊ። ብእኩብ ዝግበር ህዝባዊ ኣብያ ንኽምዕብል ዓመታት ክወስደሉ ይኽእል። ኣብ ሞንጎኡ እምበኣር፡ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ዕላማታት ዝሓቖፈ እተለለየ ጎስጓሳት ተቓውሞ'ዩ ክግበር ዝግብኦ። ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዝርከብ ዓበይቲ ክፋላት ሕብረተሰብ ድማ ክሳተፍ ይግብኦ። ብጽኑዕን ድስፕሊናውን ፖለቲካዊ ኣብያ ዝተሰነየ ንጥፈታት ምስ ዝደጋገም፡ ውሽጣዊ ድኽመታት ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ርኡይ እንዳኾነ ይመጽእ።

ሓያል ፖለቲካዊ ኣብያን ምህናጽ ናጻ ትካላትን፡ ምስ ግዜ ክልቲኡ ተደማሚሩ ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ክረክብ ይኽእል። እዚ ድማ ንረብሓ ዲሞክራስያውያን ሓይልታት እዩ። ኣብ ፖላንድ ከም ዘጋጠመ፡ ንዲሞክራስያውያን ሓይልታት ዝድግፍ ኣህጉራዊ ዲፕሎማስያዊ ውግዛ፣ ተነጽሎን እገዳታትን 'ውን ከኸትል ይኽእል።

ቀየስቲ ክፈልጥዎ ዝግብኦም ነገር ኣሎ። ኣብ ገለ ኩነታት፡ ንኣብነት፡ ከም'ቲ ኣብ 1989 ኣብ ምብራቕ ጀርመን ዝተራእየ፡ ውድቀት መለኸቲ ኣዝዩ ቅልጡፍ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን ዝኽእል፡ እቲ ሕብረተሰብ ብሙሉኡ ኣብ ሓደ እዋን ኣንጻር ምልኪ ምስ ዝልዓል፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ምንጭታት ስልጣን ምስ ዝነጽፉ እዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ልሙድ ኣይኮነን። ስለዚ ንሓጺር ቃልሲ ምድላው ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ንነዊሕ ቃልሲ ምውጣን ድማ እቲ ዝበለጸ እዩ።

ኣብ መስርሕ እቲ ሓርነታዊ ቓልሲ ዝጭበጡ ዓወታት፡ ዋላ 'ውን ንኣሽቱ እንተኾኑ፡ ክጽምበሉ ኣለዎም። እቶም ዓወታት ዘውሓሱ ድማ ክምጎሱ ይግባእ። ብንቕሓት እተሰነየ ጽምብል ንፍናን ናይ ተቓለስቲ ክብ ስለ ዘብሎ ነቲ ቓልሲ ኣገዳሲ እዩ።

## ብዓወት ዘይምህማል

ንትንሳኤ ሓድሽ ምልኪ ዘበርዕን፡ ንህንጸት ነባሪ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ድማ ዘውሕስ፡ ዕዉት ቃልሲ ክካየደሉ ዝኽእል፡ ዝሓሸን ተመራጽን መገዲ፡ ቀየስቲ ቐንዲ ስትራተጂ ኣቐዲሞም ክጽንዕዎ ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ቃልሲ፡ መስርሕ ምስግጋር ካብ ምልኪ ናብ ግዝያዊ መንግስቲ ብኸመይ ክዕመም ከም ዝኽእል ዲሞክራስያውያን ክሓስብሉ ይግባእ። ሓደ ከስርሕ ዝኽእል መንግስቲ ብህጹጽ ኸቐውም ከም ዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣረጊት ስርዓት ብሓደስቲ ሰራሕተኛታት ኣይኮነን ክቕጽል ዘለዎ። ኣየኖት ክፋላት ናይ'ቲ ኣረጊት ስርዓት ፈጺሞም ክድምሰሱ ከም ዘለዎም፡ ኣየኖትከ ንዲሞክስያዊ ጽገና ክግደፉ ኣለዎም ክፍለጥ ይግብኦ። ንኣብነት፡ ጸጥታዊ ትካላት ብባህሪኦም ጸረ-ዲሞክራሲ ስለ ዝኾኑ፡ ፈጺሞም ክዓንው ኣለዎም።

ካልእ ክሕሰበሉ ዝግብኦ ጉዳይ ድማ፡ መጻኢ ናይቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ'ቲ ዝተስዓረ ምልካዊ ስርዓት እዩ። ንኣብነት፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ናብ ፍርዲ ድዮም ክቐርቡ፧ ካብ'ቲ ሃገር ጠቕሊሎም ክወጹ ይፍቀደሎምዶ፧ ምስ ፖለቲካዊ ኣብያ፣ መደባት ዳግመ-ህንጸትን ምትካል ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ዘሳኒ ካልእ ኣማራጽታትከ እንታይ ኣሎ፧ ደም ምፍሳስ ኣብ መጻኢ ናይ'ቲ ዝትከል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከቢድ ሳዕቤናት ስለ ዝህልዎ ክውገድ ዝግብኦ ነገር እዩ።

እቲ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ዝዳኸመሉ ወይ ዝወድቀሉ ግዜ፡ ንዲሞክራስያዊ ምስግጋር ዘገልግል መደባት ክሕንጸጽ ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት መደባት፡ ካልእ ጉጅለ ብዕልዋ መንግስቲ ስልጣን ንኸይሕዝ ይገትኦ። ፖለቲካውን ውልቃውን ሓርነታት ዘውሕስ ዲሞክራስያውን ቅዋማውን መንግስቲ ዝህነጸሉ መደባት ክሕንጸጽ ኣለዎ። እቲ ብኸቢድ ዋጋ ዝተረኸበ ለውጢ ሰኣን መደባት ምሕንጻጽ ክኸሰር ኣይግብኦን።

በብመዓልቱ እንዳሓየለ ዝኸይድ ሕብረተሰብን ናጻ ዲሞክራስያዊ ትካላትን ጉጅለታትን፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ብሓባር ምስ ዝገጥምዎ፡ ክጻወሮም ስለ ዘይክእል፡ እንዳተፈራኸሸ ይኸይድ ከም ዘሎ ይግንዘብ። ብእኩብ ዝግበር ዕጽዋ፣ ሓፈሻዊ ኣድማታት፣ ኣብ ገዛ ናይ ምውዓል ኣድማ፣ ሰላማዊ ሰልፍታትን ካልእ ንጥፈታትን፡ ንኣቃውማን ትካላትን ናይ'ቲ ስርዓት ቀልጢፉ እዩ ዘዳኽሞ። ከምዚ ዝኣመሰልዎ ኣብያን ዘይምትሕብባርን ብጽፈት ምስ ዝውደብን ብዙሕ ህዝቢ ድማ ምስ ዝሳተፎ፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ከጻወሮ ዓቕሚ ይስእን። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ እቶም ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ብዘይ ጎነጽ ዓወት ይጎናጸፉ። እቲ ምልካዊ ስርዓት ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ እምቢ ዝበለ ህዝቢ ይወድቕ።

ኩሉ ጻዕርታት ዕውት'ዩ ማለት ኣይኮነን። ብፍላይ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋንን ብቐሊሉን ክዕወት ዝኽእል ቃልሲ ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም። ከም'ቲ ብዙሕ ወተሃደራዊ ዓወታት ዘሎ፡ ብዙሕ ስዕረታት ድማ ክህሉ ግድን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ፖለቲካዊ ኣብያ ንኽዕወት ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ እዚ ናይ ምዕዋት ተኽእሎ'ዚ፡ ብጥንቃቐ እተዳለወ ቀንዲ ስትራተጂ፣ ውሕሉል ስትራተጅያዊ ኣወጣጥና፣ ጻዕርን ድስፕሊን ዘለዎ ናይ ቃልሲ ትብዓትን እንተተሓዊስዎ፡ ዝለዓለ ይኸውን።

## ዓሰርተ

## መሰረት ንነባሪ ዲሞክራሲ

ውድቀት ምልካዊ ስርዓት ብድምቀት ክጽምበል ዝግብኦ ነገር እዩ። እቶም ነዊሕ እዋን ዝተጨቆኑን ብኽቢድ ዋጋ ድማ ዝተቓለሱን ክሕጎሱ፣ ክዘሉን ዓወታቶም ክጽምብሉን ይግብኦም'ዩ። ፖለቲካዊ ሓርነት ንምትንጻፍ ስለ ዝተቓለሱ ብገዛእ-ነብሶምን ብመቓልስቶምን ክሕበኑ ይግባእ። ኩላቶም ግን ነዛ ዕለት እቲኣ ክርእይዋ ኣይክእሉን ይኾኑ። እቶም ህሉዋትን ሕሉፋትን፡ ኣብ ሃገሮም ሓርነታዊ ታሪኽ ስለ ዝሰርሑ ከም ጀጋኑ ክዝከሩ ክነብሩ እዮም።

ይኹን'ምበር ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንቕሓት 'ውን ክነድል የብልናን። ሓደ ምልካዊ ስርዓት ብፖለቲካዊ ኣብያ ምስ ተሳዕረ፡ ነቲ ዝህሉ ሕንፍሽፍሽ ተጠቒሙ፡ ካልእ ጨቋኒ ስርዓት ክትንስእ ስለ ዝኽእል፡ ልዑል ጥንቃቐ የድሊ። መራሕቲ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ንህዱእ ምስግጋር ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣቐዲሞም ተዳልዮምሉ ክጸንሑ ይግባእ። መሓውራት ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት ክበታተን ይግብኦ። ቅዋማውን ሕጋውን ሰረታት ከምኡ 'ውን ናይ ነባሪ ዲሞክራስያዊ ስርዓት መለለዪ ጠባያት ክህነጽ ክጅምር ኣለዎ።

ድሕሪ ውድቀት ምልካዊ ስርዓት፡ ብቕጽበት በቃ ዘበለ ሕብረተሰብ ክህነጽ ከም ዘይክእል ዝኾነ ሰብ ዝስሕቶ ጉዳይ ኣይኮነን። ውድቀት ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓት መጀመሪ ጥራይ እዩ። ሕብረተሰብ ንምምሕያሽን ጠለባት ህዝቢ ብብቕዓት ንምምላእን ብውሑስ ናጽነት ዝጅምር ጉዕዞ፡ ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት መደብ እዩ። ከበድቲ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ንዓመታት ክቕጽል እዩ። መፍትሒኡ ድማ ናይ ብዙሓት ሰባትን ጉጅለታትን ምትሕብባር ዝሓትት እዩ። እቲ ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ እተፈላለየ ኣረኣእያ፣ እተፈላለየ መደባት ስራሕን እተፈላለየ ናይ ምዕባለ ፖሊስታትን ንዘለዎም ሰባት፡ ንዝህሉ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዕድላት ክፈጥረሎም ይግባእ።

## ስግኣታት ሓድሽ ምልኪ

ቅድሚ ነዊሕ እዋን፡ ኣሪስቶትል፡ "... ምልኪ ብምልኪ ክትካእ ይኽእል'ዩ ..."[14] ኢሉ ኣጠንቂቑ ኔሩ። እተፈላለየ ታሪኻዊ ጭብጥታት፡ ካብ ፈረንሳ (ናይ ጃኮቢንስን ናፖልዮንን)፣ ካብ ራሻ (ናይ ቦልሸቪክስ)፣ ካብ ኢራን (ናይ ኣያቶላህ)፣ ካብ በርማ (ናይ ኤስ ኤል ኦ ኣር ሲ) ከም ዘብርሆ፡ ውድቀት ናይ ሓደ ጨቋኒ ስርዓት፡ ንገለ ሰባት ወይ ጉጅለታት ከም ሓደስቲ ጎይቶት ንኽልዓሉ፡ ዕድል ከም ዘጣጥሕ ኣጋጣሚ ጌርካ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ድርኺቶም እተፈላለየ ክኸውን ይኽእል'ዩ፤ እቲ ውጽኢት ግን ዳርጋ ሓደ እዩ። እቲ ሓድሽ ምልኪ ካብ'ቲ ቕድሚኡ ዝነበረ ዝጨከነን ዝሓየለን ክኸውን ይኽእል።

ቅድሚ ውድቀት ምልኪ፡ ኣባላት ናይ'ቲ ኣረጊት ስርዓት ንቓልሲ ፖለቲካዊ ኣብያ ብወተሃደራዊ ዕልዋ ክኾልፍዎ፡ ነቲ ብህዝባዊ ተቓውሞ ክጭበጥ ዝተሓስበ ዓወት 'ውን ብኣቋራጭ ክምንዝዕዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ጉጅለ'ዚ ነቲ ስርዓት ዓልየዮ እየ ክብል ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብግብሪ ግን ዝተሓደሰ ጾር ናይ'ቲ ኣረጊት ስርዓት ሒዙ እዩ ዝመጽእ።

---

[14] Aristotle, *The Politics*, Book V, Chapter 12 ገጽ 233።

## ወተሃደራዊ ዕልዋታት ምዕጋት

ኣንጻር ሓራ ዝወጸ ህዝቢ ዝግበር ወተሃደራዊ ዕልዋታት ክፈሽለሉ ዝኽእል ኣገባባት ኣሎ። ነዚ ኣገባባት'ዚ ፈሊጥካዮ ምጽናሕ፡ ነቲ ክመጽእ ዝኽእል ሃዋህታት ኣብ ምፍሻል ሓጋዚ እዩ። ተዳሊኻ ምጽናሕ ማለት ምክልኻል ማለት እዩ።[15]

ወተሃደራዊ ዕልዋ ምስ ተኻየደ፡ እቶም ሃንደስቱ ብኡ ንብኡ ተቕባል ክወሃቦም፡ ማለት ናይ ምግዛእ ሞራላውን ፖለቲካውን መሰል ከም ዘለዎም ክፍለጠሎም ይደልዩ። ሰለዚ፡ እታ ቐዳመይቲ መትከል ጸረ ዕልዋ መንግስቲ እምበኣር፡ ሃንደስቲ ዕልዋ ንዝጠልብዎ ተፈላጥነት ምኽሓድ እያ።

ሃንደስቲ ዕልዋ፡ በርጌሳውያን መራሕትን ህዝብን ክድግፎም ወይ ድማ ትም ኢሉ ክዕዘብ እዮም ዝደልዩ። ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ዘለዎም ቁጽጽር ከድምዕ እንተኾይኑ፡ ናይ ክኢላታት፣ ኣማኸርቲ፣ ሓለፍቲ፣ በርጌሳዊ ሰራሕተኛታት፣ ኣመሓደርትን ደያኑን ምትሕብባር ይደልዩ። ንፖለቲካዊ ስርዓት፣ ትካላት ሕብረተሰብ፣ ቁጠባ፣ ፖሊስን ሰራዊትን ዘነባብሩ ሰባት፡ ስርሖም ብንቡር ኣካይዳ ክመርሑ፡ ካብቶም ሃንደስቲ ዕልዋ ተመሓይሹ ንዝወሃቦም ትእዛዛትን መምርሕታትን ድማ እሺ ኢሎም ክቕበሉ ትጽቢት ናይቶም ሃንደስቲ ዕልዋ እዩ።

እታ ኻልኣይቲ መትከል ጸረ ወተሃደራዊ ዕልዋ ንሃንደስቲ ዕልዋ ብኣብያን ዘይምትሕብባርን ምቅዋም እያ። እቲ ዝደልይዎ ምትሕብባርን ሓገዝን ክወሃቦም የብሉን። ኩሉ እቲ ኣንጻር ምልኪ ዝውዕል ኣገባባት ቃልሲ ኣንጻር ሃንድስቲ ዕልዋ ክቐንዕ ይኽእል እዩ፤ ግን ከኣ ብቕጽበት ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዕልዋ፡ ተቕባልን ሓገዝን እንተዘይረኺቡ ብሕጽረት ፖለቲካዊ ደገፍ ክብርዕን ይኽእል። ዲሞክራስያዊ ስርዓት ናይ ምህናጽ ዕድል ድማ ብኡ ንብኡ ይዕምብብ።

## ምንዳፍ ቅዋም

እቲ ሓድሽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ መቓን ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ዝቕይሰሉ ቅዋም የድልዮ። እቲ ቕዋም፡ ዕላማታት ናይ መንግስቲ የነጽር፣ ደረት ስልጣን ናይ መንግስቲ ይሕንጽጽ፣ ሰበ-ስልጣን መንግስትን ሓገግትን ዝምረጽሉ ኣገባባትን ግዜን ይስእል፣ መሰላት ናይ ህዝቢ፣ ከምኡ 'ውን ርክባት ማእከላይ መንግስትን ኣብ ትሕቲኡ ዝህልው ካልኦት ኣካላት መንግስትን ይውስን።

እቲ ማእከላይ መንግስቲ፡ ዲሞክራስያዊ ኮይኑ ክቕጽል እንተኾይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ሓጋጊ፣ ፈጻምን ፈራድን ኣካላት ንጹር ምምቕራሕ ስልጣን ክህሉ ኣለዎ። ፖለቲካዊ መስርሕ ንኸይተዓናቐፍ፡ ንጥፈታት ፖሊስ፣ ሓይልታት ጸጥታን ሰራዊትን ጽኑዕ ቀይድታት ክግበረሉ ይግባእ።

ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምዕቃብን ምልካዊ ዝንባለታት ንምምካንን ሓጋዚ ምእንቲ ክኸውን፡ እቲ ቕዋም ፌደረላዊ ስርዓት ዘፍቅድ ኮይኑ፡ ንዞባውን ዓዳውን ምምሕዳራት ድማ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ናይ ምውሳን ስልጣን ዝህብ እንተኾነ ተመራጺ እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት፡ ከም ናይ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ዞባታት ዝተኸፋፈለ ስርዓት-ምሕደራ ከም ኣብነት ክውሰድ ይክኣል። ገለ ንኣሽቱ ዞባታት፡ ክፋል ናይ'ቲ ሃገር ክነሱ፡ ሰፊሕ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎ።

ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ቅዋም ኣብ ታሪኽ ናይ'ታ ሃገር ኔሩ እንተድኣ ኾይኑ፡ ዘድሊ ምምሕያሻት ጌርካ ክትሰርሓሉ ምኽኣል ዝበለጸ እዩ። ከስርሕ ዝኽእል ጸኒሕ ቅዋም እንተዘየልዩ ድማ ብግዝያዊ ቅዋም ምስራሕ ይክኣል። እንተዘይኮይኑ ግን፡ ሓድሽ ቅዋም ምንዳፍ ከድሊ እዩ። ሓድሽ ቅዋም ንምንዳፍ ግዜን ጻዕርን ይሓትት። ካብ መስርሕ ምንዳፍ ጀሚርካ ክሳብ ምጽዳቕን ምምሕያሽን ኣብ ዘሎ ደረጃታት ህዝባዊ ተሳታፍነት ኣገዳሲ እዩ። ኣብ'ቲ ቕዋም፡ ክትግበር ዘይክእል መብጸዓታት

[15] ብዛዕባ ተቓውሞ ጸረ-ዕልዋ-መንግስቲ ብዝሰፍሐ ንምፍላጥ፡ Gene Sharp, *The Anti-Coup* (Boston, MA: The Albert Einstein Institution, 2003) ዝብል መጽሓፍ ኣንብብ።

ከምኡ 'ውን ሓያል ማእከላይ መንግስቲ ዘድልዮ ዓንቀጻት ንኽይኣቱ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፣ ክልቲኡ ሓድሽ ምልኪ ክፈጥር ስለ ዝኽእል።

## ዲሞክራስያዊ ናይ ምክልኻል ፖሊሲ

እታ ሓራ ዝወጸት ሃገር ደጋዊ ተጻብኦታት ክገጥማ ስለ ዝኽእል፡ ንዕኡ ዝምክት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክህልዋ የድሊ። ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ ወይ ወተሃደራዊ ዕብለላ ከረጋግጹ ዝደልዩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ነታ ሃገር ከስግእዋ ይኽእሉ።

ረብሓታት ውሽጣዊ ዲሞክራሲ መታን ክዕቀብ፡ መሰረታዊ መትከላት ፖለቲካዊ ኣብያ፡ ኣብ ጠለባት ሃገራዊ ምክልኻል ዕቱብ ኣቓልቦ ክረክብ ይግባእ።[16] ውልዶ ሓራ ዝወጻ ሃገራት፡ ናይ ተቓውሞ ዓቕምታተን ናብ'ቲ በርጌሳዊ ክፋል ሕብረተሰብ ከም ዝዘብል ብምግባር ንህንጸት ዓርሞሽሽ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ክቆጻጸርኦ ይኽእላ። ገዚፍ ዓቕሚ ሰራዊት፡ ንዲሞክራስያዊ ስርዓት ስግኣት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልእ መዓላ ክውዕል ንዝግብኦ ጸጋታት 'ውን የባኽኖ እዩ።

ገለ ጉጅለታት፡ ሓደስቲ መለኽቲ ኮይኖም ክዕንትሩ መታን ንቕዋማዊ መትከላት ዕሽሽ ከም ዝብልዎ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ መለኽቲ ኣብ ዝቀላቐልሉ ግዜ ንምብርዓኖም፡ ነቲ ዝተተኽለ ዲሞክራስያዊ ስርዓትን መሰላትን ድማ ንምክልኻሉ፡ ተራ ሕብረተሰብ ብመገዲ ፖለቲካዊ ኣብያን ዘይምትሕብባርን ወትሩ ኣብ ቦትኡ ክጸንሕ ኣለዎ።

## ረዚን ሓላፍነት

ዕላማ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ንምልካዊ ስርዓት ምድኻምን ምእላይን ጥራይ ዘይኮነ፡ ስልጣን ንጭቁናት ምርካብ 'ውን እዩ። እዚ ጥበብ'ዚ፡ ነቶም ንነብሶም ከም ግዳያት ዝሓስቡ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ስልጣን ጨቢጦም፡ ንዝበለጸ ሓርነትን ፍትሕን ከም ዝጽዕሩ ይገብሮም። ከም'ዚ ዝበለ ተሞክሮ ቓልሲ፡ ኣብቶም ድኹማት ዝነበሩ ሰባት ስምዒት ነብሰ-ምትእምማንን ነብሰ-ኽብርን ስለ ዘሕድር፡ ኣገዳሲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ውጽኢታት ኣለዎ።

ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ንምህናጽ ዝግበር ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ኣብ ሕብረተሰብ ነዊሕ ዝቕጽል ሓደ ቀንዲ መኽሰብ ኣለዎ። እቲ ሕብረተሰብ ህልውን መጻእን ሽግራት ናይ ምግጣም ዓቕሚ ይድልብ። ኣብ መጻኢ ዝህሉ መንግስታዊ ብልሽውናን ዓመጽ ስልጣንን፣ ናይ ዝኾነ ጉጅለ ምብስባስ፣ ቁጠባዊ ዘይምዕሩይነትን ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ዝህሉ ዓይነታዊ ዲሞክራስያዊ ጉድለታትን ክቆጻጸሮ ይኽእል። ብኣጠቓቕማ ፖለቲካዊ ኣብያ ዝተሞከረ ሕብረተሰብ፡ ብዝመጽእ ምልካዊ ስርዓታት ብቐሊሉ ኣይምብርከኽን እዩ።

ድሕሪ ሓርነት ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣፍልጦ ምህላው፡ ንዲሞክራሲ፣ ውልቃዊ ሓርነታት፣ መሰላት ውሁዳን፣ መሰል-ስልጣን ናይ ዞባውን ዓዳውን ምምሕዳራት ከምኡ 'ውን ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ንምክልኻል ዘኽእል ኣገባባት ይፈጥር። ኣብ ኣዝዮም ኣገድስቲ ጉዳያት ንዝህሉ ፍልልያት፡ ገለ ኣባላት ተቓውሞ ብደባይ ኾናት ወይ ግብረ-ሽበራ ክፈትሕዎ ምስ ዝህቅኑ፡ ሕብረተሰብ በቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሰላማዊ ኣገባባት ኣቢሉ ብትሪ ክቃወም ይኽእል።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተገሊጹ ዘሎ ሓሳባት ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኣብያን ዘይጎነጻዊ ቃልስን፡ ንኹሎም እቶም፡ ንህዝቦም ካብ ምልካዊ ጭቆና ኣናጊፎም፡ ሰብኣዊ ሓርነታት ብምኽባር፡ መነባብሮ ህዝቢ ከመሓይሽ ዝኽእል፡ ነባሪ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክተኽሉ ዝቃለሱ ህዝብታትን ጉጅለታትን ይጠቅም'ዩ ተባሂሉ እዩ።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተገሊጹ ዘሎ ሓሳባት፡ ኣብ ሰለስቲ ቐንዲ ነጥብታት ክጽሞቕ ይኽእል፦

---

[16] Gene Sharp, *Civilian-Based Defense: A Post-Military Weapons System* (Princeton, New Jersey: Princeton University Press, 1990) ዝብል መጽሓፍ ርአ።

- ሓርነት ካብ ምልካዊ ስርዓት ዝክኣል ነገር እዩ።

- ንምዕዋቱ ድማ ውሕሉል ሓሳብን ስትራተጅያዊ ውጥንን የድሊ።

- ንቕሓት፣ ጻዕርን ከቢድ መስዋእቲ ዝሓትት ድስፕሊናዊ ቓልስን ድማ ኣገድሰቲ እዮም።

እቲ ወትሩ ዝጥቀስ፦ “ሓርነት ብጥራዩ ኣይርከብን፡” ዝብል ብሂል ሓቂ እዩ። ህዝቢ ንዝደልዮ ሓርነት፡ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሓይሊ መጺኡ ክህቦ ኣይክእልን። ህዝቢ ነቲ ሓርነት’ቲ ከመይ ጌሩ ባዕሉ ክጭብጦ ከም ዝኽእል ክፈልጥ ኣለዎ። ቀሊል ግን ዘይክኸውን ይኽእል።

ህዝቢ ንሓርነቱ ዘድልዮ ነገራት ክፈልጥ እንተድኣኽኢሉ፡ መደባቱ ሓንጺጹ ክሰርሕ ይኽእል። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ድማ ናጽነቱ ይጎናጸፍ። ሓድሽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ይሃንጽ፤ ንምክልኻሉ ድማ ብንቕሓት ድሉው ይኸውን። ብኸም’ዚ ዓይነት ቃልሲ ዝጭበጥ ሓርነት ነባሪ እዩ። ንምዕቃቡ ወትሩ ድሉው ብዝኾነ ህዝቢ ድማ ተኸቢሩን ተሓፊሩን ይነብር።

# ጥብቆ

# ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ተግባር[17]

## ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ተቓውሞን ድካለን (ምእማንን)

### ወግዓዊ መግለጽታት

1. ህዝባዊ መደረታት
2. ናይ ተቓውሞ ወይ ናይ ደገፍ ደብዳበታት
3. ብውድባትን ትካላትን ዝወሃብ ኣዋጃት
4. ብህዝቢ ዝፍረም መግለጽታት
5. ናይ ግዚ ኣዋጃት
6. ብጉጅለ ወይ ብእኩብ ዝግበር ጥርዓናት

### ብዝሰፍሐ መገዲ ዝግበር መግለጽታት

7. ጭርሖታት፣ ካሪካቸርን ትእምርትታትን
8. ፖስተራት፣ ዝልጠፍ ወረቓቕትን ዝብተን መልእኽታትን
9. ፓምፈሌታት፣ ወረቓቕትን መጻሕፍትን
10. ጋዜጣታትን መጽሄታትን
11. ካሴታት፣ ረድዮን ተለቪዥንን
12. Skywriting and earthwriting (ኣብ ሰማይ፡ ብትኪ ነፈርቲ፣ ኣብ መሬት ድማ፡ ንኣብነት ኣብ ልሙዕ ሸኻ፡ ዝጸሓፍ ፍሩይ ጽሑፍ)

### ብእኩብ ዝግበር ነገራት

13. ልኡኻት ምስዳድ
14. ናይ ይምሰል ስልማት
15. ጉጅለኣዊ ጎስጓስ
16. ዕጽዋ መገዲ
17. ናይ ይምሰል ምርጫ

### ኣርማዊ (ተምሳላዊ) ህዝባዊ ተግባራት

18. ባንዴራታትን ሕብራዊ ኣርማታትን ምዝርጋሕ
19. ኣርማታት ምኽዳን
20. ጸሎትን ኣምልኾን
21. ኣርማዊ ኣቕሓታት ምስትላም
22. ዕርቃን ብምውጻእ ዝግበር ተቓውሞ
23. ናይ ገዛእ ርእስኻ ንብረት ምዕናው
24. ኣርማዊ መብራህትታት
25. ስእልታት ምዝርጋሕ
26. ቅብኣ ከም ተቓውሞ
27. ሓደስቲ ምልክታትን ኣስማትን
28. ኣርማዊ ድምጽታት
29. ኣርማዊ ጠለባት

---

[17] እዚ ዝርዝር'ዚ፡ ምስ ትርጉሙን ታሪኻዊ ኣብነታቱን፡ ካብ Gene Sharp, *The Politics of Nonviolent Action*, Part Two, *The Methods of Nonviolent Action* (Boston, MA: Porter Sargent, 1973) ዝብል መጽሓፍ እተወስደ እዩ።

30. ዘይእሩም ወስታታት

### ኣብ ልዕሊ ውልቀ-ሰባት ዝግበር ጸቕጢ

31. ንሰበ-ስልጣን “ምሽቓል”
32. ብሰበ-ስልጣን ምብጫው
33. ምትዕርራኽ
34. ምቁማት

### ድራማን ሙዚቃን

35. ብጽሑፍን ብተዋስኦን ዝቐርብ ዋዛን ዘቐራን
36. ምርኢት ድራማን ሙዚቃን
37. ምዝማር

### ዓጀባ

38. ምረሻ
39. ምርኢታዊ ሰልፊ
40. ሃይማኖታዊ ዓጀባ
41. ንግደት
42. ዓጀባ ብመኻይን

### ንምውታን ምኽባር

43. ፖለቲካዊ ሓዘን
44. ናይ ይምሰል ስርዓት-ቐብሪ
45. ወግዓዊ ስርዓት-ቀብሪ
46. ኣብ ስርዓት-ቐብሪ ዝወሃብ መግለጺ

### ህዝባዊ ባይቶታት

47. ናይ ደገፍ ወይ ተቓውሞ ዋዕላታት
48. ናይ ተቓውሞ ኣኼባ
49. ምስጢራዊ ኣኼባታት ተቓውሞ
50. ዘይወግዓዊ ኣስተምህሮታት

### ምንስሓብን ነጸግታን

51. ርሕንጠ
52. ስቕታ
53. ዝወሃበካ ስልማታት ዘይምቕባል
54. ሕቖኻ ምሃብ

## ኣገባባት ማሕበራዊ ሕንገዳ

### ንሰባት ምንጻል

55. ማሕበራዊ ትሕስምቲ
56. እተለለየ ማሕበራዊ ትሕስምቲ
57. ላይሰስትራትያዊ ቍጥብነት
58. ውገዛ
59. ዕግት

### ኣንጻር ትካላት፣ ልምድታትን ማሕበራዊ ኣጋጣምታትን ዝግበር ሕንገዳ

60. ስፖርታውን ማሕበራውን ንጥፈታት ምውንዛፍ
61. ማሕበራዊ ጉዳያት ምሕሳም
62. ኣድማ ተመሃሮ
63. ማሕበራዊ ዘይተማእዛዝነት
64. ካብ ማሕበራዊ ተቐዋማት ምንስሓብ

### ካብ ማሕበራዊ ስርዓት ምንስሓብ

65. ዓዲ-ውዒል ምኻን
66. ፍጹም ውልቃዊ ሕንገዳ
67. ህድማ ሰራሕተኛታት
68. ዑቕባ
69. ብሓባር ምጥፋእ
70. ናይ ተቓውሞ ፍልሰት (ህጅራ)

## ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ (1) ቁጠባዊ ትሕስምቲ

### ብዓደግቲ ዝፍጸም

71. ትሕስምቲ ዓደግቲ
72. ንእተሓስሙ ዓቕሑ ዘይምዕዳግ
73. ቁጡብ ኣካይዳ
74. ክራይ ዘይምኽፋል
75. ዘይምክራይ
76. ሃገር-ከደን ትሕስምቲ ዓደግቲ
77. ኣህጉራዊ ትሕስምቲ ዓደግቲ

### ብሸቃሎን ኣፍረይትን ዝፍጸም

78. ትሕስምቲ ሸቃሎ
79. ትሕስምቲ ኣፍረይቲ

### ብማእለካይ ደርቢ ዝፍጸም

80. ትሕስምቲ ኣከፋፈልትን ዓደልትን

### ብወነንትን ኣካየድቲ ስራሕን ዝፍጸም

81. ትሕስምቲ ነጋዶ
82. ንብረት ዘይምሻጥ ወይ ዘይምክራይ
83. ምርጋጥ
84. ኢንዱስትራዊ ሓገዝ ምኽላእ
85. "ሓፈሻዊ ኣድማ" ነጋዶ

### ብወነንቲ ፋይናንስያዊ ምንጭታት ዝፍጸም

86. ሕሳባት ባንክ ምስራዝ
87. ናይ ኣገልግሎት ክፍሊታት ዘይምኽፋል
88. ዕዳ ወይ ወለድ ዘይምኽፋል
89. ገንዘብን ለቓሕን ምኽላእ
90. ግብሪ ዘይምኽፋል
91. ገንዘብ መንግስቲ ዘይምኽፋል

**ብመንግስታት ዝፍጸም**

92. ዘቤታዊ እገዳ
93. ንነጋዶ ኣብ ጸሊም መዝገብ ምስፋር
94. እገዳ ኣህጉራውያን ነጋዶ
95. እገዳ ኣህጉራውያን ዓዳጎ
96. ኣህጉራዊ እገዳ ንግድ

## ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፥ (2) ኣድማ

**ትእምርታዊ ኣድማ**

97. ናይ ተቓውሞ ኣድማ
98. ቅጽበታዊ ርሕጓጠ (በርቃዊ ኣድማ)

**ሕርሻዊ ኣድማ**

99. ኣድማ ሓረስቶት
100. ኣድማ ሰራሕተኛታት ሕርሻ

**ኣድማ ብፍሉያት ጉጅለታት**

101. ኣድማ ሸቃሎ
102. ኣድማ እሱራት
103. ኣድማ ክኢላታት
104. ኣድማ ሰብ ሞያ

**ተራ ኢንዱስትራያዊ ኣድማ**

105. ኣድማ መሰረታት
106. ኢንዱስትራዊ ኣድማ
107. ተደናጋጺ ኣድማ

**ውሱን ኣድማ**

108. ዝርዝርራዊ ኣድማ
109. ደፋኢ ኣድማ
110. ገታኢ ኣድማ
111. ኣድማ ምጉታት ስራሕ
112. ሓሚመ-ጸሚመ
113. ኣድማ ብብኾራት
114. ውሱን ኣድማ
115. እተለለየ ኣድማ

**ብዝሐ-ኢንዱስትራዊ ኣድማ**

116. ኣሐፊሽካ ኣድማ
117. ሓፈሻዊ ኣድማ

**ውህድት ኣድማን ቁጠባዊ ዕጽዋን**

*118.* ሓርማል (ሓፈሻዊ ዕጽዋ)
119. ቁጠባዊ ዕጽዋ

## ኣገባባት ፖለቲካዊ ሕንገዳ

### ነጸግታ መዚ

120. ተማእዛዝነት ምንፋግ
121. ህዝባዊ ደገፍ ምኽላእ
122. ብመደረን ስነ-ጽሑፍን ተቓውሞ ምጕስጓስ

### ሕንገዳ ዜጋታት ኣንጻር መንግስቲ

123. ትሕስምቲ ሓገግቲ ኣካላት
124. ትሕስምቲ ምርጫ
125. ትሕስምቲ መንግስታዊ መዝነትን ስራሕን
126. ትሕስምቲ መንግስታዊ ክፍልታት፣ ትካላትን ኣካላትን
127. ካብ መንግስታዊ ትምህርታዊ ትካላት ምንስሓብ
128. ትሕስምቲ ብመንግስቲ ዝድገፉ ትካላት
129. ምስ ፈጸምቲ ኣካላት ዘይምድግጋፍ
130. ምልክታትን ኣርማታትን ምልጋስ
131. ንዝተመመዙ ሰባት ዘይምቕባል
132. ንዘጸንሑ ትካላት ዘይምፍራስ

### ኣማራጽታት ንምእዘዛ ዜጋታት

133. ዝሑልን ማእዳድን ምእዘዛ
134. ብንጹር ክሳብ ዘይተነገርካ ዘይምምእዛዝ
135. ህዝባዊ ዘይተማእዛዝነት
136. ጕልቡብ ምእዘዛ
137. ኣኼባ ወይ ጉጅላውነት ንኽብተን ዝወሃብ መምርሒ ዘይምትግባር
138. ምርያዕ
139. ሕንገዳ ንዕስክርናን ጥርዝያን
140. ምሕባእ፣ ምህዳምን ናይ ሓሶት መንነት ምግላጽን
141. በርጌሳዊ ዘይተማእዛዝነት “ንዘይቅቡል” ሕግታት

### ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝፍጸም

142. እተለለየ ዘይምድግጋፍ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ
143. መስመራት ሓበሬታን ትእዛዝን ምልኳኽ
144. ምዕንቃጽን ምጕታትን
145. ሓፈሻዊ ምምሕዳራዊ ሕንገዳ
146. ፍርዳዊ ሕንገዳ
147. ብፈጸምቲ ኣካላት ደይ-መደይ ኢልካ ዝግበር ናይ ምጕታትን ሕንገዳን ተግባር
148. ወተሃደራዊ ናዕቢ

### ዘቤታዊ መንግስታዊ ተግባር

149. ሓውሲ-ሕጋዊ ጕስያን ምድንጓይን
150. ሕንገዳ ብቐወምቲ መንግስታዊ ኣሃዱታት

### ኣህጉራዊ መንግስታዊ ተግባር

151. ለውጢ ኣብ ዲፕሎማስያውን ካልእን ውክልናታት
152. ዲፕሎማስያዊ ኣጋጣምታት ምድንጓይን ምስራዝን
153. ዲፕሎማስያዊ ተፈላጥነት ምንስሓብ
154. ዲፕሎማስያዊ ርክብ ምብታኽ

155. ካብ ኣህጉራዊ ውድባት ምንስሓብ
156. ኣብ ኣህጉራዊ ውድባት ኣባልነት ምኽልካል
157. ካብ ኣህጉራዊ ውድባት ምግላፍ

## ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ኢድ-ኣእታውነት

### ስነ-ኣእምሮኣዊ ኢድ-ኣእታውነት

158. ነብሰ-ምቅላዕ ንባእታታት
159. ጾም
    (ሀ) ጾም ሞራላዊ ጸቕጢ
    (ለ) ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ
    (ሐ) ሳትያግራሃዊ ጾም
160. ምግልባጥ ፍርዲ
161. ዘይጎነጻዊ ምብስባስ

### ኣካላዊ ኢድ-ኣእታውነት

162. ምርያዕ
163. ዘዘው ምባል
164. ምውጣሕ
165. ምንፍሓኸ
166. ሆጭ ምባል
167. ምጽላት
168. ዘይጎነጻዊ ተርግእ
169. ዘይጎነጻዊ ተርግእ ብኣየር
170. ዘይጎነጻዊ ህጁም
171. ዘይጎነጻዊ ኵልፈት
172. ዘይጎነጻዊ ምጕታት
173. ዘይጎነጻዊ ጎበጣ

### ማሕበራዊ ኢድ-ኣእታውነት

174. ሓደስቲ ማሕበራዊ ኣገባባት ምምስራት
175. ኣብ መሳለጥያታት ጻዕቂ ስራሕ ምፍጣር
176. ምኽናብ
177. ምልፍላፍ
178. ተዋስኦ ደባይ ኵናት
179. ኣማራጺ ማሕበራዊ ትካላት
180. ኣማራጺ ስርዓተ-ርክብ

### ቁጠባዊ ኢድ-ኣእታውነት

181. ምግልባጥ ተቓውሞ
182. ኣብ ኣድማ ምጽናሕ
183. ዘይጎነጻዊ ጎበጣ መሬት
184. ብኽርደና ዘይምጽዓድ
185. ትምየና ብፖለቲካዊ ድርኺት
186. ጎሳዩ ዕድጊ
187. ንንብረት ምምንዛዕ
188. ምጕሓፍ፣ ብሕሱር ዋጋ ምሻጥ
189. መሚኻ ምድጋፍ
190. ኣማራጺ ዕዳጋታት
191. ኣማራጺ ስርዓተ-መጎዓዝያ

192.	ኣማራጺ ቁጠባዊ ትካላት

## ፖለቲካዊ ኢድ-ኣእታውነት

193.	ኣብ ምምሕዳራዊ ስርዓታት ጻዕቂ ስራሕ ምፍጣር
194.	መንነት ምስጢራውያን ሰለይቲ ምቅላዕ
195.	ክትእሰር ምድላይ
196.	በርጌሳዊ ዘይተማእዛዝነት “ንዝሁም” ሕግታት
197.	ብዘይምትሕብባር ምስራሕ
198.	ድርብ ልኡላውነትን ተማዓዳዊ (ተካኢ) መንግስትን

# መዘኻኸሪ ብዛዕባ ምትርጓምን ምብዛሕን ናይ'ዚ ሕትመት'ዚ

ንዝርገሐ ክምችእ መታን፡ እዚ ሕትመት'ዚ ንህዝባዊ መዓላ ፍቑድ እዩ። ስለዚ፡ ዝኾነ ሰብ ብናጻ ከባዝሖን ክዝርግሖን ይኽእል።

ሰባት ከኸብርዎም ዘይግደዱ እኳ እንዘይተኾኑ፡ ደራሲ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ኣለውዎ።

- እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ዝባዝሓሉ ግዜ፡ ዝኾነ ለውጢ፡ ዝውሰኽ ይኹን ዝጎድል ነገር፡ ክግበረሉ ኣይግባእን።

- ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከባዝሕዝዎ ዝደልዩ ሰባት፡ ኣቐዲሞም ንደራሲ ምልክታ ክህቡ ይግባእ። እቲ ዝወሃብ ምልክታ ናብ'ቲ ኣብ መጀመርታ ክፋል ናይ'ዚ ሕትመት'ዚ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ (ተኽቕዋም ኣልበርት ኣይንስተይን) ክለኣኽ ይኽእል።

- እዚ ጽሑፍ'ዚ ክትርጎም እንተተደልዩ፡ መበቆላዊ ትርጉሙ ንምዕቃብ ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ። "ንዘይጎነጻዊ ቓልስን" ካልኦት ኣምራትን ብልክዕ ክገልጽ ዝኽእል ናይ ካልእ ቋንቋ ቃላት ከም'ቲ ዝድለ ዘይማዕበለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ገለ ኣገላልጻታት፡ ናብ ካልእ ቋንቋታት ንምትርጓሙ ክኸብድ ይኽእል። ሓደስቲ ኣንበብቲ ነቶም ዝተተርጎሙ ኣምራትን ቃላትን ንኽርድእዎም መታን፡ ኣብ ምትርጓሞም ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ።

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ክትርጉሙ ንዝደልዩ ውልቀ-ሰባትን ትካላትን ዝሕግዙ፡ ብተኽቕዋም ኣልበርት ኣይንስተይን ዝተዳለው፡ ኣገባብ ኣተረጓግማ ዝገልጹ መምርሒታት ኣለው። ንሳቶም ድማ፡-

- ብመጀመርያ ደረጃ ተርጓሚ ይሕረ። ሕጹያት፡ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ከምኡ 'ውን ኣብ'ቲ ንምትርጓም ዝጥቀምሉ ዘለዉ ቋንቋ ብዘለዎም ምልከት ይሕረዩ። ብዛዕባ'ዚ ዓውደ-ፍልጠት እዝን ብዛዕባ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ሰፊሮም ዘለው ኣምራትን ቃላትን ብዘለዎም ፍልጠት 'ውን ይምዘኑ።

- ገምጋሚ ድማ ብተመሳሳሊ መስርሕ ይምረጽ። ገምጋሚ፡ ነቲ ትርጉም ገምጊሙ፡ ነቐፌታን ርእይቶን ንተርጓሚ ይህብ። ብዝተኻእለ መጠን ተርጓምን ገምጋምን ንሓድሕዶም ዘይፋለጡ እንተኾኑ ዝሓሸ እዩ።

- ተርጓምን ገምጋምን ምስ ተሓርዩ፡ ተርጓሚ፡ ንመርኣዪ ዝኸውን (ቅምሶ) ክልተ፡ ሰለስተ ገጽ ካብ'ቲ ጽሑፍን ገለ ኣገደስቲ ቓላት ካብ ዝርዝር ናይ'ቶም ቀንዲ ኣምራትን ተርጕሙ የቕርብ።

- ገምጋሚ፡ ነቲ ቕምሶ ገምጊሙ፡ ርእይቶኡ ንተርጓሚ ይህብ።

- ኣብ ሞንጎ እቲ ብተርጓሚ ዝቐረበ ቅምሶን ብገምጋሚ ዝወሃብ ርእይቶን ርኡይ ፍልልይ እንተተኸሲቱ፡ ካብ ክልቲኦም ሓዲኦም ይቕየር። እዚ ዝኸውን፡ ነቲ ምትርጓም ዝመወለ ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ ብዝህቦ ፍርዲ መሰረት እዩ። እቲ ፍልልያት ንኣሽቱ እንተኾይኑ ግን፡ ብገምጋሚ ዝቐረበሉ ርእይቶ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተርጓሚ ስርሑ ይቕጽል።

- እቲ ጽሑፍ ምሉእ ብምሉእ ምስ ተተርጎመ፡ ገምጋሚ ነቲ ትርጉም ብምሉኡ ገምጊሙ፡ ንተርጓሚ ርእይቶኡ ይህብ።
- ተርጓሚ፡ ብመሰረት ገምጋሚ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ዘድሊ ምምሕያሻት ምስ ገበረ፡ እቲ ትርጉም ናይ መወዳእታ መልክዑ ይሕዝ፤ ንሕትመትን ዝርጋሐን ድማ ድልው ይኸውን።

## ብዛዕባ ደራሲ

ጅን ሻርፕ (D. Phil., Oxon)፡ ኣብ’ቲ ኣብ ቦስተን፡ ማሳቹሰት ዝርከብ ተቕዋም ኣልበርት ኣይንስተይን ዘገልግሉ ገዲም ሊቕ እዩም። ናይ ባቸለርን (B.A.) ማስተርስን (M.A.) ዲግሪታቶም ካብ ኦሃዮ ስተይት ዩኒቨርስቲ ዝተቐበሉ ክኾኑ እንከለው፡ ብፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ድማ ናይ ሊቕነት ዲግሪ (D. Phil.) ካብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርስቲ ተቐቢሎም። ካብ ማንሃታን ኮለጅ፡ ብሕጊ፡ ናይ ክብሪ ናይ ሊቕነት ዲግሪ፣ ከምኡ ‘ውን ካብ ሪቨር ኮለጅ፡ ብግብረ-ሰናያዊ ኣገልግሎት፡ ናይ ክብሪ ናይ ሊቕነት ዲግሪ ተዋሂብዎም። ኣብ ማሳቹሰት-ዳርሙት ናይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ፕሮፌሰር ኤመሪተስ ክኾኑ እንከለው፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦስሎን ዩኒቨርሲቲ ማሳቹሰት፡ ቦስተን ‘ውን ምሂሮም እዮም። ኣብ ሃርቫርድ ዩኒቨርስቲ ኣብ ዝርከብ ማእከል ኣህጉራዊ ጉዳያት ድማ ንሽባቢ ሰላሳ ዓመት ዝኸውን ብምርምር ኣገልጊሎም። ብቛንቋ እንግሊዝ ካብ ዝጸሓፍዎም መጻሕፍቲ፦ *The Politics of Nonviolent Action* (1973), *Gandhi as a Political Strategist* (1979), *Social Power and Political Freedom* (1980), *Making Europe Unconquerable* (1985) ከምኡ’ውን *Civilian-Based Defense: A Post-Military Weapons System* (1990) ዝብሉ ይርከብዎም። *Waving Nonviolent Struggle: Twentieth Century Practice and Twenty-First Century Potential* ዝርእስቱ መጽሓፍ ድማ ኣብ 2003 ክሕተም ተዳልዩ ኣሎ።